ኣክስዮን ምግብታት ሜፕል ሊፍ ብራንደን

ካብ: ጥሪ 12, 2020
ክሳዕ: ታሕሳስ 31, 2024

ናይ ፕረዚደንት መልእክቲ

ክቡር ኣባል፣

ሓደ ናይ ማሕበር ሓበራዊ ውዕል ከም ሓደ ቻርተር መሰላት እዩ። ናትኩም መሰላት ኣብቲ ስራሕ ይገልፅ፣ ይሕሉን ውሕስነት ይህብን። ክትክፈሉዎም ዝግባእ ደሞዛት፣ ክትረኽቡዎም ዝግባእ ጥቕማ ጥቕሚ ይሓትት። ናትኩም መሰል መዓርግን ክብሪን ኣብ ስራሕ ኣብ ወረቐት የስፍር።

መሰላትኩም፣ ክትረኽብዎም ዝግባእ ደሞዛትን ጥቕማ ጥቕሚን ክትፈልጡ ኣገዳሲ እዩ። በይዛኹም ነዚ ስምምዕ ብምልኡ ንምንባብ ግዜ ውሰዱ። እንድሕር ብዛዕቡኡ ዝኾኑ ሕቶታት ሃልዮምኹም፣ ንወኪል ቤት ዕዮ ናይ ስራሕ ቦታኹም ኣዛርቡ ወይ ከዓ ናብ ምሉእ ሰዓት ናይ ማሕበር ወኪልኩም ደዉሉ። ብተወሳኺ ንሳቶም፣ እንድሕር አብዚ ሰነድ ዝተገለፁ መሰላትን ጥቕማ ጥቕሚን ዘይቐርቡልኩም ዘለዉ መሲሉ እንተተሰሚዑኩም ተዛርቡዎም ሰባት እዮም።

ብቕንዕና፣

ጀፍ ትሬገር፣
ፕረዚደንት UFCW Local 832

your VOICE at work in Manitoba
LOCAL 832

ኣክስዮን ምግብታት ሜፕል ሊፍ

ሰደቓ ትሕዝቶታት

	ዓንቀፅ	ገፅ
ምምዕርራይ ቅሬታታት	22	39
ምምቕራሕ ማዕኸናት ትርሲት ንሰራሕተኛታት ብራንደን		53
ልጋባት፣ ውከሳ	30	46
ደሞዝ ሓዘን	19.08	37
መተባብዒ መደባት ብራንደን	Ltr. #6	82
ሰሌዳታት ምልክታ	24	43
ፍቓድ ዜግነት	19.11	38
እዋን ፅርየት	5.12	10
ወኪላት ቤት ዕዮ፣ ምትሕብባር ኩባንያን ማሕበርን	25	43
ለውሃታዊ ፍቓድ	19.10	38
ኣሰልጣኒ ተሻረኽቲ	13.02	24
ምንካይ ብፅሒታት ማሕበር	3	2
ስነ ስርዓት	21	38
ደብዳበታት ሓኪም	ልጋብ A-4	54
ፍቓድ ናይ ገዛ ዓመፅን ተቓፃዊን	19.12	38
ኢርጎኖሚክስ	16.14	32
ምፍራስን ምሕዳስን	34	48
ፍቓድ ሓላፍነት ስድራ ቤት	19.09	38
ፌድራላዊ መምርሒታት ስደት	33.06	48
ጣብያ ቀዳማይ ደረጃ ረዲኤት	Ltr. #5	81
መደብ ሰራሕተኛ ወፃኢ	33	47
ምብራር ሰራሕተኛ ወፃኢ	33.04	48
ሓፈሻዊ ባዓላት	11	21
ምርመራ ቅሬታ	25.05	43
ኮሚቴ ጥዕናን ውሕስነትን	16.02	29
ምትሕብባር ጥዕናን ውሕስነትን	16.13	32
ጥዕናን ውሕስነትን	16	29
ጥዕናን ድሕንነትን፣ ናይ ስኒ መደብ/ ናይ ጡረታ መደብ	ልጋብ A	51
ጥዕናን ድሕንነትን፣ ውከሳ	20	38
ናይ ስራሕ ሰዓታት	5	3
ዕዮ ወረቀት ስደት	33.01	47
ቅሬታታት ዝምልከት ሓበሬታ	22.02	39
ጉድኣት ኣብ ስራሕ	12.02	23
ምፍላጥ ወኪል	25.03	43
ቅየራ ስራሕ – ሓዱሽ ስራሕ ተኣታትዩ	ልጋብ D-2	70
ዝውውር ስራሕ ኣብ ውሽጢ ምድብ	10	20
ናይ ሓባር ፕሮጀክት ስራሕ	Ltr. #4	81
ሓበራዊ ኮሚቴ ምምሕዳር ሽቃሎ	32	47
ፍቓድ ሓላፍነት ነባሮ	19.06	36

ናይ ምድሪ ቤት ቅትላ ናይ ምግቢን ዕረፍትን እዋን	Ltr. #7	82
ካራ ምብላሕ	16.11	31
ምቕናስን ካብ ቅነሳ ደጊምካ ምፅዋዕን	8	17
ምልክታ ምቕናስ/ትርጉም	8.01	17
መቁሹሽ መራሒ ኢድ	13.01	23
መራሒ ኢድ/ኣሰልጣኒ መሻርኽቲ፣መዐገሲ ክፍሊት	26.03	44
ፍቓድ ብኩራት	19	33
ከብሒ ናውቲ	29	45
ወረቀት ፍቓድ ፅገናን ምንጪ ሓይሊን ምሕዳስ	ልጋብ B-5	57
ሓጋዚ ፅገናን መደባት ተልመዴንነትን	Ltr. #1	75
ገምጋም ደሞዝ ፅገና	ልጋብ B-6	57
ሰደቓ ግዘ ፅገና ቀዳመሰናብቲ	ልጋብ F	74
መሰላትን ተግባራትን ምምሕዳር	15	28
ፍቓድ ወሊድ/ ፍቓድ ወላዲ	19.04	34
ሰዓታት ምግቢን ዕረፍትን	5.10	7
MFCW ናይ ስኒ መደብ	ልጋብ A-2	52
MFCW ናይ ትምህርቲን ስልጠናን ማዕከን ሕድሪ፣ ውከሳ	28	45
MFCW ናይ ትምህርትን ስልጠናን ማዕከን ሕድሪ	ልጋብ C	59
ባህሪ እቲ መደራደሪ ኣሃድ	1	1
ዝተደጋገመ መጥቃዕቲ/ ኣድልዎ ኣይፍቀድን	2.04	2
መቁሹሽ ካብ ሽፍቲ ወፃኢ	13.03	24
ከይዲ ምልጣፍ ኣብ መስመር	Ltr. #3	81
ምእዘና፣ ሓዱሽ ሰራሕተኛ	25.06	44
ሕላፍ ሰዓት	6	10
ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ ሰዓታት	5.08	4
ናይ ደሞዝ ግዘ - ብቀጥታ ዲፖዚት	27	44
ስሕተታት ዝርዝር ደሞዝ	27.02	45
መደብ ጡረታ	ልጋብ A-3	52
ግላዊ ዕረፍትታት	5.11	9
ግላዊ ፍቓድ (1-4 መዓልትታት)	19.05	36
ክፍሊት መቕሹሻት	13	23
ኣመክሮኣዊ ግዘ	4	2
በቲ ኩባንያ ዝቕርብ መከላኸል ክዳን/ናውቲ	16.09	30
ብስሩዕ ዝምደብ ሕላፍ ሰዓት	6.05 2)	12
መዐገሲ ክፍሊታት	26	44
ምውጋድ ስነ ምግባራዊ ውከሳታት	21.05	39
ሕቶታት ንሕላፍ ሰዓት	6.05	11
ኣኽብሮት ዘለዎ ናይ ስራሕ ቦታ ዓንቀፅ 31	Ltr. #2	80
ኣኽብሮት ዘለዎ ናይ ስራሕ ቦታ	31	46
ሓደገኛ ስራሕ ናይ ምንፃግ መሰል	16.07	30
ስቲቫለ ውሕስነት	16.12	31
ዝተመደበ ሕላፍ ሰዓት	6.05 1)	11
ዝተመደበ ናይ ዓሰርተ ክልተ ሰዓት ሽፍቲ	ልጋብ E	72
ምደባን ምልጣፍን ናይ ስራሕ ሰደቓ ግዘ	5.09	4
ዳኛ ምምራፅ	23	41
ዕብየት	7	15

ዕብየት፣ ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት	7.07	17
ፍቓድ ወኪል ቤት ዕዮ	19.01	33
ኣድማታትን ስራሕ ምዕፃውን	17	33
ሰዓታት ግዘ	5.09(4)	6
ኣበል ናውቲ	16.10	31
ምደባ ተልመዴንነት ሞያ	ልጋብ B-2	57
ምትርጓም	33.02	47
UFCW ኣርማ ጠባቐ ፅሑፍ	2.05	2
UFCW/ማዕከን ሕድሪ ጥቕማ ጥቕሚ ኣክስዮን ምግብታት ሜፕል ሊፍ	ልጋብ A-1	51
ናይ ማሕበር ወኪል ጉብንይት ናብቲ ትካል	18	33
ቤት ዕዮ ማሕበር	2	1
ዘይተመደበ ሕላፍ ሰዓት – ካብ ሓደ (1) ሰዓት ዝበዝሕ	6.05 3)	12
ዘይተመደበ ሕላፍ ሰዓት – ሓደ (1) ሰዓት ወይ ከዓ ዝነኣሰ	6.05 4)	13
ክፍቲ ናይ ስራሕ ቦታታት/ምዳበ ሓላፍነታት	9	18
ዕረፍቲ ምምዳብ	14.08	26
ዕረፍቲ፣ ሓፈሻዊ	14.17	28
ዕረፍቲ፣ ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት	14.14	27
ዕረፍቲ ምስ ደሞዝ	14	24
ክፋላት ክወማ ደሞዝ	ልጋብ D	60
መጠን ደሞዝ	ልጋብ B-1	55
ደሞዛት፣ ውከሳ	12	23
ደሞዛት/ምደባታት	ልጋብ B	55
ክፍሊታት ምስክር	19.07	37
ሰደቓ ግዘ ስራሕ	5.09(5)	6

ዝፈርሰሉ ዕለት: ታሕሳስ 31, 2024

ውዕል ኣብ ሞንጎ:

ኣክስዮን ምግብታት ሜፕል ሊፍን., ኣብዚ ሰነድ ከም እቲ "ኩባንያ" ተባሂሉ ዝተጠቐሰ ኣብ ከተማ ብራንደን ክፍለ ሃገር ማኒቶባ ቢዝነስ ዘካይድ ኣካል መሻርኽቲ።

ማሕበር ሕቡራት ምግቢን ንግዳዊን ሰራሕተኛታትን፣ ናይ ውሽጢ ዓዲ ቁፅሪ 832, ብሕቡራት ምግብን ንግዳውን ሰራሕተኛታት ዓለምለኻዊ ማሕበር ዝተመስከረሉ፣ ኣብዚ ሰነድ ከም እቲ "ማሕበር" ተባሂሉ ዝተጠቐሰ።

ስለ ዝኾነ: እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን፣ ኣብ ሞንጎኦም ክለዓሉ ንዝኽእሉ ክርክራት ፍትሓዊን ሕውነታዊን ምምዕርራይ ዘኽእሉ መንገዲታት ንምቕራብን ከምኡ እውን ስልጠትን ዝተመሓየሹ ኣካይዳታትን ንምትብባዕን፣ ኣብ ሞንጎ እቲ ኩባንያን በዚ ውዕል ዝተሸፈኑ ሰራሕተኛታትን ስኒት ዘለዎ ዝምድና ከተባብዑ ዝኽእሉ ኩነታት ኣብ ምጥያሽን ምዕቃብን ክተሓባበሩ ይደልዩ፤

ስለዚ ሕዚ፣ እቲ ማሕበርን እቲ ኩባንያን ብሓባር ከም ዝስዕብ ይስማዕምዑ:

ዓንቀፅ 1 ባህሪ እቲ መደራደሪ ኣሃድ

1.01 እቲ ኩባንያ ንመዓላ ናይ ሓባር መዳራደሪ ንኩሎም ሰራሕተኛታት፣ናይ ምሉእ ሰዓት ይኾን ናይ ከፊል ሰዓት፣ ኣብ ከተማ ብራንደን፣ ክፍለ ሃገር ማኒቶባ ዝርከብ ትካሉ፣ ነቲ ማሕበር ከም ውልቂ ወኪል ኣፍልጦ ንምሃብ ይስማዕማዕ ብዘይካ ኣብ ስራሕ ዘለዉ ተቐፃፀርቲን እቶም ካብዚ ደረጃ ንላዕሊ ዘለዉን፣ ሰራሕተኛታት ፀጥታ፣ ናይ ቢሮን ተቐፃፀርቲ ፅሬት ሰባትን፣ ከምኡ እውን እቶም በቲ ኣዋጅ ዝተገደፉ።

ዓንቀፅ 2 ቤት ዕዮ ማሕበር

2.01 እቲ ኩባንያ ኣብ ዓንቀፅ ሓደ እዚ ውዕል ከም ዝተፀርሐ፣ ፅቡቕ ሽም ዘለዎም ኣባላት እቲ ማሕበር ጥራሕ ካብ ውሽጢ እቲ መደራደሪ ኣሃድ እናቆፀረ ክፀንሕ ይስማዕማዕ፣። እቲ ኩባንያ ኣባላት እቲ ማሕበር ዘይኮኑ ሓደሽቲ ሰራሕተኛታት ንክቐፅርን ደጊሙ ክቐፅርን ናፃ ክኾን ኣለዎ፣ ምስዚ እቶም ኣቐዲሞም ዝተጠቐሱ ዘይኣባላት፣ ከፊል እዋን ይኹን ምሉእ እዋን፣ ንኣባልነት ኣብቲ ማሕበር ብቕዓት ክኾኑ ኣለዎም ከምኡ እውን ካብ ዝተቐፀሩሉ ወይ ከዓ ደጊሞም ዝተቐፀሩሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ (10) ካላንደራዊ መዓልትታት ኣብቲ ወግዓዊ ናይ ኣባልነት መመልከቻ ቅጥዒ ከመልክቱ ከምኡ እውን ኣብ ውሽጢ ሰላሳ (30) ካላንደራዊ መዓልትታት ኣባላት ክኾኑ ኣለዎም።

2.02 እቲ ኩባንያ ንሕድሕድ ሓዱሽ ሰራሕተኛን ዳግም ዝተቐፀረ ሰራሕተኛን፣ ኣብ እዋን ምቁፃር፣ ክፍሊት ብፅሒት ማሕበርን መጀመሪ ክፍሊትን ዝምልከት ናሃቱ ወይ ከዓ ናሃታ ሓላፍነት ነቲ ሰራሕተኛ ዝገልፅ ቅጥዒ ደብዳበ ከቕርብ ይስማዕማዕ።

2.03 እቲ ኩባንያ ብቕኑዕ ኣግባብ ዝተማልአ ናይ ኣባልነት መመልከቻ ካብ ዕለት ምቁፃር ወይ ከዓ ዳግም ምቁፃር ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ (10) ካላንደራዊ መዓልትታት ናብቲ ማሕበር ብኤሌክትሮኒካዊ መንገዲ ተቐቢሉ ክልእኽ ይስማዕማዕ። እቲ ማሕበር ወፃኢ መሐተሚ መመልከቻ ኣባልነት ክኽእል ኣለዎ። እቲ መመልከቻ ኣባልነት ንዕምሪ እቲ ሓበራዊ ውዕል ክሳዕ ከገልግል እዩ።

2.04 ማንም ሰራሕተኛ ኣንፃር ሕጋዊ ንጥፈታት ማሕበር፣ ወይ ከዓ ካብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ወፃኢ ኣብ ኮሚቴ ማሕበር ግልጋሎታት ምሃብ ወይ ከዓ ጥሕሰት ዝኾኑ ደንቢታት እዚ ውዕል ናብቲ ማሕበር ምጥራዕ ክባረር ወይ ከዓ ክዳሎ የብሉን።

2.05 **<u>UFCW ኣርማ ጠባቒ ፅሑፍ</u>**

ክገብሩ ዝደልዩ ሰራሕተኛታት ሓደ (1) UFCW ኣርማ ጠባቒ ፅሑፍ ናብ ተሪር ቆቢዖም ከጣብቕ ክፍቀደሎም እዩ። እዞም ጠበቕቲ ፅሑፋት ስም እቲ ማሕበርን ኣድላይነት ዘለዎ ከባብያዊ ቁፅርን ንምልላይ ጥራሕ ክውዕሉ ኣለዎም። መጠናት እዞም ጠበቅቲ ፅሑፋት ካብ 1.2” x 2.2” ክሓልፉ የብሎምን ከምኡ እውን ዝኾነ ብኩባንያ ዝተዓደለ ወይ ከዓ መቆፃፀሪ ምልክት ክሽፍን የብሉን። እዙይ ኣብ ዝተገበረሉ እዋን፣ እቲ ጠባቒ ፅሑፍ ብትኽክል ተጣቢቕ ክፀንሕን ኣብ ፅቡቕ ኩነታት ክፀንሕን ናይቲ ሰራሕተኛ ሓላፍነት እዩ።

<u>ዓንቀፅ 3 ምንካይ ብፅሒታት ማሕበር</u>

3.01 እቲ ኩባንያ ከምዚ ዝበሉ ብፅሒታት ማሕበርን መጀመሪ ክፍሊታትን ብስሩዕን ቅኑዕን መረፃ እቲ ኣባልነት ወይ ከዓ **መረፃ እቲ ፈፃሚ ቦርድ** ማሕበር፣ **ዝኾነ ሓዲኡ ተቐባልነት ዘለዎ**፣ ካብ ደሞዛት እቶም ሰራሕተኛ ክንኪ ይስማዕማዕ። እቲ ኩባንያ ብተወሳኺ ብፅሒታት ማሕበር ብቕፅበት ካብ ደሞዝ ሓደሽቲ ወይ ከዓ ዳግም ዝተቆፀሩ ሰራሕተኛታት ናይ መጀመርታ ናይ ደሞዝ ቸክ ክንኪ ይስማዕማዕ። ኣብ እዋን ዝኾነ ወርሒ ዝተነከዩ ገንዘባት፣ ናይቲ ኩባንያ ናይ ኣርባዕተ (4) ወይ ከዓ ሓሙሽተ (5) ሰሙናት ናይ ፀብፃብ ሒሳብ ግዘ መወዳእታ ብምኽታል ኣብ ውሽጢ ዒስራ (20) ናይ ካላንደር መዓልትታት በቲ ኩባንያ ናብ ፀሓፊ ተሓዚ ገንዘብ እቲ ማሕበር ብቕጥታ ዲፖዚት ብኤሌክትሮኒካዊ መንገዲ ክለኣኹ ኣለዎም፣ ብናይ ኣርባዕተ ሰሙን ወይ ከዓ ወርሓዊ ኮምፒዩተር ኤሎክትሮኒካዊ ሰነድ ስማት፣ ማሕበራዊ ድሕንነት ቁፅርታትን ቁፅሪ ትካል ንከያ ዝተገበረሎም ሰራሕተኛታትን መጠን ሕድሕድ ንከያን ብምዕጃብ።

<u>ዓንቀፅ 4 ኣመክሮኣዊ ግዘ</u>

4.01 ሓደሽቲ ሰራሕተኛታት ንምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት ንዒስራን ክልተን (22) ሰሙናት ከምኡ እውን ንከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ንትሽዓት ሚኢትን ሰማንያን (980) ሰዓታት ኣብ ኣመክሮ ክኾኑ ኣለዎም። እቲ ኩባንያ፣ ኣብ ደስ ዝበሎም፣ ዝኾነ ኣመክሮኣዊ ሰራሕተኛ ኣብ ውሽጢ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሰ ናይ ግዘ ገደብ ከባርሩ ይኽእሉ ከምኡ እውን ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ሰራሕተኛ ነቲ ቅሬታን ዕርቂን ዓንቀፃት እዚ ውዕል ድጋፍ ክህልዎ የብሉን። ዝኾኑ ወሰኻት ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ እቲ

ኩባንያን እቲ ማሕበርን ብሓባር ዝተስማዕምዑሉ ክኾን ኣለዎ።

4.02 ኩሎም ኣመክሮኣዊ ሰራሕተኛታት ንዕምሪ ኣምክሮኣዊ ግዘኦም ስሞም ዘለዎ ጠባቂ ፅሑፍ ዝሓዘ ሰማያዊ ሀልመት ክገብሩ ይድለ።

<u>ዓንቀፅ 5 ናይ ስራሕ ሰዓታት</u>

5.01 እቲ ስሩዕ መሰረታዊ ናይ ስራሕ ሰሙን ንምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት፣ ብምምሕዳር ኣብ ዝተመደቡ ሓሙሽተ (5) ተኸታተልቲ ሽፍቲታት ሸሞንተ (8) ሰዓታት ሕድሕዶም ዝስርሑ ከምኡ እውን/ወይ ከዓ ብምምሕዳር ኣብ ዝተመደቡ ኣርባዕተ (4) ተኸታተልቲ ሽፍቲታት ዓሰርተ (10) ሰዓታት ሕድሕዶም ዝስርሑ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ኣብ ሰሙን ክኸውን ኣለዎ። እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ኣብ እዋን ሕፀረት ሓሰማ፣ ብልሽት ማሺን፣ ለበዳ፣ ካብ ቁፅፅር እቲ ኩባንያ ወፃኢ ዝኾኑ ኩነታት፣ ዳግመ ምስትኽካል መሳርሒ፣ ወይ ከዓ ኩነታት ዕዳጋ፣ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት ኣብ ሰሙን ካብ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ዝነኣሰ ክሰርሑ ከምዝኽእሉ ይስማዕምዑ።

5.02 ብዘይካ ኣብ ዓንቀፅ 5.10 ዝተጠቀሱ ናይ ምግቢን ዕረፍትን እዋናት ናይ ምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛ ሽፍቲ እቲ መዓልቲ ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ ስዓታት ዝሓቖፈ ክኸውን ኣለዎ።

5.03 ኣብ ናይ ስራሕ ሰሙን ሓሙሽተ ናይ ሸሞንተ ሰዓት ሽፍቲ ክሰርሑ ንዝተመደበሉም ምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛታት፣ ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ሓንቲ እተን ዝተመደባ ናይ ስራሕ መዓልትታት ክውዕል ከሎ ከምኡ ድማ እቲ ትካል ኣብቲ መዓልቲ ንሱ እንተተዓፀዩ፣ እቲ ሰራሕተኛ ኣብታ ሰሙን ንሳ ሳልሳን ክልተን (32) ሰዓታት ሰሪሑ ናይ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ደሞዝ ክወስድ ኣለዎ። እንድሕር ሓፈሻዊ በዓል ካብ ናይ ምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛ ዝተመደበ ናይ ስራሕ ሰሙን ዊኢሉ፣ ከምዚ ዝበለ ሰራሕተኛ ንኩሎም ኣብቲ ሰሙን ሓፈሻዊ በዓል ዝተሰርሑ ሰዓታት ከምኡ እውን ናይ ሸሞንተ (8) ሰዓታት ደሞዝ ነቲ ዝተጠቀሰ ሓፈሻዊ በዓል ክኽፈል ኣለዎ። እንድሕር ክልተ ሓፈሻዊ በዓላት ኣብ ሓደ ካላንደራዊ ሰሙን ውዒሎም፣ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ተመሳሳሊ ናይ መሰል ምሃብ ኣካይዳ ክትግበር ኣለዎ።

5.04 ኣብ ናይ ስራሕ ሰሙን ኣርባዕተ ናይ ዓሰርተ ሰዓት ሽፍቲ ክሰርሑ ንዝተመደበሉም ናይ ምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛታት፣ ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ሓንቲ እተን ዝተመደባ ናይ ስራሕ መዓልትታት ክውዕል ከሎ ከምኡ ድማ እቲ ትካል ኣብቲ መዓልቲ ንሱ እንተተዓፀዩ፣ እቲ ሰራሕተኛ ኣብታ ሰሙን ንሳ ሳልሳ (30) ሰዓታት ሰሪሑ ናይ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ደሞዝ ክወስድ ኣለዎ። እንድሕር ናይ ምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛ 10 ሰዓታት 4 መዓልቲ ሰሙን ሰሪሑ እሞ ድማ እቲ ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ናሃቱ ወይ ከዓ ናሃታ ዝተመደበ ናይ ስራሕ ሰሙን ዘይዊኢሉ፣ ንሱ ወይ ከዓ ንሳ ኣብቲ ሰሙን እቲ ሓፈሻዊ በዓል ንኩሎም ዝተሰርሑ ሰዓታትን ዝተኸፈሉን ብተወሳኺ ነቲ ሓፈሻዊ በዓል ተወሳኺ ናይ ሸሞንተ (8) ሰዓታት ደሞዝ ክወስድ ኣለዎ። ክልተ ሓፈሻዊ በዓላት ኣብ ካላንደራዊ ሰሙን ክውዕሉ ከለዉ ተመሳሳሊ ኣካይዳ ክፍፀም ኣለዎ።

ናይ 12 ሰዓት ሽፍቲ ክሰርሑ ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት ከምኡ ድማ ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ዝተመደበ ናይ ስራሕ መዓልቲ ክውዕል እንከሎ፣ እቲ ትካል ከዓ ኣብቲ ዝተጠቀሰ መዓልቲ እንተተዓፀዩ፣ እቲ ሰራሕተኛ ናሃቱ ወይ ከዓ ናሃታ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብ 12 ሰዓታት ተነክዩ ኣብ መዓልቲ እቲ ሓፈሻዊ በዓል ን 12 ሰዓታት ክኽፈል ኣለዎ። እንድሕር ናይ ምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛ 12 ሰዓት ሽፍቲ ዝሰርሕ ኮይኑ እሞ እቲ ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ዝተመደበ ናይ ስራሕ መዓልቲ ዘይዊኢሉ፣ ንሱ ወይ ንሳ ብተወሳኺ ነቲ ኣብቲ ሰሙን እቲ ሓፈሻዊ በዓል ዝተሰርሑ ሰዓታትን ዝተኸፈሉን፣ተወሳኺ ናይ 12 ሰዓታት ደሞዝ ነቲ ሓፈሻዊ በዓል ክወስድ ኣለዎ። ክልተ ሓፈሻዊ በዓላት ኣብ ካላንደራዊ ሰሙን ክውዕሉ ከለዉ ተመሳሳሊ ኣካይዳ ክፍፀም ኣለዎ።

5.05 ኩሎም ሰራሕተኛታታ ኣብ ሞንጎ ዝተመደቡ ሽፍቲታት እንተንኣሰ ናይ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓታት ዕረፍቲ ክህልዎም ኣለዎ፣ ብዘይካ ኣብ ህፁፅ እዋን ወይ ከዓ ኣብ ሞንጎ እቲ ኩባንያን እቶም ሰራሕተኛታትን ብሓባር ዝስማዕምዑሉ ዘይኮይኑ። ህፁፅ እዋን ከም ዝኾነ ትፅቢት ዘይተገበረሉ ብኩራት ሰራሕተኛታት ብምኽንያት ሕማም፣ ሓደጋ፣ መካኒካዊ ብልሽት፣ ወይ ከዓ ካብ ቁፅፅር እቲ ኩባንያ ወፃኢ ዝኾኑ ኩነታት ክግለፅ ኣለዎ።

5.06 እቲ ኩባንያ ነቶም ሰራሕተኛታት ምስ ናይ ሽሞንተ ሰዓት ሓሙሽተ መዓልቲ ሰሙን ወይ ከዓ ዓሰርተ ሰዓት ኣርባዕተ መዓልቲ ናይ ስራሕ ሰሙን ተቓዳዊ ዝኾነ ክልተ (2) ተኸታተልቲ መዓልትታት ኣብ ሰሙን ወይ ከዓ ሰለስተ (3) ተኸታተልቲ መዓልትታት ኣብ ሰሙን ዕረፍቲ ክህቦም ኣለዎ። እዚ ዓንቀፅ እቲ ሰራሕተኛ ተወሳኺ ናይ ሕላፍ ሰዓት ሽፍቲ ኣብ ስራሕ ዘይብሉ መዓልቲ ኣብ ዝሰርሕሎም ሰሙናት ክትግበር ኣይኽእልን።

5.07 እቲ ኩባንያ ንምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛታት እንተንኣሰ ሓደ ሰሙን ኣቐዲሙ፣ ወይ ከዓ ኣብ ምጅማር ስራሕ፣ ናይ ሽሞንተ ሰዓት ሓሙሽተ መዓልቲ ናይ ስራሕ ሰሙን ወይ ከዓ ናይ ዓሰረት ሰዓት ኣርባዕተ መዓልቲ ናይ ስራሕ ሰሙን ከም ዝሰርሑ ከፍልጥ ይስማዕማዕ። ናይቲ ኩባንያ ኣሰራርሓ ናይ ሽውዓተ መዓልቲ ናይ ስራሕ ሰሙን ኣሰራርሓ ክኸውን ኣለዎ፣ ካብ ሰንበት ክሳዕ ቀዳም ብምክታት። ኣብ ናይ ዒስራን ኣርባዕትርን (24) ሰዓት ናይ ስራሕ መዓልቲ፣ ናይ ቀትሪ ሽፍቲ፣ ናይ ድሕሪ ሰዓት ሽፍቲ፣ ወይ ከዓ ናይ ለይቲ ሽፍቲ ተባሂሎም ዝስየሙ ሰለስተ (3) ሽፍቲታት ክህልዉ እዮም።

5.08 **<u>ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ ሰዓታት</u>**

እቲ ኩባንያ ክሳብ ዒስራ (20%) ሚኢታዊ እቲ ናይ ስራሕ ሓይሊ ከም ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ክቐፅር ይኽእል። ስልሒት እቲ ሚኢታዊ በቢ ኣርባዕተ (4) ካላንደራዊ ሰሙናት ክግበር ኣለዎ ከምኡ እውን ብመሰረት ኣብቲ መደራደሪ ኣሃድ ሕድሕድ ኩሉ ሰሙን ዘለዉ ጠቕላላ በዝሒ ሰራሕተኛታት ክኸውን ኣለዎ። እንድሕር ኣብ ዝኾነ ሓደ ሰሙን ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ሚኢታዊ ካብ ዒስራ (20%) ሚኢታዊ ሓሊፉ፣ ካብቲ ዒስራ ሚኢታዊ ሕልፊ ዝኾኑ ቁፅሪ ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ነቲ ዝለዓለ ዘይኪኢላ ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛ ንኹሎም በቲ ዝተጠቀሰ ሰራሕተኛ ዝተሰርሑ ሰዓታት ናይ ምሉእ ሰዓት ናይ ዘይኪኢላ ሰዓታዊ ደሞዝ መጠን ንምኽፋል ዝውዕል ቁፅሪ ክኸውን ኣለዎ። (እዙይ ማለት እንድሕር እቲ ኩባንያ ኣብቲ መደራደሪ ኣሃድ 1,000 ሰራሕተኛታትት ሃልዮምዎ እሞ ድማ ኣብ ሓደ ሰሙን 210 ሰራሕተኛታት ናይ ከፊል እዋን ነይሮም፣ እቶም ዝለዓሉ ዘይኪኢላ ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት እቶም ዓሰርተ ዝለዓሉ ሰራሕተኛታት ኣብ ዝኾነ ሰሙን ንዝሰርሑዎም በዝሒ ሰዓታት ናይቲ ናይ ምሉእ ሰዓት ዘይኪኢላ ናይ ደሞዝ መጠን ክወስዱ እዮም።)

ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ኣብ ሰሙን ካብ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ዝነኣሰ ክሰርሑ ክምደቡ ይኽእሉ እዮም፣ ኮይኑ ግና ክምደቡ ከለዉ ወይ ከዓ ናብ ስራሕ ክኣትዉ ክፅውዑ ከለዉብ ኣብ ዝኾነ ሽፍቲ ካብ ኣርባዕተ (4) ሰዓት ዝነኣሰ ክሰርሑ ኣይምደቡን።

5.09 **<u>ምደባን ምልጣፍን ናይ ስራሕ ሰደቓ ግዘ</u>**

(1) ምደባ በቲ ኩባንያ፣ ንምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛታት ብምድብ ኣብ ውሽጢ ሕድሕድ ክፍሊን ብዕብየትን ፣ ንከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ከዓ ብክፍሊን ብዕብየትን ክግበር ኣለዎ። ክልቲኦም ምሉእ እዋንን ከፊል እዋንን ኣብ ላዕሊ ከምዝተጠቀሰ ክምደቡ ኣለዎም፣ እንተደኣ እቲ ሰራሕተኛ ልሙድ ተግባራት እቲ ስራሕ ናይ ምፍፃም ክእለት ሃልዩዎ።

እቲ ትካል ናብዞም ዝስዕቡ ክፍልታት ክከፋፈል ኣለዎ፡

1. Hog Receiving
2. Front End Kill AM
3. Front End Kill PM
4. Dressing Floor AM
5. Dressing Floor PM
6. Casings Room AM
7. Casings Room PM
8. Stomach & Chits AM
9. Stomach & Chits PM
10. Lard, Mucosa and Inedible AM
11. Lard, Mucosa and Inedible PM
12. Lard, Mucosa and Inedible Nights
13. By-Products AM
14. By-Products PM
15. Dry Goods, Receiving, Janitorial, Plant Services AM
16. Dry Goods, Receiving, Janitorial PM
17. Laundry AM
18. Laundry PM
19. Laundry Nights
20. **Conversion**, MEP, MSP, Roll Stock, Pork Chop AM
21. Conversion, MEP, MSP, Roll Stock, Pork Chop PM
22. Cryovac AM
23. Cryovac PM
24. Block Table AM
25. Block Table PM
26. Picnic Line AM
27. Picnic Line PM
28. Butt Line AM
29. Butt Line PM
30. Loin Line AM
31. Loin Line PM
32. Belly Line AM
33. Belly Line PM
34. Pack, Box Room, Dumpers AM
35. Pack, Box Room, Dumpers PM
36. Rails AM
37. Rails PM
38. Shipping AM
39. Shipping PM
40. Shipping Nights
41. Sanitation Cut
42. Sanitation Kill
43. Sanitation Overheads
44. Sanitation Weekend
45. Freezer, Chill Room AM
46. Freezer, Chill Room PM
47. Freezer Nights
48. Research & Development
49. Cafeteria AM
50. Cafeteria PM
51. Maintenance
52. Powerhouse/ Wastewater

እቲ ኩባንያ ኣብ ዕድመ እዚ ናይ ሓባር መደራደሪ ውዕል ንሕጋዊ ቢዝነሳት ተወሰኽቲ ክፍልታት ናይ ምፍጣር ክእለት ኣለዎ፣ እንተደኣ ቅድሚ ነቲ ሓዱሽ ክፍሊ ምምስራቱ ካብ ሰላሳ (30) ካለንደራዊ መዓልትታት ኣብ ዘይነኣሰ መጠናዊ ግዘ ብዛዕባ መደቡ ነቲ ማሕበር ኣፍሊጡዎ። እቲ ገምጋሚ ስራሕ ኮሚቴ ምደባ ስራሕቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ክፍሊ ንምፅዳቕ ክእከብ እዩ ከምኡ ድማ ቅድሚ እቲ ክፍሊ ስራሕ ምጅማሩ ኩሎም ስራሕቲ በቲ ከይዲ ምልጣፍ ስራሕ ክዕደሉ እዮም።

(2) እቲ ኩባንያ ንኩሎም ሰራሕተኛታት፣ ምሉእ እውን ዝሰርሑ ይኹን ከፊል እዋን ዝሰርሑ፣ ካብ ሓሙስ ሕድሕድ ሰሙን ዘይሓለፈ ነቲ ዝስዕብ ሰሙን ሓፈሻዊ ናይ ስራሕ ሰደቃ ግዘ ብክፍሊ ኣብቲ ዋና መእተዊ ኣዳራሽ ክልጥፍ ኣለዎ። እንድሕር እቲ ሰደቃ ግዘ ሓሙስ 6:00p.m ዘይተለጢፉ፣ እቲ ተለጢፉ ዝፀንሐ ሰደቃ ግዘ ነቲ ዝስዕብ ሰሙን ክትግበር ኣለዎ። እቲ ኩባንያ ቅድሚ ሕዚ ንክሰርሑ ዘይተመደቡ ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ናይ ምፅዋዕ መሰል ኣለዎ እንተደኣ በቲ ቢዝነስ ተደልዩ።

(3) ናይ ሰራሕተኛታት ሰደቃ ግዘ ኣብ እዋን ከም ማዕበል በረድ፣ ውሕጅ፣ ብልሽት ማሽን፣ ወይ ከዓ ካልኦት ተፈጥሮ ዘውደቆም ኩነታት ዝበሉ ህፁፅ ሓደጋታት ብዘይ ምልክታ ክቕየር ይኽእል። ኣብ ኩሎም ካልኦት ጉዳያት፣ ብዘይካ ሓበራዊ ስምምዕ ኣብ ሞንጎ እቲ ኩባንያን እቲ ሰራሕተኛን፣ እንተነኣሰ ናይ ኣርባዓን ሸሞንተን (48) ሰዓታት ናይ ለውጢ ምልክታ ክወሃብ ኣለዎ፣ ወይ ከዓ ኣብ ክንዲ ምልክታ ናይ ኣርባዕተ (4) ሰዓት ተወሳኺ መሃያ፣ ብናይ ስሩዕ ግዘ መጠን ክወሃብ ኣለዎ።

(4) **<u>ሰዓታት ግዘ</u>**

እቲ ኩባንያ ሰራሕተኛታት ንግልጋሎት ዝርዝር ደሞዝ ናይ ዓርሶም ግዘ ንክምዝግቡ ንምኽኣል ናይ መንድቕ ሰዓታትን ሰዓታት ግዘን ከቕርብ ኣለዎ። ሰራሕተኛታት ስራሕ ኣብ ዝጀመሩሉን ዝወድኡሉን ግዘ ከምኡ እውን ናይ ምግቢ እዋን ኣብ ዝጀመሩሉን ዝተመለሱሉን ግዘ ከምኡ እውን በቲ ኩባንያ ክድለዩ ዝኽእሉ ከምኡ ዝኣመሰሉ ካልኦት መዝገባትን ናይ ዓርሶም ግዘ ክምዝግቡ ኣለዎም። ኩለን ሰዓታት ግዘ ክስማምዓ እየን።

(5) **<u>ሰደቓ ግዘ ስራሕ</u>**

እቲ ናይ ስራሕ ሰደቃ ግዘ ዝዘዋወሩ ሽፍቲታት ዘይኮነስ ስሩዕ ድልዱል ሽፍቲታት ዝሓዘ ክኸውን አለዎ ብዘይካ ንፅገና ኣብ ታሕቲ ከም ዝተጠቀሰ። ዝቀያየሩ ሽፍቲታት ብሓበራዊ ስምምዕ ጥራሕ ክትግበሩ ኣለዎም፣ እዚ ስምምዕ ቅኑዕ ብዘይ ኮነ መንገዲ ክሕባእ የብሉን፣ ክልቲኦም ወገናት ንኣገዳስነት ምዕቃብ ብቕዓት እቲ ትካልን ምርግጋፅ ድሕንነት ሰራሕተኛታትን ኣፍልጦ ክህቡ ኣለዎም።

(6) ናይ ፅገና ሰራሕተኛታት ኣብ ሓደ እዞም ዝስዕቡ ሽፍቲታት ክምደቡ እዮም:

ዘይዘዋወሩ ቀትሪታት – (ሶኑይ ክሳዕ ዓርቢ)
ሶኑይ ክሳዕ ዓርቢ - ዝዘዋወሩ ቀጥርታትን ድሕሪ ሰዓታትን
ለይቲታት መዓልቲ ስራሕ (ሶኑይ ክሳዕ ዓርቢ - ወይ ከዓ ሰንበት ክሳዕ ሓሙስ)
ሽፍቲ መዓልቲ ስራሕ – ኣብ ሞንጎ ሓሙስን ረቡዕን ዝምደብ

ዝኾነ ለውጢ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ሽፍቲታት ዝኾነ ለውጢ ቅድሚ ኣብ ስራሕ

ምውዓሉ ናብቲ ማሕበር ክመሓላለፍ እዩ። ስምምዕ ብዝተገበረሉ ናይ ሕላፍ ሰዓት ከይዲ ወይ ከዓ ብሓበራዊ ስምምዕ እንተዘይተሓቲቱ እዞም ሰራሕተኛታት ተፃረርቲ ሰራሕተኛታት ክሽፍኑ ኣይምደቡን። ኣብ እዋን ሕማም ወይ ከዓ ዕረፍቲ ሰራሕተኛታት ንሓፂር እዋን ግዝያዊ መተካእታ ናይ ተፃረርቲ ሰራሕተኛታት ክፍቲ ቦታ ክሽፍኑ ክሕተቱ (ብዕብየት) ይኽእሉ። ኣብ እዋን ሕፀረት ሰራሕተኛታት፣ ሰራሕተኛታት ብዝተኻፈለ መሰረት ንሓፂር እዋን ግዝያዊ መተካእታ ሽፋን ክገብሩ ክሕተቱ ይኽእሉ።

ናይ ፀገና ሰራሕተኛ ብግዝያዊ መልክዕ ናብ ካሊእ ቦታ አብ ውሽጢ እቲ ክፍሊ ፀገና ምምዳብ ከድሊ እንከሎ፣ እቶም ሰራሕተኛታት ብተርታ ዕብየት ክሕተቱ እዮም ፍቓደኛታት እንተዘይሃልዮም ከዓ፣ ሰራሕተኛታት ብኣንፃር ተርታ ዕብየት ክምደቡ እዮም። እቲ ኩባንያ ሓደ ናይ ፀገና ሰራሕተኛ ክፍቲ ቦታ ንክትክእ ትፀቢት ዝግበረሉ ንውሓት ግዜ ከለሊ እዩ።

ሰደቓ ግዜ ተፈፃምነት ንዘለዎም ምልውዋጣት ንሓሙሽተ (5) ሰሙን እዋን ኣብ ወርሒ ሓደ ግዜ ክልጠፍ እዩ። ዝኾነ ለውጢ ሰደቃ ግዜ ወይ ከዓ ምውሳኽ ምልውዋጥ ንመጀመርታ እቲ ቀፃሊ ናይ ስራሕ ሰሙን እንተነኣሰ ብናይ ኣርባዓን ሸሞንተን (48) ሰዓታት ምልክታ ክልጠፍ እዩ።

ብድሕሪ ምፅዳቕ እዚ ውዕል፣ ሓደሽቲ ቁፃራት ኣብቲ ክፍሊ ፀገና ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓት ናይ ቀዳመ ሰናብቲ ሽፍቲ ክሰርሑ ይኽእሉ። ናይ ሕዚ እዋን ናይ ፀገና ሰራሕተኛታት ብሓበራዊ ስምምዕ እቲ ኩባንያን እቲ ሰራሕተኛን ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓት ናይ ቀዳመ ሰናብቲ ሽፍቲ ክሰርሑ ክምደቡ ይኽእሉ።

ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓት ናይ ቀዳመ ሰናብቲ ሽፍቲ ዝሰርሑ ናይ ፀገና ሰራሕተኛታት ብልጋብ F እዚ ውዕል ክሽፈኑ እዮም።

(7) ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ እዋን ሓደጋ ብምምሕዳር ናብ ስራሕ ኣብ ዝተፀወዐሉ ኣጋጣሚ፣ እቲ ሰራሕተኛ እንተንኣሰ ሰለስተ (3) ሰዓታት ኣብ ሓደ ግዜ ከምኡ እውን ሓደን ፍርቂን (1½) ንሕድሕድ ፃውዒት ክካሓስ እዩ። እዙይ ከምዚ እንከሎ፣ ኣብ ፃውዒት ዝተሰርሐ ዝኾነ ግዜ ካብ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ኣብ ሰሙን ሕልፊ ንዝተሰርሑ ሰዓታት ሕላፍ ሰዓት ንምስላሕ ኣይውዕልን።

(8) እንድሕር ሕማቕ ኩነታት ኣየር ተፈጢሩ፣ መሰጋገሪ ብራንደን ንከይሰርሕ ዝገብር ወይ ከዓ ናብቲ ትካል እንተደንጉዩ፣ ወይ ከዓ ሰራሕተኛ ናብ ስራሕ ንከይመፅእ ወይ ከዓ ንክዱንጉይ ዝገብር ምዕፃው ፀርግያታት (ብክፍሊ ኣውራጎደና፣ RCMP፣ ግልጋሎት ፖሊስ ብራንደን) ካብ ከተማ ብራንደን ወፃኢ ሃልዩ፣ እቲ ሰራሕተኛ ንዝኾነ ስነ ምግባራዊ ስጉምቲ ኣይሳጣሕን፣ ከምኡ እውን እቲ ብኩራት ከም ዝተመሓረ ይሕሰብ፣ ንኩሎም ግልጋሎታት ናይ ህላወ ቦነስ ብምምላእ።

5.10 **<u>ሰዓታት ምግብን ዕረፍትን</u>**

እቶም ዕረፍትታት ከም ድልየታት እቲ ቢዝነስ ከምዝፈላለዩ ርዱእ እዩ።

(1) መዓልታዊ ሽፍቲ ኣርባዕተ (4) ሰዓታት ከምኡ እውን ክሳብ ሓሙሽተ (5) ሰዓታት ብምክታት ሓደ (1) ናይ ዕረፍቲ እዋን ምስ ደሞዝ ክህልዎ ኣለዎ።

(2) ሓደ ካብ ሓሙሽተ (5) ሰዓታት ዝበዝሕ ግን ካብ ሸውዓተ (7) ሰዓታት ዝነኣሰ መዓልታዊ ሽፍቲ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ፣ ሓደ (1) ናይ ዕረፍቲ ሰዓት ምስ ደሞዝ ከምኡ እውን ሓደ (1) ናይ ሰላሳ (30) ደቒቓ ናይ ምግቢ እዋን ብዘይ ደሞዝ ክህልዎ ኣለዎ።

(3) ሓደ ካብ ሸውዓተ (7) ሰዓታት ንላዕሊን ክሳብ ሸሞንተ (8) ሰዓታትን መዓልታዊ ሽፍቲ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ ሓደ (1) ናይ ሰላሳ (30) ደቒቓ ናይ ምግቢ እዋን ብዘይ ደሞዝ ከምኡ እውን ኣብ ውሽጢ ሰላሳ (30) ደቒቓ ቅድሚን ክሳብ ሰላሳ (30) ደቒቓ ድሕሪ ማእኸል ሕድሕድ እዋን ቅድምን ድሕርን ምግቢ ዝምደቡ ክልተ (2) ናይ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ደቒቓ ናይ ዕረፍቲ እዋናት ምስ ደሞዝ ክህልዎ ኣለዎ።

(4) ናይ ዓሰርተ (10) ሰዓት ሽፍቲ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ሓደ (1) ናይ ሰላሳ (30) ደቒቓ ናይ ምግቢ እዋን ብዘይ ደሞዝ ከምኡ እውን ክልተ (2) ናይ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ደቒቓ ናይ ዕረፍቲ እዋናት ምስ ደሞዝ፣ ከምኡ እውን ሓደ ተወሳኺ ናይ ዓሰርተ (10) ደቒቓ ናይ ዕረፍቲ እዋን ምስ ደሞዝ ክህልዎ ኣለዎ። (እቲ ዝተጠቀሰ ናይ 10 ደቂቃ ዕረፍቲ ናይ መጨርሽታ ዕረፍቲ እቲ መዓልቲ ክኾን ኣለዎ።)

(5) ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ናይ ምግብን ዕረፍትን ሰዓታት ብምምሕዳር ክምደቡ ኣለዎም። ናይ ዕረፍቲ ሰዓታት ምስ ደሞዝ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ (30) ደቓይቕ ቅድምን ክሳብ ሰላሳ ደቓይቕ ድሕሪ ማእኸል ሕድሕድ እዋን ቅድምን ድሕርን ምግቢ ክኾን ኣለዎ። ሸውዓተ (7) ሰዓትን ልዕሊኡን መዓልታዊ ሽፍቲ ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ናይ ምግቢ እዋን ድሕሪ ምጅማር ናይቲ ስራሕተኛ ሽፍቲ ካብ ሰለስተ (3) ሰዓታት ቐዲሙ ወይ ከዓ ካብ ሓሙሽተ (5) ሰዓታት ድሒሩ ክጅምር የብሉን።

(6) እንድሕር ሓደ ሰራሕተኛ ቅድሚ ወይ ከዓ ድሕሪ ምውዳእ ናይ ሸሞንተ (8) ሸዓት ሽፍቲ ወይ ከዓ ናይ ዓሰርተ (10) ሰዓት ሽፍቲ ሕላፍ ሰዓት ክሰርሕ እንተተደልዩ፣ ከምኡ እውን እቲ ኩባንያ ናይ ምግቢ እዋን ብዘይ ደሞዝ ዘይምድብ እንተደኣ ኮይኑ፣ እቲ ሰራሕተኛ ካብ ምውዳእ እቲ ናይ መጀመርያ ሽፍቲ ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ሰዓት ናይ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ደቒቓ ናይ ዕረፍቲ እዋን ይምደበሉ፣ እቲ ሕላፍ ሰዓት ክልተ (2) ሰዓትን ልዕሊኡን እንተደኣ ኮይኑ። ዕረፍትታት ድሕሪ ሕድሕድ ኣብ ናይ ሕላፍ ሰዓት ሽፍቲ ዝተሰርሑ ሰለስተ (3) ሰዓታት ዘይሓለፈ ክወሃቡ እዮም።

(7) እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን በቲ ኩባንያ ዝተመደበ ናይ ዕረፍቲ ሰዓት ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ደቂቃ፣ ከምኡ እውን ኣብ ናይ ዓሰርተ ሰዓት ሽፍቲ ዓሰርተ (10) ደቂቃ ነታ ናይ መወዳእታ ናይ ዕረፍቲ እዋን፣ ዘይተቋረፀ ዕምሪ ክኸውን

ይስማዕምዑ። እንድሕር ናይ ዕረፍቲ እዋን ክዋሃብ ዘይኪሉ፣ እቲ ሰራሕተኛ ተፈፃምነት ብዘለዎ ናይ ሕላፍ ሰዓት መጠን ተወሳኺ ናይ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ደቓይቕ ይኽፈል።

(8) ናይ ፅገና ናይ ዕረፍትን ናይ ምግብን እዋናት ኣብ ዙርያ ምምራት ኩል ግዘ ኣብቲ ምድሪ ቤት ናይ ፅገና ሽፋን ከምዘሎ ብምርግጋፅ እዮም ዝውሰዱ። ዕረፍትታትን ምሳሕን ካብ መራሒ ኢድ ወይ ከዓ ተቆፃፃሪ ብሬድዮ መራኸቢ ፍቓድ ብምሕታት ዓርስኻ ይውሰዱ። እንድሕር ናይ ዕረፍቲ ወይ ከዓ ምግቢ እዋን በቲ ኩባንያ፣ ንግልጋሎታት ህዉፅ ብልሽት ተቋሪፁ፣ እቲ ኩባንያ ነቲ ዕረፍቲ ደጊሙ ናይ ምምዳብ ወይ ከዓ ነቲ ዝጠፈአ ናይ ዕረፍቲ ግዘ ምኽሓስ ኣማራፂታት ኣለዉዎ። እቲ ኩባንያ ንዋጋ ትኩስ ምግቢ፣ እንድሕር ተኣዚዙ ነይሩ ግን ከዓ ዘይተወደአ ነይሩ፣ ናይ ምግቢ ቅብሊት ነቲ ሰራሕተኛ ከቕርብ እዩ።

(9) ኣብ ትሕቲ እዞም ዝስዕቡ ኩነታት ናይ ምግቢን ዕረፍትን ሰዓታት ካብቲ ናይ ሰላሳ (30) ደቒቓ መቓን ግዘ ወፃኢ ክመዓራረዩ ከም ዝኽእሉ ርዱእ እዩ፡

a) ናይ ሓደ (1) ሰዓት ወይ ልዕሊኡ ብልሽት፤

b) ሕፅረት ሓሰማታት፤

c) ካብ ቁፅፅር እቲ ኩባንያ ወፃኢ ዝኾኑ ከም ውሕጅ፣ ባርዕ፣ ወዘተ ዛአመሰሉ ድገኛ ሓደጋታት፣

ረፍትታት ኣብ ላዕሊ ንዝተጠቀሱ ምኽንያታት ካብቲ ናይ ሰላሳ (30) ደቒቓ መቓን ግዘ ወፃኢ በ ዝተመዓራረዩሉ ኣጋጣሚ፣ እቲ ኩባንያ ብዛዕባ እቲ ዝተመሓየሸ ናይ ዕረፍቲ ግዘን እቲ ውጢ ዘድለየሉ ምኽንያትን ነቲ ኣብቲ ህንፃ ዘሎ ቀንዲ ወኪል ወይ ከዓ ሓጋዚ ቀንዲ ወኪል ፍልጥ እዩ። እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሰ መቓን ግዘ ወፃኢ ዘሎ ልልይ ክቆፃፀሩ እዮም ኣብ ዝተኸኣለ ድማ ነቲ ፍልልይ ንምቕናስ ስጉምቲ ይወስዱ።

5.11 **<u>ግላዊ ዕረፍቲታት</u>**

(a) እቲ ማሕበር ብዘይካ ኣብ ጉዳይ ግላዊ ዘገድድ ኩነት፣ ሰራሕተኛታት ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ተወሳኺ ናይ ዕረፍቲ ግዘ ክሓቱ ከም ዘይብሎም ይስማዕማዕ። እቲ ማሕበር ናይ ዕረፍቲ እዋናት ብዘይ ግቡእ ክዝውተሩ ከም ዘይብሎም ይስማዕማዕ።

(b) ሰራሕተኛታት ብውፅኢት ኣጠቃቅማ በቲ ኩባንያ ንግላዊ ዕረፍትታት ዝተወሃበ ግዘ ክቕፅዑን ክባረሩን የብሎምን። ነገር ግን ከም ከልካሊ ሕልፊ ኣጠቓቕማ እዞም ዝስዕቡ ስጉምቲታት ክትግበሩ እዮም፡

(i) ሰራሕተኛታት ኣብ ሕድሕድ ዕረፍቲ ዘሕለፉዎ ግዜ ካብ ሰሙናዊ ዝሰርሑዎም ሰዓታት ክንከ እዩ።

(ii) ሰራሕተኛታት ብናይ ሕክምና ሰነድ ብዙሕ ናይ ክፍሊ ንፅህና ምጥቃም ዘድልዮ ኩነት ከም ዘሎ ንዝደገፈሉ ምኽንያት ንምጥቃም ክፍሊ ንፅህና ግዜ ኣይንከየሎምን።

(c) እቲ ማሕበር ግላዊ ዕረፍትታት ብዘይግቡእ ንዘዘውትሩ ሰራሕተኛታት ንምእላይ ምስቲ ኩባንያ ክሰርሕ ይስማዕማዕ።

5.12 **<u>እዋን ፅርየት</u>**

ሰራሕተኛታት ሽፍቶም ቅድሚ ምውዱኡ እኹል ናይ ፅርየት እዋን ምስ ደሞዝ ክፍቀደሎም እዩ፣ ነቶም HACCP ትፅቢታት እቲ ኩባንያ ንምምላእ። ሰራሕተኛታት ቅድሚ ናይ መንገዲ ክዳውንቶም ቅድሚ ምቕያሮም ናይ ግዜ ካርዶም ክፀቕጡ ኣለዎም። እቶም ሰራሕተኛታት ክሰርሑ ተደልዮም ብምንባሮም ካብቲ መወዳእታ እቲ ስሩዕ ሽፍቲ ዝሓልፍ ዝተመደበ ናይ ፅርየት እዋን፣ ንሕድሕድ ካብቲ ዝተመደበ ናይ ሽፍቶም መወዳእታ ዝሓልፍ ምሉእ ደቒቓ ብናይ ግዜ መጠንን ሓደ ፍርቂ (1½) ናይቲ ሰራሕተኛ ስሩዕ መጠንን ክኽፈል እዩ።

5.13 ሕድሕድ ሰራሕተኛ እንድሕር ንሱ ወይ ከዓ ንሳ ንዝኾነ ምኽንያት ክቦክር ኮይኑ፣ ምኽንያት ነቲ ብኩራትን ንውሓት እቲ ብኩራትን ብምምልካት ቅድሚ ሓደ ፍርቂ ሰዓት ናሃቱ ወይ ከዓ ናሃታ ዝተመደበ ናይ ስራሕ ሰዓት ምጅማሩ ነቲ ኩባንያ ከፍልጥ ኣለዎ። እቲ ኩባንያ እቲ ደወል ቅቡል ከምዝተገበረ መረጋገፂ ዝህብ ውሱን ናይ ሕማም መደወሊ ቁፅሪ ክህልዎ ኣለዎ። ኩሎም ናይ ደወል መዝገበት እቲ ናይ ቦነስ ደሞዝ እዋን ክሳብ ዝሓልፍ ክቕመጡ እዮም።

<u>ዓንቀፅ 6 ሕላፍ ሰዓት</u>

6.01 ሰራሕተኛታት ካብቲ ስሩዕ መዓልታዊ ሽፍቲ ሸሞንተ (8) ሰዓታት ኣብ መዓልቲ፣ ወይ ከዓ ዓሰርተ (10) ሰዓታት ኣብ መዓልቲ፣ ወይ ከዓ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ኣብ ዝኾነ ሰሙን ሕልፊ ክሰርሑ ክሕተቱ ይኽእሉ፣ እቶም ሰራሕተኛታት ድማ ብኡ መሰረት ምስቲ ኩባንያ ንምትሕብባር ይስማዕምዑ፣ ነገር ግን ማንም ሰራሕተኛ ምሒር ዝበዝሐ መጠን ሕላፍ ሰዓት ክሰርሕ የብሉን። ብተወሳኺ ነቲ ኩባንያ ኣዕጋቢ ዝኾነ ምኽንያት እንተደኣ ቀሪቡ ሓደ ሰራሕተኛ ሕላፍ ሰዓት ክሰርሕ ከምዘይብሉ ርዱእ እዩ። ሕድሕድ ሰራሕተኛ ንሕላፍ ሰዓት ድልዊ ንክኸውን መጠናዊ ዝኾነ ፃዕሪ ክገብር ትፅቢት ይግበረሉ። እቲ ኩባንያ ሓደ ሰራሕተኛ መጠናዊ ዝኾነ ፃዕሪ ከምዘይገብር ዘሎ መሲሉ ኣብ ዝተሰመዖ ኣጋጣሚ፣ ምስቲ ኩባንያ፣ እቲ ማሕበርን ዝምልከቶ ሰራሕተኛን ኣኼብ ክግበር ኣለዎ።

6.02 ሓሙሽተ (5) መዓልቲ ናይ ስራሕ ሰሙን ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፣ ሕላፍ ሰዓት ኣብ ግዘን ሓደ ፍርቂ (1½) ንኹሎም ካብ ሸሞንተ (8) ሰዓት ኣብ መዓልቲ ወይ ከዓ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ኣብ ሰሙን ሕልፊ ንዝተሰርሑ ሰዓታት ወይ ዝተኸፈሉ (ፍቓድ ሕብረት ብምክታት) ክኽፈል ኣለዎ፣ እቲ ግዘ ንሱ ቅድሚ ወይ ድሕሪ ናይቲ ሰራሕተኛ ብስሩዕ ዝተመደበ ሽፍቲ ምስርሑ ብዘየግድስ። ድርብ ግዘ ንኹሎም ዝተሰርሑ ሰዓታት ኣብ

ሻውዓይ (7th) ተኸታታሊ መዓልቲ ክኽፈል ኣለዎ።

ዝኾነ ድርብ ሽፍቲ ዓሰርተ ሽድሽተ (16) ሰዓታት ወይ ከዓ ልዕሊኡ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ ኣብቲ ሕላፍ ሰዓት ንዝተሰርሑ ኩሎም ሰዓታት ድርብ ግዘ ክኽፈል እዩ። ዝኾነ ካብ ዓሰርተ ሽድሽተ (16) ሰዓታት ዝነኣሰ ድርብ ሽፍቲ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ ኣብ ግዘን ሓደ ፍርቂ ንኹሎም ኣብቲ ናይ ሕላፍ ሰዓት ሽፍቲ ዝተሰርሑ ሰዓታትን ክኽፈል እዩ።

እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሰ ይኹን እምበር፣ ሓደ ናይ ፅገና ሰራሕተኛ ድርብ ሽፍቲ ንክሰርሕ ተመዲቡ እቲ ካልኣይ ተኸታታሊ ሽፍቲ ቅድሚ ምውዳኡ ናብ ገዛ ኣብ ዝኸደሉ ኣጋጣሚ ኣብቲ ካልኣይ ተኸታታሊ ሽፍቲ ንዝተሰርሑ ኩሎም ሰዓታት ድርብ ግዘ ይኽፈሎም። ናይ ፅገና ዘይኮነ ሰራሕተኛ ድርብ ሽፍቲ ክሰርሕ ተመዲቡ እቲ ካልኣይ ተኸታታሊ ሽፍቲ ቅድሚ ምውዳኡ ናብ ገዛ ኣብ ዝኸደሉ ኣጋጣሚ ንኹሎም ኣብቲ ካልኣይ ተኸታታሊ ሽፍቲ ዝተሰርሑ ሰዓታት ድርብ ግዘ ክኽፈል እዩ፣ ምምራት ቅድሚ ምውዳእ እቲ ካልኣይ ተኸታታሊ ሽፍቲ እንተዘይተወዲኡ ወይ ከዓ ካብ ቁፅፅር እቲ ኩባንያ ወፃኢ ብዝኾነ ኩነት እቲ ሽፍቲ ክሓፅር እነዘይተገይሩ።

6.03 ኣርባዕተ (4) መዓልቲ ናይ ስራሕ ሰሙን ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፣ ሕላፍ ሰዓት ኣብ ግዘን ሓደ ፍርቂ ንኩሎም ካብ ዓሰርተ (10) ሰዓት ኣብ መዓልቲ ወይ ከዓ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ኣብ ሰሙን ሕልፊ ንዝተሰርሑ ሰዓታት ወይ ከዓ ዝተኸፈሉ (ፍቓድ ማሕበር ብምክታት) ክኽፈል ኣለዎ። ድርብ ግዘ ንኹሎም ዝተሰርሑ ሰዓታት ኣብ ሻድሻይን ሻውዓይን ተኸታታሊ መዓልቲ ክኽፈል ኣለዎ።

ናይ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓት ናይ ስራሕ መዓልቲ ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፣ ሕላፍ ሰዓት ብመሰረት ልጋብ E እዚ ውዕል ክኽፈል ኣለዎ።

6.04 እንድሕር ሓደ ሰራሕተኛ፣ ብናይ ካብ 48 ሰዓታት ዝነኣሰ ምልክታ፣ ቅድሚ ዝተመደበ መጀመሪ ሰዓት ብፍቓዱ ናብ ስራሕ ክኣቱ ተስማዕሚዑ፣ እቲ ኩባንያ ንዝኾነ ቅድሚ እቲ ስሩዕ ዝተመደበ መጀመሪ ሰዓት ዝተሰርሐ ግዘ ናይ ሰራሕተኛ ግዘን ሓደ ፍርቂን (1½) ክኸፍል ይስማዕማዕ። ብተወሳኺ እቲ ሰራሕተኛ ምስቲ ስሩዕ ሽፍቲ ዝተትሓሓዘ ልሙድ ሰዓታት ክሰርሕ ትፅቢት ይግበረሉ ከምኡ እውን ስሩዕ መጠን ደሞዝ።

6.05 **<u>ሕቶታት ንሕላፍ ሰዓት</u>**

ሕላፍ ሰዓት ኣገዳሲ ክኾን ከሎ፣ ዝምልከቶ ናይቲ ክፍሊ ወኪል ማሕበርን እቶም ሰራሕተኛታትን እቲ ሽፍቲ ቅድሚ ምውዳኡ ብኽንድ ዝከኣል ቀልጢፉ ክፈልጡ ክግበር ኣለዎ።

ሕላፍ ሰዓት ንሰራሕተኛታት በዞም ዝስዕቡ መንገዲታት ክወሃብ ኣለዎ:

1) **<u>ዝተመደበ ሕላፍ ሰዓት:</u>**

ዝተመደበ ሕላፍ ሰዓት ከም ናይ ቀዳመ ሰናብቲ ሕላፍ ሰዓት፣ ብምኽንያት ዕረፍቲ ፍቓድን ካብ ሓደ (1) መዓልቲ ዝበልፀ ናይ ሕማም ፍቓድን ዝስዕብ ብኩራት ሰራሕተኛታት ዝፍጠር ሕላፍ ሰዓት ዝኣመሰሉ እቲ ኩባንያ ቅድሚ እቲ ጠለብ ዝፈልጦ ሕላፍ ሰዓት ክውሰን ኣለዎ።

ዝተመደበ ሕላፍ ሰዓት ብሓበራዊ ፍቓድ ክኸውን ኣለዎ ከምኡ እውን ንኩሎም ኣብቲ ምደባን ኣብቲ ክፍሊን ዘለዉ ሰራሕተኛታት ዘለዉዎ ሽፍቲ ብዘየግድስ ብተርታ ዕብየት ክወሃብ ኣለዎ። ካብኡ

ብተርታ ዕብየት ኣብ ውሽጢ ኩሎም ካብቲ ምደባ ወፃኢ ዝኾኑን ኣብቲ ክፍሊ ዘለዉን ብቜዓት ሰራሕተኛታት ዘለዉዎ ሽፍቲ ብዘየግድስ ይወሃብ። ተፈፃምነት ኣብ ዘለዎ፣ንዕላማ ምውፋይ ዝተመደበ ሕላፍ ሰዓት፣ ኩሎም ሽፍቲታት ኣብ ውሽጢ እቲ ክፍሊ ክፅንበሩ እዮም።

እዚ ሜላ በዝሒ ዘድልዩ ፍቓደኛታት ክረክብ እንተዘይ ኪኢሉ፣ ምዱብ ሕላፍ ሰዓት ቀፂሉ ካብቲ ክፍሊ ወፃኢ ኣብ መላእ እቲ ትካል ዘለዉ ብቜዓት ሰራሕተኛታት ዘለዉዎ ሽፍቲ ብዘየግድስ ብተርታ ዕብየት ክወሃብ እዩ።

ሕዚውን ነቲ ዝተመደበ ሕላፍ ሰዓት ዝሰርሑ እኹላት ፍቓደኛታት ኣብ ዘየለዉሉ ኣጋጣሚ፣ ብመሰረት ዓንቀፅ 6.01፣ እቲ ዝነኣሰ ሰራሕተኛ(ታት) ኣብቲ ክፍሊ፣ ዘለዉዎ ሽፍቲ ብዘየግድስ፣ ብዝውስኽ ተርታ ዕብየት፣ ነቲ ስራሕ ክሰርሑ ክእለትን ብቕዓትን ዘለዎም፣ ነቲ ዝድለ ስራሕ ክሰርሑዎ ኣለዎም፣ ነገር ግን ማንም ሰራሕተኛ ምሒር ዝበዝሐ መጠን ሕላፍ ሰዓት ክሰርሕ የብሉን።

2) **<u>ብስሩዕ ዝተመደበ ሕላፍ ሰዓት:</u>**

ብስሩዕ ዝተመደበ ሕላፍ ሰዓት ከም ሓደ እዞም ዝስዕቡ ክግለፅ ኣለዎ፡

- እንተበዝሐ ንሓደን ፈረቓን (1½) ሰዓታት ንዕላማ ምውዳድ፣ ቅድመ ስራሕ፣ ምርጋእን ናይ ካራ ጋብያን ቅድሚ ምምራት ዝፍፀም ስሩዕ ሕላፍ ሰዓት።

- እንተበዝሐ ንሓደን ፈረቓን (1½) ሰዓታት ንዕላማ ድሕረ ስራሕን ምፅራግ እቲ ምድሪ ቤትን ድሕሪ ምምራት ዝፍፀም ሕላፍ ሰዓት

ቅድሚ ምምራት ዝፍፀም ስሩዕ ሕላፍ ሰዓት ብልሙድ ናይ ቀትሪ ሽፍቲ ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ብዕብየትን ብኽፍሊን ክወሃብ እዩ።

ድሕሪ ምምራት ዝፍፀም ስሩዕ ሕላፍ ሰዓት ብልሙድ ናይ ኣጋምሽት ወይ ከዓ ናይ ለይቲ ሽፍቲ ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ብዕብየትን ብኽፍሊን ክወሃብ እዩ።

ቅድሚ ወይ ድሕሪ ምምራት ነቲ ስሩዕ ትርፊ ስዓት ከተግብሩ ዝኽእሉ እኹላት ፍቃደኛታት ኣብ ዘየለዉሉ ኣጋጣሚ፣ ብመሰረት ዓንቀፅ 6.01፣ እቲ ዝነኣሰ ሰራሕተኛ(ታት) ኣብቲ ክፍሊ፣ ኣብቲ ሽፍቲ፣ ብዝውስኽ ተርታ ዕብየት፣ ነቲ ስራሕ ክሰርሑ ክእለትን ብቕዓትን ዘለዎም፣ ነቲ ዝድለ ስራሕ ክሰርሑዎ ኣለዎም፣ ነገር ግን ማንም ሰራሕተኛ ምሒር ዝበዝሐ መጠን ሕላፍ ሰዓት ክሰርሕ የብሉን።

ኩሉ ስሩዕ ሕላፍ ሰዓት፣ ወይ ቅድሚ ምምራት ወይ ድሕሪ ምምራት ነቶም ብቜዓት ሰራሕተኛታት ፍርቂ ለይቲ ረቡዕ ነቲ ዝስዕብ ሰሙን ብምምርማር ክወሃብ እዩ። እቲ ኩባንያ ሰራሕተኛታት በቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሰ ኣገባብ ተመሪፆም እንተደኣ ኮይኖም ብኽንድ ዝከኣል ቀልጢፉ ከፍልጥ እዩ፣ ግን ካብ ፍርቂ ለይቲ ሓሙስ ብዘይሓለፈ ኣጋጣሚ ነቲ ዝስዕብ ሰሙን።

3) **<u>ዘይተመደበ ሕላፍ ሰዓት – ካብ ሓደ (1) ሰዓት ዝበዝሐ</u>:**

ኩሉ ካሊእ ካብ ሓደ (1) ሰዓት ዝበዝሐ ሕላፍ ሰዓት ብሓበራዊ ስምምዕ ክኾን ኣለዎ ከምኡ እውን ኣብ ውሽጢ እቲ ምደባን እቲ ክፍሊን ዘለዉ ሰራሕተኛታት ዘለዉዎ ሽፍቲ ብዘየግድስ ብተርታ ዕብየት

ክወሃብ ኣለዎ። ቅድሚ ዝኾኑ ብምኽንያት ግዝያዊ ዳግም ምደባ ኣብቲ ክፍሊ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ኣብቲ ክፍሊ ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት ሕላፍ ሰዓት ይወሃቦም።

እቲ ኩባንያ ሕላፍ ሰዓት ንክሰርሑ ሰራሕተኛታት ክጉስጉስ ከሎ፣ እቲ ኣብቲ ሽፍቲን ኣብቲ ክፍሊን ዘሎ ዝነኣሰ ብቑዕ ሰራሕተኛ(ታት)፣ ነቲ ሕላፍ ሰዓት ክሰርሑ ፍቓደኛታት ብዝኾኑ ሰራሕተኛታት ክሳብ ዝትኩኡ፣ ካብ ስርዑ ሰዓቶም ሕልፊ ክፀንሑ ክድለ ይኽእል።

ንኡሳት ሰራሕተኛታት ኣብዚ ኩነታት ክፀንሑ ክድለዩ ከለዉ፣ ነቲ ሕላፍ ሰዓት ከይሰርሑ ዘግድድ ግላዊ ምኽንያት ዘለዎም ሰራሕተኛታት ብዘይ ቅፅዓት ይመሓሩ።

ካብኡ ብተርታ ዕብየት ኣብ ውሽጢ ኩሎም ካብቲ ምደባ ወፃኢ ዝኾኑን ኣብቲ ክፍሊ ዘለዉን ብቑዓት ሰራሕተኛታት ዘለዉዎ ሽፍቲ ብዘየግድስ ይወሃብ። ተፈፃምነት ኣብ ዘለዎ፣ንዕላማ ምውፋይ ዝተመደበ ሕላፍ ሰዓት፣ ኩሎም ሽፍቲታት ኣብ ውሽጢ እቲ ክፍሊ ክፅንበሩ እዮም።

እዚ ሜላ በዝሒ ዘድልዩ ፍቓደኛታት ክረክብ እንተዘይ ኪኢሉ፣ ምዱብ ሕላፍ ሰዓት ቀፂሉ ካብቲ ክፍሊ ወፃኢ ኣብ መላእ እቲ ትካል ዘለዉ ብቑዓት ሰራሕተኛታት ዘለዉዎ ሽፍቲ ብዘየግድስ ብተርታ ዕብየት ይወሃብ።

እቲ ኩባንያ ዝተገመተ ንውሓት ሕላፍ ሰዓት ኣብ ዝተፈለጠሉ ግዘ ብክንዲ ዝከኣል ቀልጢፉ ከይዲ ምጉስጓስ ክጅምር ከምኡ እውን ንኡስ ሰራሕተኛ ንክሰርሖ ክድለ ዝኽእል በዝሒ ሕላፍ ሰዓት ንምድራትን ሕላፍ ሰዓት ነቶም ዓበይቲ ፍቃደኛታት ንምብዛሕን ብቕንዕና ብክንድ ዝከኣል ቀልጢፉ ንክውደኦ ይስማዕማዕ።

ሕዚ እውን ነቲ ዝተመደበ ሕላፍ ሰዓት ዝሰርሑ እኹላት ፍቓደኛታት አብ ዘየለዉሉ ኣጋጣሚ፣ ብመሰረት ዓንቀፅ 6.01፣ እቲ ዝነኣሰ ሰራሕተኛ(ታት) ኣብቲ ክፍሊ፣ ዘለዉዎ ሽፍቲ ብዘየግድስ፣ ብዝውስኽ ተርታ ዕብየት፣ ነቲ ስራሕ ክሰርሑ ክእለትን ብቕዓትን ዘለዎም፣ ነቲ ዝድለ ስራሕ ክሰርሑዎ ኣለዎም፣ ነገር ግን ማንም ሰራሕተኛ ምሒር ዝበዝሐ መጠን ሕላፍ ሰዓት ክሰርሕ የብሉን።

4) **<u>ዘይተመደበ ሕላፍ ሰዓት – ሓደ (1) ሰዓት ወይ ከዓ ዝነኣሰ</u>**

ናይ ሓደ (1) ሰዓት ወይ ከዓ ዝነኣሰ ሕላፍ ሰዓት ብሓበራዊ ስምምዕ ክኸውን ኣለዎ ከምኡ እውን እቲ ሕላፍ ሰዓት ኣብ ዝተደለየሉ ግዘ ኣብ ውሽጢ ኣብቲ ሽፍቲ ኣብቲ ምደባን ክፍሊን ዘለዉ ሰራሕተኛታት ብተርታ ዕብየት ክወሃብ ኣለዎ።

ካብኡ ነቶም ካብቲ ምደባ ወፃኢ፣ ኣብቲ ሽፍቲን ኣብቲ ክፍሊን ዘለዉ ኩሎም ብቑዓት ሰራሕተኛታት ብተርታ ዕብየት ክወሃብ እዩ።

ሕዚ እውን ነቲ ዝተመደበ ሕላፍ ሰዓት ዝሰርሑ እኹላት ፍቓደኛታት አብ ዘየለዉሉ ኣጋጣሚ፣ ብመሰረት ዓንቀፅ 6.01፣ እቲ ዝነኣሰ ሰራሕተኛ(ታት) ኣብቲ ክፍሊ፣ ዘለዉዎ ሽፍቲ ብዘየግድስ፣ ብዝውስኽ ተርታ ዕብየት፣ ነቲ ስራሕ ክሰርሑ ክእለትን ብቕዓትን ዘለዎም፣ ነቲ ዝድለ ስራሕ ክሰርሑዎ ኣለዎም፣ ነገር ግን ማንም ሰራሕተኛ ምሒር ዝበዝሐ መጠን ሕላፍ ሰዓት ክሰርሕ የብሉን።

ንዕላማ ዓንቀፅ 6.05፣ ሓፈሻዊ ሽቃሎ 1ን 2ን ናብ ሓደ (1) ምድብ ክፅንበሩ እዮም፣ ሓውሲ ኪኢላ 1ን 2ን ናብ ሓደ (1) ምድብ ክፅንበሩ እዮም ከምኡ እውን ኪኢላ 1ን 2ን ናብ ሓደ (1) ምድብ ክፅንበሩ እዮም። ነቲ ክፍሊ ፅገና፣ ሕላፍ ሰዓት ብሞያ ክወሃብ እዩ።

እንድሕር ዝኾነ ብቐዕ ሰራሕተኛ ኣብዚ ዙር ብዘይፍላጥ ልዕሊ ሓደ ግዘ ብዘይምቁራፅ ተረሲዑ፣ እቲ ኩባንያ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሰ ኣካይዳ እንተዝኽተል ነይሩ እቲ ዝተጠቀሰ ሰራሕተኛ ክሰርሖ ዝነበረ መጠን ሕላፍ ሰዓት ነቲ ዝተጠቀሰ ሰራሕተኛ ንክኸፍል እቲ ኩባንያ ይስማዕማዕ።

ንግልጋሎት ሕላፍ ሰዓት ጥራሕ፣ እዚ ዝስዕብ ዝርዝር ኣብቲ ትካል ዘለዉ ክፍልታት እዩ:

1. Hog Receiving
2. Front End Kill
3. Dressing floor
4. Casings Room
5. Stomach & Chits
6. Lard, Mucosa and Inedible
7. By-Products
8. Dry Goods, Receiving, **Janitorial**, Plant Services
9. Laundry
10. **Conversion**, MEP, MSP, Roll Stock, Pork Chop
11. Cryovac
12. Block Table
13. Picnic Line
14. Butt Line
15. Loin Line
16. Belly Line
17. Pack, Box Room, Dumpers
18. Rails
19. Shipping
20. Sanitation
21. Freezer and Chill Room
22. Research & Development
23. Cafeteria
24. Maintenance
25. Powerhouse/ Wastewater

6.06 ቀስብቐስ ምውሳኽ ሕላፍ ሰዓት ክህሉ የብሉን።

6.07 **ሰነ 1, 2020 ዝትግበር፣** እቲ ኩባንያ ካብ ጥሪ 1 ክሳብ ታሕሳስ 25 ሰራሕተኛታት **ብስሩዕ ናይ ሸሞንተ (8) ሰዓት ሽፍቲ ንዝሰርሑ** እንተበዝሐ **ሰላሳን ክልተን (32) ሰዓታት ሕላፍ ሰዓት ወይ ከዓ ብስሩዕ ናይ ዓሰርተ (10) ሰዓት ሽፍቲ ንዝሰርሑ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ሕላፍ ሰዓት** ንክዓቹሩ ይፈቕደሎም። ዝኾነ ኣብ ስራሕ ዘይወዓለ ዝተዓቆረ ሕላፍ ሰዓት ታሕሳስ 31 እቲ ተመሳሳሊ ዓመት ይኽፈል።

ዝተዓቆረ ሕላፍ ሰዓት ንናይ ዘይምምራት መዓልትታት ወይ ከዓ ደሞዝ ዘይብሎም ግላዊ ዕረፍቲ መዓልትታት ጥራሕ ክውዕሉ ይኽእሉ።

ሓደ ሰራሕተኛ ትርፊ ሰዓቱ ክዓቁር እንተደልዩ፣ እዞም ዝስዕቡ ኣካይዳታት ይትግበሩ፡

1. **ንዕላማ ናይ ዘይምምራት መዓልትታት ደሞዝ ዘለዎ ዕረፍቲ ወይ ከዓ ደሞዝ ዘይብሎም መዓልትታት ግላዊ ዕረፍቲ ዒስራን ኣርባዕተን (24) ሰዓታት ኣቐዲምካ ክሕተቱ ኣለዎም ቅኑዕ ብዘይኮነ ምገዲ ከዓ ኣይኽልኡን።**
2. **ሕድሕድ ሰራሕተኛ ምዕቋር ሕላፍ ሰዓት ብዝምልከት ምርጫኦም ጥሪ 1 ሕድሕድ ዓመት ከፍልጡ ኣለዎም።**

3. **ሕላፍ ሰዓት ከም ልሙድ ሰዓታት፣ ንሕድሕድ ዝተሰርሐ ሰዓት ከም ሓደን ሓደ ፍርቂን (1½) ሰዓታት ወይ ከዓ ንሕድሕድ ድርብ ሕላፍ ሰዓት ዝተሰርሐ ሰዓት ከም ክልተ (2) ሰዓታት ክዕቆር እዩ።**

4. **ተኣኪቡ ዝፀንሐ ዝተዓቆረ ሕላፍ ሰዓት ታሕሳስ 31 ሕድሕድ ዓመት ብዝተዋህለለሉ መጠን ክኽፈል እዩ።**

5. **ሓደ ሰራሕተኛ ዝለዓለ ዝፍቀደሉ ዕቋር እንተበፂሑ እሞ ድማ ሕላፍ ሰዓት ምስራሕ እንተቐፂሉ ምንም ተወሰኽቲ ሰዓታት ነቲ ዓመት ኣይዕቆሩን ከምኡ ድማ ኩሎም ተወሰኽቲ ሕላፍ ሰዓት ብኡ መሰረት ክኽፈሉ እዮም ፍረ ፃዕሪ ስለዝኾነ።**

6. **ዝተዓቆረ ሕላፍ ሰዓት ብተመሳሳሊ መጠን እቲ ሰራሕተኛ እቲ ሕላፍ ሰዓት ኣብ ዝተዓቆረሉ እዋን ዝረኽቦ ዝነበር መጠን ይኽፈል።**

6.08 ኣብ መሰጋገሪ ብራንደን ዝተሞርከሰ ሰራሕተኛ ሕላፍ ሰዓት ክሰርሕ ክድለ እንከሎ ወይ ከዓ ኣቐዲሙ ናብ ገዛ እንተተሰዲዱ፣ እንድሕር እታ ቀፃሊት ኣውቶቡስ ትብገሰሉ ካብ ሓደ (1) ሰዓት ዝበዝሐ ኮይኑ ከምኡ እውን ካልእ መጓዓዓዚ መንገዲ እንተዘይሃልዩ እቲ ኩባንያ ናብ ገዛ መጉዓዝያ ክቕርብ እዩ።

ዓንቀፅ 7 ዕ ብ የ ት

7.01 ዕብየት፣ ከም ንውሓት ናይ ሓደ ሰራሕተኛ ዕብየት ምስቲ ኩባንያ ካብ ናይ መወዳእታ ዕለት ምቁፃር ይግለፅ። ንምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛታት እቲ ዕለት ናብ ናይ ምሉእ ግዘ ቦታ ዝተቐፀሩሉ ዕለት ክኾን ኣለዎ። እንድሕር ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛ ኣብ ዓንቀፅ 4.01 ከም ዝተጠቀሰ ኣብ ናሃቱ ወይ ከዓ ናሃታ ኣመክሮኣዊ ግዘ ናብ ናይ ምሉእ ግዘ ቦታ ተቆፂሩ፣ እዚ ሰራሕተኛ እዚ ሕዚ እውን ክሳብ ንሱ ወይ ከዓ ንሳ ናይ ከፊል እዋንን ናይ ምሉእ ሰዓታትን ሰዓታት ብምክታት 980 ሰዓታት ሰሪሑ ናሃቱ ወይ ከዓ ናሃታ ኣመክሮኣዊ ግዘ ከማልእ ከምዘለዎ እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ይስማዕምዑ።

እንድሕር ሰራሕተኛታት ኣብ ሓደ መዓልቲ ስራሕ ጀሚሮም ወይ ከዓ ተቆፂሮም፣ ናይ ዕብየት ደረጃ ካብ ናብቲ ኩባንያ ዘመልከትሉ ዕለት ክርከብ ኣለዎ። እንድሕር ዘመልከቱሉ ዕለት ተመሳሳሊ ኮይኑ፣ እቲ ደረጃ ብዝተወለዱሉ ዕለት፣ ነዚ ዕላማ በቲ ወርሕን ዕለትን ዝውሰን፣ ክምስረት ኣለዎ።

7.02 እቲ ኩባንያ ናይ ዕብየት ዝርዝር ናብቲ ማሕበር ከቅርብን ንኩሎም ሰራሕተኛታት ተረካቢ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ምድሪ እቲ ትካል በቢ ወርሑ ክልጥፍን ይስማዕማዕ።እቶም ሰራሕተኛታት ብዕብየት ክዝርዘሩ እዮም፣ ክፍሊ ብምክታት (ኣብ ዓንቀፅ 5.09 እቲ ሓበራዊ ውዕል ከምዝርከብ)።

7.03 ዕብየት ከም ዝፈረሰ ተሓሲቡ ስራሕ ክቋረፅ ኣለዎ እንድሕር ሓደ ሰራሕተኛ:

(1) ብቅኑዕ ኣገባብ በቲ ኩባንያ ተባሪሩን በቲ ከይዲ ቅሬታ ከምኡ እውን/ወይ ከዓ ዕርቂ እዚ ውዕል እንተዘይተመሊሱን፤

(2) ብፍቃዱ ስራሕ ኣቋሪፁ ወይ ከዓ ለቒቕ፤

(3) ብተኸታታሊ ንልዕሊ ዓሰርተ ክልተ (12) ኣዋርሕ ተቐኒሱ እንተነይሩ ወይ ከዓ ድሕሪ ምቕናስ ናብ ስራሕ ክምለስ ተፀዊዑ ግን ኣብ ዓንቀፅ 8 ከም ዝተቀመጠ ኣብ ግዘ ናብ ስራሕ ዘይተመሊሱ፤

(4) ብዘይ ዝተፀሓፈ ፍቓድ ብኩራት ንልዕሊ ሰለስተ (3) ናይ ስራሕ መዓልትታት እንተደኣ ቦኺሩ፣ በቲ ሰራሕተኛ ኣዕጋቢ ምኽንያት እንተደኣ ዘይተዋሂቡ። ኣብ ሕክምና ምድቃስ ወይ ከዓ ምስቲ ኩባንያ ምዝርራብ ዘይምኽኣል ከም ኣዕጋቢ ምኽንያት ክቁፀር ኣለዎ፤

(5) ኣብ ምውዳእ ዝተፈቐደ ፍቓድ ብኩራት ናብ ስራሕ ክምለስ እንተዘይኪኢሉ፣ በቲ ሰራሕተኛ ኣዕጋቢ ምኽንያት እንተደኣ ዘይተዋሂቡ። ኣብ ሕክምና ምድቃስ ወይ ከዓ ምስቲ ኩባንያ ምዝርራብ ዘይምኽኣል ከም ኣዕጋቢ ምኽንያት ክቁፀር ኣለዎ፤

(6) ብምኽንያት ሕማም ወይ ከዓ ጉድኣት ንክልተ (2) ዓመታት ወይ ልዕሊኡ እንተዘይሰሪሑ፣ ብሓበራዊ ስምምዕ እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን እቲ እዋን እንተደኣ ዘይሓፂሩ ወይ ከዓ ተናዊሑ። ብምኽንያት ሕማም ወይ ከዓ ጉድኣት ካብ ስራሕ ዝቦኸረ ሰራሕተኛ ቅድሚ ምብራሩ፣ እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ፍሉይ ኩነታት እቲ ዝምልከቶ ሰራሕተኛ ንምምይያጥ ይራኸቡ። ምብራር ሰራሕተኛ ኣብዞም ኩነታት ናቱ ወይ ከዓ ናታ ብቅዓት ኣብ ትሕቲ ናይ ነዊሕ እዋን ግድዓት (LTD) ኣይፀሉን። እንድሕር እቶም ወገናት ኣብ ኩነታት እቲ ሰራሕተኛ ክስማዕምዑ ዘይኪኢሎም፣ እቲ ኩባንያ ነቲ ሰራሕተኛ ናይ ምብራር መሰሉ ይዕቅብ፣ እቲ ማሕበር ተቐባልነት ንከምዚ ዓይነት ምብራር ቅሬታ ናይ ምቅራብ መሰሉ ንምዕቃብ ዝሳጣሕ። ዝኾነ ኣብ ውሽጢ እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ዝተስማዕምዑሉ ምብራር ንሕጋዊ ዕላማ ከምዝኾነ ክምዝቁፀር እቲ ሰራሕተኛ ይግንዘብ።

7.04 ዕብየት ኣብ ጉዳያት ሽመት፣ ምቕናስ፣ ናይ ሽፍቲ ምርጫ፣ ዳግም ምፅዋዕ፣ ካብ ምሉእ ናብ ከፊል እዋን ምውራድ፣ ከምኡ እውን ምምራፅ ሰደቃ ግዘ ዕረፍቲ ወሳኒ ረቋሒ ክኾን ኣለዎ፣ እንተደኣ እቲ ሰራሕተኛ ልሙድ ተግባራት ጠለብ እቲ ስራሕ ናይ ምፍፃም ክእለት ሃልዩዎ።

7.05 ናይ ሓደ ሰራሕተኛ ደረጃ ብመምርሒ ወይ ከዓ ፍቓድ እቲ ኩባንያ ካብ ምሉእ ሰዓት ናብ ከፊል ሰዓት ኣብ ዝተቐየረሉ ኣጋጣሚ፣ ናቱ ወይ ከዓ ናታ ናይ ዕብየት ዕለት ናቱ ወይ ናታ እቲ ናይ ቀረባ እዋን ዝተቐፀረሉ/ትሉ ዕለት ይኾን።

ብኩነታት ምዕቃብ ስሉጥ ኣሰራርሓ ናይ ሓደ ሰራሕተኛ ሃለዋት ካብ ምሉእ እዋን ናብ ከፊል እዋን ክቕየር ከሎ፣ ዝኾነ ምደባ በቲ ኩባንያ ቅድሚ ምትግባሩ፣ ቅድሚ ናይ ምሉእ እዋን ስራሕ ዝሓተቱ ሰራሕተኛታት ከምዚ ዝበሉ ሰራሕተኛታት ንናይ ምሉእ እዋን ቦታ ክሕሰቡ ከምዘለዎም ርዱእ እዩ።

7.06 እቲ ኩባንያ ናይ ሓደ ሰራሕተኛ ሃለዋት ካብ ምሉእ እዋን ናብ ከፊል እዋን ቅድሚ ምቕያሩ ናይ ሓደ (1) ሰሙን ምልክታ ክህብ ይስማዕማዕ።

7.07 **ከፊል እዋን**

ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ኣብ ውሽጢ ናይ ከፊል እዋን ዝርዝር ዕብየት ጥራሕ ዕብየት ይህልዎም፣ ከምኡ ድማ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት ኣብ ልዕሊ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ዕብየት ይህልዎም። ንዕላማታት ምደባ፣ ሕዚ እውን ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ካብ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት ተፈልዮም ይምደቡ። እቲ ዝተጠቀሰ ምደባ ብክፍሊ፣ ብዕብየት፣ ክትግበር ኣለዎ እንተደኣ እቲ ሰራሕተኛ ልሙድ ተግባራት እቲ ስራሕ ናይ ምትግባር ክእለት ሃልይዎ። እቲ ኩባንያ ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ኣብ ላዕሊ ከምዝተጠቐሰ ክምድብ ይስማዕማዕ ምእንታን ዝለዓለ ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛ፣ ሓደ ሰሙን ክምደብ እንከሎ ሰዓታት እንተደኣ ሃልዮም፣ ክሳብ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ክምደብ ክኽእል።

ዓንቀፅ 8 ምቕናስን ካብ ቅነሳ ደኒምካ ምፅዋዕን

8.01 **ምልክታ ምቕናስ / ትርጉም**

(a) ምቕናስ፣ ንዕላማ እዚ ዓንቀፅ፣ ሸውዓተ (7) ተኸታተልቲ ካለንደራዊ መዓልትታት ወይ ከዓ ዝነውሐ ክኾን ኣለዎ።

(b) ኣብ ጉዳይ ምቕናስ ካብ ሽድሽተ (6) ወርሒ ዝነኣሰ ዕብየት ዘለዎም ሰራሕተኛታት፣ እቲ ኩባንያ ክልተ (2) ናይ ስራሕ መዓልቲ ምልክታ ክወሃብ ይስማዕማዕ። ሽድሽተ ወርሒን ልዕሊኡን ግልጋሎት ዘለዎም ሰራሕተኛታት፣ ናይ ክልተ (2) ናይ ስራሕ መዓልትታት ምልክታ ንሕድሕድ ዓመት ግልጋሎት፣ ክሳብ እንተበዝሐ ሓሙሽተ (5) ናይ ስራሕ መዓልትታት ብፁሑፍ ክወሃብ ኣለዎ።

8.02 ምቕናስን ናብ ስራሕ ደኒምካ ምፅዋዕን ብመሰረት ዕብየት ክኸውን ኣለዎ፣ እዙይ ማለት እቲ መወዳእታ ዝተቆፀረ መጀመርያ ዝቕነስ ክኾን ኣለዎ፣ ከምኡ እውን መወዳእታ ዝተቐነሰ መጀመርያ ዝምለስ ክኾን ኣለዎ፣ እንተደኣ እቲ ዝዓበየ ሰራሕተኛ ልሙድ ተግባራት እቲ ስራሕ ከትግብር ዝኽእል ኮይኑ ወይ ከዓ ብቕንዕና ብቕልጡፍ ዝበቅዕ ኮይኑ። ብቕዓቶም ከርእዩ ዕድል ዝተዋሃቦም ኣብ ውሽጢ ሓደ (1) ሰሙን ነቲ ዝተመደበ ምድብ ብዘዕግብ ናይ ምትግባር ክእለት ከርእዩ ኣለዎም።

ኣብ ላዕሊ ብዝተጠቐሰ መስፈርቲ ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ቅድሚ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት ክቕነሱ ኣለዎም።

ኣብ ላዕሊ ብዝተጠቐሰ መስፈርቲ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት ቅድሚ ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ክምለሱ ኣለዎም።

8.03 ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛ ብምኽንያት ምቕናስ ቢዝነስ ክቕነስ እንከሎ፣ ዝተፀርሐ ሰራሕተኛ ነቲ ዝነኣሰ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛ ካሊእ ክፍሊ ኣብ ውሽጢ ናቱ ወይ ናታ ምድብ ክትክእን ልሙድ ተግባራት እቲ ስራሕ ናይ ምስራሕ ክእለቱ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ከርኢ ዕድል ክወሃቦን ይኽእል፣ ብዘይካ ኣብ ኣጋጣሚ ቀዋሚ ምዕፃው ክፍሊ ወይ ከዓ ስራሕ ዘይድለ ክኾን ከሎ፣ ኣበዚ ግዘ እዚ እቲ ወቅቲ ግዘ ክሳብ ዓሰርተ (10) ናይ ስራሕ መዓልትታት ክኾን ኣለዎ።

ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቐሰ ንኡስ ናይ ምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛ ብካሊእ ዝለዓለ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛ ክትካእ ከሎ፣ ንሱ ወይ ንሳ ኣብ ናቱ ወይ ናታ ምድብ ኣብ ካሊእ ክፍሊ፣ ነቲ ዝነኣሰ ሰራሕተኛ ብምትካእ፣ ወይ ከዓ ነቲ ዝነኣሰ ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛ ብምትካእ፣ ነቲ ኣብ ዝተሓተ ምድብ መጠን ክፍሊት ዘሎ ዝነኣሰ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛ ብምትካእ፣ ናይ ከፊል እዋን ኮይኑ ክፀንሕ ዕድል ክወሃቦ ኣለዎ፣ ወይ ከዓ እንድሕር እቲ ሰራሕተኛ መሪፁ ይቕነስ።

8.04 ዝኾነ ሰራሕተኛ ኣብ ናቱ ወይ ናታ ዝፍለጥ ናይ መወዳእታ ኣድራሹኡ ናብ ስራሕ ንክምለስ እንተተነጊሩ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ (5) ካላንደራዊ መዓልቲ ብዘይ ቅኑዕ ምኽንያት ክምለስ እንተዘይኪኢሉ፣ ብፍቓዱ ናታ ወይ ናቱ ስራሕ ከምዘቋረፀ ተሓሲቡ ናታ ወይ ናቱ ዝነበረ ናይ ዕብየት መሰላት ስለዚ ክቋረፁ ኣለዎም። ከምዙይ ዓይነት ምልክታ ናብ ሰራሕተኛ ክለኣኽ ከሎ፣ ጎኒንጎኒ ሓደ ቅዳሕ ናብቲ ማሕበር ክለኣኽ ኣለዎ።

<u>ዓንቀፅ 9 ክፍቲ ናይ ስራሕ ቦታታት / ምደባ ሓላፍነታት</u>

9.01 ናይ ሓፈሻዊ ሽቃሎ ሓደ (GL1) ምደባ ዘለዉ ክፍቲ ናይ ስራሕ ቦታታት ክፍሊን ዝተመደበ ግዘን ብምጥቃስ ተዘርዚሩ በቢ ሰሙኑ ክመሓየሽ እዩ። ሓደ ሰራሕተኛ ንክፍቲ ሓፈሻዊ ሽቃሎ ሓደ (GL1) ምደባ ከመልክት ከሎ፣ እቲ ዝርዝር ኣብቲ ቀፃሊ ሰሙን ቅድሚ ምምሕያሹ ሕቶኦም ከእትዉ ኣለዎም። ካብኡ እቲ ኩባንያ ብመሰረት ነቲ ስራሕ ናይ ምፍፃም ክእለቶም ነቲ ቀፃሊ ክፍቲ ቦታ ብቅዓቶም ከርእዩ ዕድል ይህቦም። ኣብ ላዕሊ ንዝተጠቐስ ቦታ ኣመልኪቶም እሞ ድማ ቅቡላት ዝተገበሩ ሰራሕተኛታት ኣብቲ ቦታ ሽድሽተ (6) ወርሒ ክሳብ ዝሰርሑ ንካሊእ ሓፈሻዊ ሽቃሎ ሓደ (GL1) ምድብ ምደባ ዘይከመልክቱ ይኽእሉ።

9.02 ሓደሽቲ ክወማታትን ቀወምቲ ክፍቲ ናይ ስራሕ ቦታታት ኣብ ዝፀንሑ ክወማታትን እቶም ሓደሽቲ ክወማታት ወይ ከዓ ክፍቲ ናይ ስራሕ ቦታታት ካብ ዝፍጠሩ ኣብ ውሽጢ ሽውዓተ (7) ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣብቲ ስሌዳ ምልክታ ንሰለስተ (3) ናይ ስራሕ መዓልቲ ክልጠፉ ኣለዎም። እቶም ክወማታት/ ክፍቲ ናይ ስራሕ ቦታታት ካብ መወዳእታ ናይ ሰለስተ (3) መዓልቲ ምልጣፍ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ (10) ናይ ስራሕ መዓልትታት ክወሃቡ ኣለዎም፣ እንተደኣ እቶም ዝተረፉ ሰራሕተኛታት ብዘዕግብን ብስልጠትን ነቲ ዝድለ ስራሕ ክፍፅሙ ዝኽእሉ ኮይኖም፣ ነገር ግን ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ፣ ናይ ብቕዓት እዋን ነቲ ስራሕ ዝተቐበለ ሰራሕተኛ ኣብ ውሽጢ ሳልሳ (30) ናይ ስራሕ መዓልትታት ክጅምር ኣለዎ።

ግዱሳት ሰራሕተኛታት ነቲ ምልክታ ሓላፍነት ክፍርምሉ ኣለዎም። ሰራሕተኛታት ነቲ ሽልማት ኣብ ክልተ (2) ኣጋጣምታት ኣብ ካላንደራዊ ዓመት ጥራሕ ክነፅጉ ይፍቀደሎም። ነቲ ሽልማት ዝቕበሉ ሰራሕተኛታት ንክበቅዑ ክምኩሩ ቅድሚ ምውሳኖም ነቲ ቦታ ክሪኡ ዕድል ክወሃቦም ኣለዎ። ንክበቅዑ ንዘይምምኳር እንተደኣ ወሲኖም፣ ቅድሚኡ ናብ ዝነበሩዎ ቦታ ክምለሱ ኣለዎም እዙይ ድማ ከም ምንፃግ እቲ ሽልማት ይሕሰብ። ንክበቅዑ ክምኩሩ እንተደኣ ወሲኖም፣ ንቀፀልቲ ትሽዓተ (9) ኣዋርሕ ዝኾነ ካልእ ምደባ ካብ ምፍራም ክኽልከሉ ኣለዎም።

እቲ ኩባንያ ቅዳሕ ክወማ ሓላፍነታት፣ ዝርዝር ኣመልከትቲን ስም እቲ ሓላፍነት ዝተዋሃቦም ግለ ሰባትን ናብቲ ቀንዲ ወኪል ወይ ከዓ ናብቲ ማሕበር የቕርብ። ስም እቲ ዕዉት ኣመልካቲ ኣብቲ ሰሌዳ ምልክታ ክልጠፍ እዩ።

ንሽድሽተ (6) ወርሒ ወይ ዝነኣሰ ግዝያዊ ቦታ ብምምላእ ዝፍጠር ክፍቲ ናይ ስራሕ ቦታ ብምምሕዳር ክምላእ እዩ፣ ነቲ ክፍቲ ስራሕ ቦታ እቲ ምድብ ንምምላእ ንዝለዓሉ ብቕዓት ሰራሕተኛታት ዕድል ብምሃብ። **ልዕሊ ሽድሽተ (6) ወርሒ ዝኾኑ ግዝያዊ ክፍቲ ናይ**

ስራሕ ቦታታት ክልጠፉ ኣለዎም።

ክወማ ሓላፍነታት ነቲ ምዳበ፣ መጠን ደሞዝ፣ ክፍሊ፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ክፍሊ ኣብ ዘለዉ ክወማታት ዘለዉ ኩሎም ስራሕቲ፣ ናይ ስራሕ ሰዓታት ማለት መጀመሪን መቋረፅን ሰዓት ከምኡ እውን ሓፈሻዊ ናይ ስራሕ ኩነታት ኣብቲ ክፍሊ በቲ ማሕበርን እቲ ኩባንያን ብዝተስማዕምዑሉ መሰረት ከለልይ ኣለዎ።

በቲ ኩባንያ ዝተወገዱ ዕዉታት ኣመልከትቲ ነቲ ናይ ትሽዓተ (9) ወርሒ ጥብቅና ሓደ ግዘ ሕድሕድ ካለንደራዊ ዓመት ኣይቃልዑን። ዕዉታት ኣመልከትቲ ንግዝያዊ ክፍቲ ቦታ እቲ በዓል ስልጣን ናብ ስራሕ ክሳዕ ዝምለስ ኣብቲ ቦታ ንሱ ክፀንሑ ኣለዎም፣ ወይ ከዓ እቲ ኩባንያ እንተፈቂዱ ኣቐዲሞም ክልቀቑ ይኽእሉ።

ሓደ ሰራሕተኛ ብከይዲ ቅሬታ ናብ ስራሕ ኣብ ዝተመለሰሉ ኣጋጣሚ፣ ክባረሩ ከለዉ ሒዞሞ ናብ ዝነበሩ ቦታ ክምለሱ ኣለዎም፣ ብሓባር እንተዘይተስማዕሚያምሉ።

ኣብ ናይ ሰራሕተኛታት ካሕሳ፣ ወይ ከዓ ሰሙናዊ ካሕሳ ወይ ከዓ ናይ ስራሕ ግዴታታ እቲ ምደባ እቲ ሰራሕተኛ እቲ ሽልማት ካብ ዝወሃቦ ንልዕሊ ዒስራን ሓሙሽተን (25) ናይ ስራሕ መዓልቲ ካብ ምፍፃም ዝኽልክልዎ ናብ ስራሕ ተመለስ ስምምዕ ዘለዉ ሰራሕተኛታ እቲ ሓላፍነት ክወሃብ እንከሎ ክዝለሉ ኣለዎም።

9.03 ኣብዚ ዓንቀፅ ከም ዝተጠቐሰ ምእንታን ክበቕዑ፣ ሓደ ሰራሕተኛ ድሕሪ መጠናዊ ናይ ስልጠና ግዘ ልሙድ ተግባራት እቲ ስራሕ ብስሩዕ ናይ ምትግባር ክእለት ክህልዎ ኣለዎ። እቲ ኩባንያ ነቶም ዝለዓሉ ሰራሕተኛታት ዝለዓለ ተኸታታሊ ናይ ስልጠና/መብቅዒ እዋን ከም ዝስዕብ ክህቦም ከሎ ዝምዘን፡ ሓፈሻዊ ሽቃሎ - ሓሙሽተ (5) ዝተማልኡ ናይ ስራሕ መዓልትታት፤ ሓውሲ ኪኢላ - ዓሰርተ (10) ዝተማልኡ ናይ ስራሕ መዓልትታት ከምኡ እውን ኪኢላ - ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ዝተማልኡ ናይ ስራሕ መዓልትታት፣ እቲ ሰራሕተኛ ንዘመልከተሉ ቦታ ናቱ ወይ ናታ ፍልጠት፣ ስልጠና፣ ክእለትን ኣካላዊ ብቕዓትን ንምርኣይ። እቲ ኩባንያ ንሓገዝቲ ፅገናን ኣለስለስትን እንተበዝሐ ዒስራ (20) ናይ ስራሕ መዓልትታት ከምኡ እውን ካብ ዝኾነ ካሊእ ምደባ ናብ ምደባ ሞያ ዝኸዱ እንተነኣሰ ሰለስተ (3) ወርሒ ተኸታታሊ ናይ ስልጠና/ መብቅዒ እዋን ክህቦም እዩ።

እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ናይ ስልጠና/ መብቅዒ እዋን እቲ ኩባንያ ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ መወዳእታ ነቲ ስራሕ ብዘይ ትእዛዝ ወይ ከዓ ድጋፍ ክፍፅሞ ይኽእል ዶ ኣይኽእልን ዝብል ሓሳብ ንምልዓል ዝምድቦ እዋን ከም ዝኾነ እቲ ኩባንያ ይስማዕማዕ። ንሓውሲ ኪኢላ ወይ ከዓ ኪኢላ ቦታ ክበቅዕ ዝሙክር ዘሎ ሰራሕተኛ ብቕዓቶም ንምርግጋፅ ተወሳኺ ግዘ ኣብ ዝደልዩሉ ኣጋጣሚ፣ ድሕሪ ነቲ ማሕበር ምፍላጥን ብሓበራዊ ስምምዕነት ኣብ ሞንጎ እቶም ወገናትን ከከም ኣጠቃቅሱኡ ናይ ዓሰርተ (10) ወይ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) መዓልትታት ወሰኽ ክወሃቦም እዩ።

እንድሕር እቲ ዝተመረፀ ሰራሕተኛ ነቲ ዝተጠቀሰ ስራሕ ኣብ ምድብ ኣብ ውሽጢ ዝሓለፉ ዒስራን ኣርባዕተን (24) ኣዋርሕ ሰሪሑዎ ነይሩ፣ ሕዚ እውን ነቲ ዝተጠቐሰ ስራሕ ክሰርሖ ዝኽእል ኮይኑ፣ ናይ ሙከራ ግዘ ኣየድልን።

9.04 ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ኩነታት ክለዓል ከሎ ናይ ምሉእ ግዜ ሰራሕተኛ ክኾን ይኽእል፡

(a) ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛ ብዕዉት ንናይ ምሉእ እዋን ቦታ ክጫረት ከሎ ከምኡ ድማ ብመሰረት ዓንቀፅ 9.01 ኣብ ላዕሊ እቲ ቦታ ክወሃቦ ከሎ፤ (ናይ ምሉእ እዋን ክፍቲ ቦታታት ክህልዉ ከለዉ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት ኣብ ልዕሊ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ኣድልዎ ክወሃቦም ከምዘለዎ እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ይስማዕምዑ) ወይ ከዓ

(b) ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛ ኣብ ናይ ሰለስተ (3) ካላንደራዊ ወርሒ እዋን ምስ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛ ተመሳሳሊ በዝሒ ሰዓታት እንተደኣ ሰሪሑ። ከም ናይ ምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛታት ተሓሲቦም ብመሰረት ናይ ምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛታት ምደባ ኣብቲ ሓበራዊ መደራደሪ ደሞዝን ጥቕማ ጥቕሚን ክወስዱ ኣለዎም። ካብዚ ሕጊ ወፃኢ ዝኸውን ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛ ካብ ሽድሽተ (6) ናይ ካላንደር ወርሒ ንዘይሓልፍ እዋን ንዕላማታት ዕረፍቲ፣ ፍቓድ ብኩራት፣ ሕማም ወይ ከዓ ጉድኣት ወይ ናይ ሰራሕተኛታት ካሕሳ ሓደ ሰራሕተኛ ይትክእ ከም ዘሎ ብንውር እንተደኣ ተነጊሩዎ እዩ።

9.05 ሓደሽቲ ዝተቆፀሩ ሰራሕተኛታ ኣብ ዓንቀፅ 9.03 ንዝተፀርሑ ናይ ብቕዓት ግዝያት ተገዛእቲ እዮም። ሓደሽቲ ቁፃር ሰራሕተኛታ ኣብ ኣመክሮኣዊ ግዚኦም ሓደ ግዘ ዝመረፅዎ ቦታ ክጫረቱን ክምደቡን ብቕዓት ይኾኑ።

ሓዱሽ ቁፃር ሰራሕተኛ ንነይ መጀመርታ ምደቡኡ ኣብ ውሽጢ ናይቲ መመልከቻ ብቕዓት እዋን ክበቅዕ እንተዘይኪኢሉ፣ ድሕሪ ነቲ ማሕበር ምፍላጥን ብሓበራዊ ስምምዕነት ኣብ ሞንጎ እቶም ወገናትን ከከም ኣጠቓቕሱኡ ናይ ዓሰርተ (10) ወይ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) መዓልትታት ወሰኽ ክወሃቦም እዩ። ናብ ዝተዓፀወ ምድብ ዝተቆፀረ ሰራሕተኛ ኣብ መወዳእታ ናይ ብቕዓት እዋን ነቲ ዝለዓል ኪኢላ ቦታ ክበቅዕ እንተዘይ ኪኢሉ፣ እቲ ኩባንያ ኣብ ዝተከኣለሉ ነቲ ሰራሕተኛ ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ናብ ዝርከብ ሓፈሻዊ 1 ቦታ ደጊሙ ይምድቦ።

<u>ዓንቀፅ 10 ዝውውር ስራሕ ኣብ ውሽጢ ምድብ</u>

10.01 እቲ ናይ ስራሕ ዝውውር ኮሚቴ ኣብ ውሽጢ ሕድሕድ ምድብ ዘለዉ ስራሕቲ ከለሊ እዩ፣ ከምኡ እውን ዝበለፀ መፍረያይነት፣ ውሕስነት ኣብቲ ስራሕን ዕግበት ስራሕን ንምትብባዕ ሰራሕተኛታት ኣብ ውሽጢ ምድቦም ስራሕ ክለዋወጡ ይፍቀደሎም። ናይ ስራሕ ዝውውር ኮሚቴ ብመሰረት ዋንነት ስራሕ ዝበሃል የለን ብዝብል መትከል ዝውውር ስራሕ ንምውሳን ምስ ዝተፀለዉ ሰራሕተኛታት ክማኸር ይስማዕማዕ። ንውሓት ግዘ ወይ ከዓ ዕምሪ በቲ ናይ ስራሕ ዝውውር ኮሚቴ ይውሰን፣ ምስ ዕላማታት ናይ ዝውውር ስርዓት ዝላዘብ።

እቲ ኩባንያ ካብ ኣርባዕተ (4) በቲ ማሕበር ዝሸሙ ሰራሕተኛታት፣ ካብኣቶም ሓደ ናይ ምሉእ እዋን ወኪል ማሕበር ክኸውን ዝኽእል፣ ከምኡ እውን ኣርባዕተ (4) ብምምሕዳር ዝሸሙ ወኪላት ኩባንያ ዝሓዘ ናይ ስራሕ ዝውውር ኮሚቴ ክምስርት ይስማዕማዕ።

ኣብ ውሽጢ ሕድሕድ ምድባ ዘለዉ ቦታታት ንዝውውር ኣብ ምልላይ፣ እቲ ኮሚቴ ናይ ውሕስነትን ኢርጎኖምያዊ ድልየታት ሰራሕተኛታት፣ ካልኦት ስራሕቲ ናይ ምስራሕ ክእለቶም፣ ከምኡ እውን እቲ ሰራሕተኛ ንሱ ተመሳሳሊ ስራሕ እናሰርሐ ዝፀንሐሉ ንውሓት ግዘ ናብ ግምት ከእቱ ኣለዎ። እቲ ኩባንያ ናይ ግድን ኩሎም ስራሕቲ ክዘዋወሩ ከምዘይብሎም ይስማዕማዕ።

እቲ ዝተጠቐሰ ኮሚቴ ነቲ ዝውውር ምሉእብምሉእ ንምውሳንን ንምትግባርን ንዘድሊ

መቓን ግዘ ካብ ሓደ ግዘ ኣብ ሓደ ካላንደር ወርሒ ዘይዋሓደ ክራኸቡ ኣለዎም። እቲ ስርዓት ዝውውር ስራሕ ብኣድማዒነት ይሰርሕ ከም ዘሎ ንምርግጋፅ ድግግም ኣኼባታት ብኡ መሰረት ክኽለስ ኣለዎ። እቲ ፕረዚደንት ማሕበርን ፀሓፊ ተሓዚ ገንዘብን እቲ ኮሚቴ ክፈትሖም ኣብ ዘይኽእል ዝኾኑ ጉዳያት ምስቲ ኣካያዲ ስራሕ ትካልን ልዑል ኣካያዲ ስራሕ ሓይሊ ሰብን ክሳተፉ ይስማዕምዑ።

ምስ ምዝውዋር ኣብ ውሽጢ እቶም ክፍልታት ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ዝተትሓሓዙ ሰነዳት ክሕተት ከሎ ናብቲ ማሕበር ክቀርቡ እዮም።

ዓንቀፅ 11 ሓፈሻዊ ባዓላት

11.01 (a) እቲ ኩባንያ ንኩሎም ስሩዕ ሰራሕተኛታት ንዓሰርተ ሓደ (11) ደሞዝ ዘለዎም ሓፈሻዊ በዓላት ብስሩዕ መጠን ደሞዞም ሽሞንተ (8) ሰዓታት ክኸፍሎም ይስማዕማዕ፣ ንሳቶም ድማ፡

መዓልቲ ሓዱሽ ዓመት	መዓልቲ ሽቃሎ
መዓልቲ ሉዊስ ሪየል	ዕለተ ምስጋና
ዓርቢ ስቕለት	መዓልቲ ዝኽሪ
መዓልቲ ቪክቶርያ	መዓልቲ ልደት
መዓልቲ ካናዳ	Boxing Day
ዜግነታዊ በዓል	

ከምኡ እውን ብፌደራላዊ ወይ ከዓ ክፍለ ሃገራዊ መንግስቲ ዝተኣወጁ ዝኾኑ ካልኦት መዓልትታት። ዓሰርተ (10) ወይ ከዓ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓት ሽፍቲ ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታ ወይ ከዓ ስሩዕ ትርፊ ንዝሰርሑ፣ ኣብ ናይ መወዳእታ ኣርባዕተ (4) ሰሙናት ዝሰርሑዎ ማእኸላይ ንውሓት ናቶም ሽፍቲ ክኸውን እዩ።

(b) ኣብ 11.01 (a) ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ሓፈሻዊ በዓላት ኣብ ዕድመ እዚ ሓበራዊ ውዕል ኣብ ዝወዓልሉ ካለንደራዊ መዓልቲ ክፅምበሉ ኣለዎም።

እንድሕር ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ውሽጢ ዝተመደበ ናይ ስራሕ ሰሙን ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ዘይዊዒሉ፣ **እዚ ዝስዕብ ይትግበር፡**

- **ካብ ሶኑይ – ዓርቢ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት:**
  - **ቀዳም ዝውዕሉ ሓፈሻዊ በዓላት፣ እቲ ሓፈሻዊ በዓል ቅድሚ እቲ ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ዘሎ ቀጥታ ዓርቢ ይበዓል። እንድሕር እቲ ዓርቢ እውን ሓፈሻዊ በዓል ኮይኑ ቅድሚ እቲ ሓፈሻዊ በዓል ዘሎ ቀጥታ ሓሙስ ዝበዓል መዓልቲ ይኾን።**
  - **ሰንበት ዝውዕሉ ሓፈሻዊ ባዓላት፣ እቲ ሓፈሻዊ በዓል ነቲ ሓፈሻዊ በዓል ብቀጥታ ኣብ ዝኽተል ሶኑይ ክበዓል እዩ። እንድሕር እቲ ሶኑይ ንሱ እውን ሓፈሻዊ ባዓል ኮይኑ፣ ነቲ ሓፈሻዊ በዓል ብቀጥታ ዝክተል ሶሉስ ዝበዓል መዓልቲ ይኾን።**
- **ካብ ሶኑይ – ዓርቢ ዘይሰርሑ ሰራሕተኛታ:**

- ንሱ ወይ ንሳ፣ ብውሳነ እቲ ሰራሕተኛ፣ ወይ ተወሳኺ ናይ ሸሞንተ (8) ሰዓት ደሞዝ ይወስድ፣ **(ብስሩዕ ዓሰርተ (10) ወይ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓት ሽፍቲ ንዝሰርሑ ዓሰርተ (10) ወይ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓታት)** ፣ ወይ ካልእ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ ምስ ደሞዝ፣ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ (30) ካላንደራዊ መዓልቲ፣ ወይ **እንድሕር ድሕሪ እቲ ሳላሳ (30) ናይ ካላንደር መዓልቲ ኮይኑ፣** ምምሕዳርን ሰራሕተኛን ብሓባር ዝተስማዕምዑሉ መዓልቲ ይወስድ፣ ንኹሎም ኣብ ሰሙን እቲ ሓፈሻዊ ባዓል ዝተሰርሑን ዝተኸፈሉን ሰዓታት ብተወሳኺ፣ እቲ ሰራሕተኛ ብመሰረት ዓንቀፅ 11.04 ዝበቅዕ እንተደኣ ኮይኑ።

(c) ካብ ሰንበት – ሓሙስ ንክሰርሑ ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት፣ እሞ ድማ እቲ ሓፈሻዊ በዓል ሶኑይ እንተደኣ ዊዒሉ፣ ዝተጠቀሱ ሰራሕተኛታት ነቲ ሓፈሻዊ በዓል ብቀጥታ ኣብ ዝመርሕ ሰንበት የብዕሉ።

11.02 ናይ ምሉእ እዋን ወይ ከዓ ከፊል እዋን ሰራሕተኛ ንሓፈሻዊ በዓል ደሞዝ ንክቕበል ምእንታን፣ ቅድሚ ወይ ድሕሪ ከምዚ ዝበለ በዓል ኣብ ዘሎ ዝተመደበ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብፍቓዱ ካብ ስራሕ ክቦክር የብሉን ብዘይካ ብናይ ሕክምና ሰነድ ዝተደገፈ ሕማም።

ብሕቶ ሰራሕተኛ በቲ ኩባንያ ኣብ ዝተወሃበ ፍቓድ ቡኩራት ዘሎ ዝኾነ ሰራሕተኛ፣ እንድሕር ንሱ ወይ ንሳ ኣብ ክልቲኡ፣ ናቱ ወይ ናታ ቅድሚ እቲ ፍቓድ ቡኩራት ዝተመደበ ናይ መወዳእታ ናይ ስራሕ መዓልቲ ከምኡ እውን ኣብ ናቱ ወይ ናታ ድሕሪ እቲ ሓፈሻዊ በዓል ዝውዕለሉ ፍቓድ ቡኩራት ዘሎ ናይ መጀመርያ ዝተመደበ ናይ ስራሕ መዓልቲ፣ እንድሕር ቦኺሩ/ራ ንሓፈሻዊ በዓል ምስ ደሞዝ ክበቅዕ የብሉን። ስልሒት ናይ ሓፈሻዊ በዓል ደሞዝ ኣብ ዝተፈቐደ ዕረፍቲ ዘሎ ሰብ ኣብ ዓንቀፅ 11.04 ኣብ ታሕቲ ብዝተነፀረ ኣገባብ መሰረት ክስራሕ እዩ።

ኣብ ትሕቲ ሰሙናዊ ካሕሳ ጥቕማጥቕሚ ወይ ከዓ ናይ ሰራሕተኛታት ካሕሳ፣ ወይ ናይ ሕማም መዓልትታት ንሓፈሻዊ በዓል ክፍሊት ዝቕበሉ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት፣ ወይ ከዓ ዝተቐነሱ ናይ ሓፈሻዊ በዓል ደሞዝ ኣይግበኦምን።

11.03 ብቁዓት ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት ኣብ 11.01 ኣብ ላዕሊ ከም ዝተቐመጠ ኣብ ናይ ሓፈሻዊ ባዓል ደሞዞም ብንከያ ክህሰዩ የብሉምን፣ ከምኡ እውን ኣብ 5.03ን 5.04ን እዚ ውዕል ከም ዝተጠቐሰ ክኽፈሉ ኣለዎም።

11.04 ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ስሩዕ ዝተመደበ መዓልቲ ክውዕል እንከሎ፣ ብቁዓት ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ብመሰረት ኣብ እዋን ናይ መወዳእታ ኣርባዕተ (4) ሰሙናት ዝሰርሑዎ ማእኸላይ ሰዓት ንሓፈሻዊ በዓል ክካሓሱ ኣለዎም።

እንድሕር ባዓል ናይ ስራሕ ኣብዘይኮነ መዓልቲ ዊዒሉ፣ ብቁዓት ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ሓሙሽተ (5%) ሚኢታዊ ናይቲ ሰራሕተኛ፣ ቅድሚ እቲ ባዓል ንዘሎ ኣርባዕተ (4) ቀጥታ ሰሙናት ግዘ ጠቕላላ ደሞዝ፣ ሕላፍ ሰዓት ብምግዳፍ ክወስዱ ኣለዎም።

ዓንቀፅ 12 ደ ሞ ዝ

12.01 እቲ ዝነኣሰ መጠን ደሞዝ ኣብ ትሕቲ እዚ ውዕል ንዝመፁ ሰራሕተኛታት ኣብ ልጋብ “B” እዚ ውዕል ከምዝተቐመጠ ክኾን ኣለዎ። ኣብ ልጋብ “B” ዝተቐመጡ መጠናት ደሞዝ ዝነኣሱ መጠናት እዮም ንኩሎም ምድባት ድማ ተፈፃምነት ኣለዎም። እቲ ኩባንያ ኣብ ውሽጢ ምድብ ንዘለዉ ሰራሕተኛታት ካብቲ ናይ ምድብ መጠን ዝለዓለ ናይ ምኽፋል መሰል ይዕቅብ።

12.02 **ጉድኣት ኣብ ስራሕ**

ኣብቲ ትካል እንዳ ሰርሐ ዝተጎደአ ሰራሕተኛ ብልሙድ ክሰርሖም ዝኽእል ዝነበር ግን እቲ ሓደጋ ኣብ ዘጋጠመሉ መዓልቲ ንዝጠፍኡ ሰዓታት ኣታዊ ክስእን የብሉን። እቲ ዝተጎደአ ሰራሕተኛ ኣብ ልሙድ ዕምሪ ናቶም ሽፍቲ ብምድራኽ ኣብ ዝተጎድኡሉ መዓልቲ ዝሰርሑሉ ዝነበሩ ናይ ምድብ መጠን ሸሞንተ (8)፣ ዓሰርተ (10) ወይ ከዓ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓታት ክኽፈሎ እዩ። እቶም ሰራሕተኛታት በቲ ምምሕዳር እንድሕር ተሓቲቶም ናይ ሕክምናን ነቲ ዝተረፈ ሽፍቲ ናብ ስራሕ ቦታ ምምላስ ዘይምኽኣልን ዝተፀሓፈ መረጋገፂ ካብቲ ኣላዩ ሓኪም የቕርቡ።

ዓንቀፅ 13 ክፍሊት መቕሹሻት

13.01 **መቕሹሽ መራሕ ኢድ**

ብምምሕዳር ከም መራሕ ኢድ ዝተሾመ ሰራሕተኛ ንኩሎም ከም መራሕ ኢድ ዝተሰርሑ ሰዓታት ሰብዓን ሓሙሽተን (75¢) ሳንቲም ንሰዓት ክኽፈሎ ኣለዎ። ልዕሊ ዒስራን ሓሙሽተን (25) ሰራሕተኛታት ዘለዉዎ ክፍሊ ንሕድሕድ ሽፍቲ ሓደ መራሕ ኢድ ክህልዎ እዩ።

13.02 **ኣሰልጣኒ መሻርኽቲ**

ብምምሕዳር ከም ኣሰልጣኒ መሻርኽቲ ዝተሾመ ሰራሕተኛ ንኩሎም ከም ኣሰልጣኒ መሻርኽቲ ዝተሰርሑ ሰዓታት ተወሰኽቲ ሓምሳ (50¢) ሳናቲም ኣብ ሰዓት ክኽፈሎ ኣለዎ። ንምብቃዕ ሓደ ሰራሕተኛ ኩሎም ስራሕቲ ናይ ምስራሕ ክእለት ክህልዎ ኣለዎ። ምእንታን ግዱሳት ሰራሕተኛታት ከመልክቱ ኩሎም ናይ ኣሰልጣኒ መሻርኽቲ ቦታታት ክልጠፉ እዮም፣ ነገር ግን ቦታታት ብምምሕዳር እዮም ዝሾሙ።

እዚ መቕሹሽ በቲ ኩባንያ ከም ዝተወሰነ ዉፉይ ስልጠና ንክህቡ ንዝምደቡ ሰራሕተኛታት እውን ይትግበር እዩ። ከምዚ ዝበሉ ናይ ስልጠና ዕድላት ኣብቲ ሽፍቲን ኣብቲ ክፍሊን ንዘለዉ ዝለዓሉ ብቁዓት ሰራሕተኛታት ክወሃብ እዩ።

13.03 **መቕሹሽ ካብ ሽፍቲ ወፃኢ**

ካብ ሽፍቲ ወፃኢ መብዛሕተኦም ናይ ሰራሕተኛ ዝተመደቡ ሰዓታት ኣብ ሞንጎ 3:00 p.m.ን 7:00 a.m. ዝውዕሉሉ ሽፍቲ እዩ። እቲ ኩባንያ ካብ ሽፍቲ ወፃኢ ንዝሰርሕ ዝኾነ ሰራሕተኛ ንኩሎም ዝተሰርሑ ሰዓታት፣ ነቲ ናይቲ ሰራሕተኛ ስሩዕ ናይ ሰዓት መጠን ደሞዝ ብተወሳኺ ሓምሳን ሓሙሽተን (55¢) ሳንቲም ኣብ ሰዓት፣ ከምኡ እውን **ጥሪ 13፣ 2020 ዝትግበር ናብ ስልሳ (60¢) ሳንቲም ኣብ ሰዓት ዝውስኽ፣ ከምኡ እውን ጥሪ 1፣ 2022 ዝትግበር ናብ ስልሳን ሓሙሽተን (65¢) ሳንቲም ኣብ ሰዓት ዝውስኽ ክኽፍል ይስማዕማዕ።**

ዓንቀፅ 14 ዕረፍቲ ምስ ደሞዝ

14.01 ናይ ሕድሕድ ዓመት ናይ ዕረፍቲ ጠለባት ንዝኾነ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛ ከከም ናቱ ናይ ዕረፍቲ ምስ ደሞዝ እዋን ንክበቅዕ፣ ኣብ ታሕቲ ከም ዝተቐመጠ፣ ኣብ ተኸታታሊ ዓሰርተ ክልተ (12) ኣዋርሕ እዋን ንልዕሊ ሳልሳ (30) መዓልትታት ካብ ስራሕ ክቦኽሩ የብሎምን፣ ነገር ግን ግዘ ብኩራት ካብ ስራሕ ነዞም ዝስዕቡ ኣየካትትን፡

(1) ግዘ እቲ ዕረፍቲ፤

(2) እቲ ሰራሕተኛ ካብ ስራሕ ንኽቦክር በቲ ኩባንያ ዝተፈቀደሉ ግዘ (ፍቓድ ማሕበር ብምክታት)፤

(3) እቲ ሰራሕተኛ ኣብ WCB ወይ ከዓ ናይ ሓፂር እዋን ግድዓት ኣብ ዝነበረሉ ግዘ፤

ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛ ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቐሰ ንዕረፍቲ ምስ ደሞዝ ኣብ ዘይበቕዐሉ ግዘ ንሱ ወይ ከዓ ንሳ ብ ክልተ (2%) ሚኢታዊ ናቱ ወይ ናታ ዝረኸቦ ጠቅላላ ደሞዝ ዝስላሕ ናይ ዕረፍቲ ደሞዝ ንሕድሕድ ዝግበኦ ናይ ዕረፍቲ ሰሙን ክወስድ ኣለዎ፣ ናይ ዕረፍቲ ኣበል ንዘይተኸፈሎ።

14.02 ሚያዝያ 1 ካብ ሓደ (1) ዓመት ዝነኣሰ ናይ ምሉእ እዋን ዕብየት ዘለዎም ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት ምስ ኣርባዕተ (4%) ሚኢታዊ ናይ ዕረፍቲ ኣበል ኣብ ዘይተኸፈሎ ናይ ስራሕ ግዘ ክሳብ ሚያዝያ 1 ዝረኸብዎ ጠቅላላ ደሞዝ ማዕረ ዝኾነ መጠን ክወስዱ እዮም።

ከም እዚኦም ዝኣመሰሉ ሰራሕተኛታት ንዕላማ ዕረፍቲ፣ ካብ እዋን ሚያዝያ 1 ክሳብ መስከረም 30፣ ዘካትት፣ ወፃኢ ክሳብ ክልተ (2) ተኸታተልቲ ሰሙናት ዕረፍቲ ብዘይ ደሞዝ ክፍቀደሎም ኣለዎ፣ እንተዘይኮይኑ እቲ ሰራሕተኛን እቲ ኩባንያ ብሓባር ከም ዝተስማዕምዑሉ።

14.03 መሰል ዕረፍቲ ንምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት ብመሰረት ዓመታት ዕብየት ምሉእ እዋን፣ ብዘይካ ኣብ 14.19 ኣብ ታሕቲ ከም ዝተገለፀ፣ ከም ዝስዕብ ክኾን እዩ (ብዘይካ ንዕላማ ዕረፍቲ ምስ 2000 ዝተሰርሐ ወይ ዝተኸፈለ ሰዓታት ዝዳረግ ናይ ሓደ ዓመት ዕብየት ክወሃቡ ዘለዎም ናብ ምሉእ እዋን ዝሰጋገሩ ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት)፤

ሓደ (1) ወይ ልዕሊኡ ዓመታት ኣብ ሚያዝያ 1 - ናይ ክልተ (2) ሰሙን ዕረፍቲ ምስ ደሞዝ፤
ሓሙሽተ (5) ወይ ልዕሊኡ ዓመታት ኣብ ሚያዝያ 1 - ናይ ሰለስተ (3) እሙን ዕረፍቲ ምስ ደሞዝ፤
ዓሰርተ (10) ወይ ልዕሊኡ ዓመታት ብ ሚያዝያ 1 - ናይ ኣርባዕተ (4) ሰሙን ዕረፍቲ ምስ ደሞዝ፤
ዓሰርተ ትሽዓተ (19) ወይ ልዕሊኡ ዓመታት ብሚያዝያ 1 – ናይ ሓሙሽተ (5) ሰሙን ዕረፍቲ ምስ ደሞዝ።

14.04 ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ (10) ዓመታት ንሓሙሽተ (5) ዓመታት ዝተቆፀሩ ሰራሕተኛታት፣ ካብቲ ናይ ቀረባ እዋን ምሉእ እዋን ዝተቆፀሩሉ ዕለት ሓደ (1) ዓመት ናይ ምሉእ እዋን ዕብየት ምስ መልኡ፣ ናይ ሰለስተ (3) ሰሙን ዕረፍቲ ምስ ደሞዝ ይግበኦም።

14.05 ሰራሕተኛታት ከምኡ እንተደኣ ሓቲቶም፣ ዕረፍቶም ብተኸታታሊ ኣብ ኣዋርሕ ሚያዝያ 1 ክሳብ መስከረም 30 ዘሎ እዋን ክሳብ ዝለዓለ ናይ ሰለስተ (3) ሰሙን ዕረፍቲ ምስ

ደሞዝ (ኣብ ዓመት ሓሙሽተ (5) ሰሙናት ዕረፍቲ ንዝግበኦም ሰራሕተኛታት ኣርባዕተ (4) ሰሙናት ብተኸታታሊ) ክወሃቦም ኣለዎ፣ ብዘይካ ኣብ 14.06ን 14.07ን ከምዝተጠቐሰ፣ ወይ እቲ ሰራሕተኛን እቲ ኩባንያን ብሓባር እንተዘይ ተስማዕሚያምሉ።

ኣብ ትሕቲ **ዓንቀፅ 14.03 ደሞዝ ዘለዎ ዕረፍቲ ዝግበኦም ሰራሕተኛታት ንዕላማ ናብ ንፅል መዓልትታት ዕረፍቲ ምብታን ዕረፍቲ ምምዝጋብ ክሓብኡ ይኽእሉ። ኣብ ሚያዝያ 1 ካብ 10 ዓመታት ዝነኣሰ ግልጋሎት ዘለዎም ሰራሕተኛታት ሓደ (1) ሰሙን ናይ ዕረፍቲ መሰሎም ክሓብኡ ይኽእሉ ከምኡ እውን ኣብ ሚያዝያ 1 ናይ 10 ዓመታት ወይ ከዓ ልዕሊኡ ግልጋሎት ዘለዎም ሰራሕተኛታት ክልተ (2) ሰሙን ናይ ዕረፍቲ መሰሎም ክሓብኡ ይኽእሉ። እዞም ንፅል መዓልቲ ዕረፍትታት** በቲ ኩባንያ ኣቐዲሞም ክፍቀዱ ኣለዎም ከምኡ ድማ ንጠለባት እቲ ቢዝነስን ምህላው ሰደቓ ግዘ ዕረፍትን ይቃላዕ ወይ እንድሕር እቲ ኩባንያ ነቲ ሕቶ ክፈቅድ ዝኽእል ኮይኑ። ናይ ሓደ (1) መዓልቲ ዕረፍቲ ሕቶታት **ድሕሪ ሚያዝያ 1 ሕድሕድ ዓመት ብመሰረት ዓንቀፅ 14.08** ብመሰረት ቀዲሙ ዝመፀ፣ ቀዲሙ ይግልገል ይፀድቁ። ካብ ሓደ (1) ሰሙን ኣብ ዝነኣሰ ግዘ ዝውሰዱ ዕረፍትታት ን**ዓንቀፅ** 4.18 ኣይግዝኡን ከምኡ እውን ቅድመ ክፍሊት ኣይወሃብን። ከፊላዊ ዕረፍቲ ኣብ መወዳእታ እቲ ናይ ዕረፍቲ ዓመት ክኽፈል እዩ።

14.06 ናይ ኣርባዕተ (4) ሰሙን ዕረፍቲ ምስ ደሞዝ መሰል ዝወሃቦም ሰራሕተኛታት፣ እዞም ዝተጠቐሱ ዕረፍትታት ብተኸታታሊ ክወሃቦም ኣለዎ፣ ብዘይካ ኣብ ኣዋርሕ ሰነ፣ ሓምለ፣ ነሓሰ፣ መስከረምን ታሕሳስን፣ ኣብ ሞንጎ እቲ ሰራሕተኛን እቲ ኩባንያን እንተዘይ ተስማዕሚያምሉ።

14.07 እቲ ናይ ዕረፍቲ እዋን ንኹሎም ሰራሕተኛታት ካብ ሚያዝያ 1 ክሳብ መጋቢት 31 ክኾን ኣለዎ፣ እንተዘይኮይኑ እቲ ሰራሕተኛን እቲ ኩባንያ ብሓባር ከም ዝተስማዕምዑሉ።

14.08 **<u>ዕረፍቲ ምምዳብ</u>**

ዕረፍታት ኣብ ዝኾነ ግዘ ኣብ ምሉእ እቲ ካላንደራዊ ዓመት ክወሃቡ ይኽእሉ፣ ብጠለባት ቢዝነስ ዝውሰን ከምኡ እውን እንተበዝሐ ክሳብ ዓሰርተ (10%) ሚኢታዊ ኣብ ዝኾነ ክፍሊ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ጥራሕ ኣብ ሓደ ግዘ ዕረፍቲ ይፍቀዶም። **ኣስተውዑሉ እቲ ዓሰርተ (10%) ሚኢታዊ ኣብ ዕረፍቲ ንክኾኑ ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት ጥራሕ ዘካተተ እዩ ንዝኾነ ካልእ ምኽንያት ዝቦኽሩ ኣየካትትን።**

እቲ ኩባንያ ብዝሰርሕ ተቆፃፃሪኡ ኣቢሉ ካብ ጥሪ 1 ሕድሕድ ዓመት ጀሚሩ፣ ኣብ ሕድሕድ ክፍሊ፣ ብተርታ ዕብየት ኣብ ሕድሕድ ክፍሊ ንዘለዉ ሕድሕድ ሰራሕተኛ ናይ ዕረፍቲ ምርጫኦም ነቲ ቀዳማይ፣ ካልኣይን ሳልሳይን ሰሙን ናይ ዕረፍቲ መሰል ክጥይቕ ኣለዎ። ሰራሕተኛታት ብተወሳኺ ብተርታ ዕብየት፣ ኣብ ሓደ ግዘ ሓደ (1) ሰሙን፣ ንዝኾኑ ዝተረፉ ሰሙናት ዕረፍቲ ምርጫኦም የርእዩ።

ብቜዓት ሰራሕተኛታት ናይ ዕረፍቲ መሰሎም ክሓትቱ ከለዉ ምሉእ መሰሎም ኣብ ሓደ (1) ግዘ ክሓቱ ይኽእሉ፣ ንኣብነት፡ ንዓንቀፃት 14.05ን 14.06ን ዝግዛእ ኩሎም ሰሙናት ኣብ ሓደ (1) ናይ መጀመርታ "መረፃ" ምሕታት። እቲ ኩባንያ እንተደኣ ተፈቂዶም ነቲ ዝበዝሐ ዓሰርተ (10%) ሚኢታዊ ክሓልፉ ዝኽእሉ ናይ ዕረፍቲ ሕቶታት ኣብ ዝተቐበለሉ እሞ ድማ ንኩሎም ሕቶታት ኣብቲ ክፍሊ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ክፈቅድ ኣብ ዘይኽእለሉ ኣጋጣሚ፣ ዕብየት ክውስን ኣለዎ። ኣብቲ ክፍሊ ዝበዝሐ ዓሰርተ (10%) ሚኢታዊ ክሳብ ዝመልእ ምርጫ ነቲ ናይ ዝዓበየ ሰራሕተኛ ናይ ዕረፍቲ ሕቶ ይወሃብ።

እዚ ከይዲ ካብ መጋቢት 1 እቲ ዓመት ከይሓለፈ ክውዳእ ኣለዎ። ካብኡ እቲ ኣብ ስራሕ ዘሎ ተቆፃፅሪን እቲ ኩባንያን ምስቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰን ምስ ናይ ዕብየት ዓንቀፃት እቲ ሓበራዊ መደራደሪ ውዕልን ብዝስማዕማዕ፣ ነቲ ዝፀደቐ ናይ ዕረፍቲ ሰደቓ ግዘ ካብ ሚያዝያ 1 ከይሓለፈ ክልጠፍ ኣለዎ ከምኡ እውን ተለጢፉ ክፀንሕ ኣለዎ። እቲ ሰራሕተኛ ብተወሳኺ ፅሑፋዊ መረጋገፂ ዝፀደቕ ወይ ከዓ ዝተነፀገ ናይ ዕረፍቲ እዋኑ

ካብ ተቐፃፃሪኦም ይረኽቡ። እቲ ዝተጠቐሰ ናይ ዕረፍቲ ሰደቓ ግዘ እቲ ሰራሕተኛን እቲ ኩባንያን እንተዘይ ተስማዕሚፆምሉ ክልወጥ የብሉን። እቲ ዝተለጠፈ ናይ ዕረፍቲ ሰደቓ ግዘ ዝኾኑ ለውጥታት ወይ ከዓ ዝፀደቐ ተወሳኺ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ንምርኣይ ኣብ ወርሒ ሓደ ግዘ ክመሓየሽ እዩ። እቲ ኩባንያ በቲ ሰራሕተኛ ከም ዝተሓተተ ናይ ዕረፍቲ ግዘ ክህብ ቅኑዕ ፃዕሪ ክገብር እዩ። ድሕሪ እቲ ከይዲ መረፃ ዕረፍቲ ምውድኡ ዝሕተቱ ዕረፍትታት ብቀዲሙ ዝመፀ ቀዲሙ ይተኣናገድ መሰረት ክተኣናገዱ እዮም። ካብቲ ከይዲ መረፃ ዕረፍቲ ወፃኢ ናይ ዕረፍቲ ሕቶ ዘቕርቡ ሰራሕተኛታት ፅሑፋ ሕቶ ናብቲ ተቐፃፃሪኦም ከቕርቡ እዮም ከምኡ እውን ፅሑፍ መረጋገፂ ወይ ከዓ ንፅገት ካብቲ ተቐፃፅሪ መሊሶም ይቕበሉ።

ኣብ ምስላሕ እቲ ዓሰርተ (10%) ሚኢታዊ፣ እቲ ቁፅሪ ክፀጋጋዕ እዩ። ኣብ ሓደ ክፍሊ ኣርባዕተ (4) ሰራሕተኛታት እንተደኣ ሃልዮም፣ ኣብ ሓደ ግዘ እንተነኣሰ ሓደ (1) ሰራሕተኛ ናብ ዕረፍቲ ክኸድ ይፍቀደሉ።

ብውሳነ እቲ ኩባንያ፣ እቲ ዓሰርተ (10%) ሚኢታዊ ንክሕለፍ ዝፈቕዱ ኩነታት ክህልዉ ይኽእሉ።

14.09 ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛ ናይ ዕረፍቲ እዋን ክውዕል ከሎ፣ ተወሳኺ ናይ ሓደ መዓልቲ ዕረፍቲ ክወሃብ ኣለዎ፣ **ተወሳኺ ናይ ሓደ መዓልቲ ደሞዝ ክወሃብ ኣለዎ፣ ወይ ከዓ እቲ ናይ ዕረፍቲ እዋን ብተወሳኺ ሓደ መዓልቲ ይናዋሕ፣** እንድሕር እቲ በዓል እቲ ሰራሕተኛ ንሱ ወይ ንሳ ይሰርሕ ተዝህሉ ነይሩ ክረኽቦ ክኽእል ዝነበር ኮይኑ። ምምራፅ እቶም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ መማረፅታት ብሓበራዊ ስምምዕ ክኾን ኣለዎ። እንድሕር ተወሳኺ ናይ ሓደ መዓልቲ ዕረፍቲ ምሃብ ስራሕ ዘሰናኽል ወይ ከዓ ውደባ ናይ ዕረፍቲ ሰደቃ ግዘ ዘዕንቅፍ ኮይኑ፣ ኣብ ክንዲ ተወሳኺ ናይ ሓደ መዓልቲ ዕረፍቲ ተወሳኺ ናይ ሸሞንተ ሰዓት መዓልቲ ክፍሊት **(ወይ ከዓ ብልሙድ ዓሰርተ (10) ወይ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓት ሽፍቲ ንዝሰርሑ ዓሰርተ (10) ወይ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓታት)** ክወሃቦም ኣለዎ።

14.10 ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛ ዝፀደቐ ዝተመደበ ናይ ዕረፍቲ ዕለት በቲ ኩባንያ ብዘይ ናይ ክልተ (2) ሰሙን ዝቐደመ ምልክታ ኣይልወጥን ከምኡ ድማ እቲ ሰራሕተኛ ንመዓላ ዕረፍቲ መረዳእታ ክምለስ ዘይኽእል ገንዘባዊ መብፃዓ ኣቕሪቡ ብምንም ኣጋጣሚ ክልወጥ ኣይኽእልን።

14.11 እንድሕር ናይ ምሉእ ሰዓት ሰራሕተኛ ብምኽንያት ፅኑዕ ሕማም (ናይ መዓልቲ መጥባሕቲ ንዘይምምላእ) ወይ ከዓ ጉድኣት ኣብ ዕረፍቲ ብሓኪም ኣብ ገዝኣ ወይ ገዝኡ ወይ ኣብ ሕክምና ንክፀንሕ ተወሲኑ፣ እቲ ሰራሕተኛ ተረፍ ናቱ ወይ ናታ ዕረፍቲ ናይቲ ሰራሕተኛ ናብ ስራሕ ምምላስ ስዒቡ ግን ካብቲ እዋን ዕረፍቲ ወፃኢ ካብ ሚያዝያ 1 ክሳብ መስከረም 30 ደጊሙ ክምደብ ክሓትት ይኽእል።

14.12 ናይ ምሉእ እዋን ዕረፍቲ መሰል ምስ ዕለት ብቕዓት ሚያዝያ 1 ኽጋጠም ካብ ሚያዝያ 1 ክሳብ መጋቢት 31 ክውሰድ ኣለዎ።

ሰራሕተኛታት ክሳብ ክልተ (2) ሰሙናት ኣብ ስራሕ ዘይወዓለ ናይ ዕረፍቲ ግዘን ደሞዝን ካብ ዓመት ናብ ዓመት ክዓቑሩ ይፍቀደሎም።

14.13 ካብ ሓደ (1) ዓመት ዝነኣሰ ዝሰርሑን ስርሖም ዝተቋረፀን ሰራሕተኛታት፣ ብ ኣርባዕተ (4%) ሚኢታዊ ዝኾነ ናይ ዕረፍቲ ደሞዝ ኣብ ዘይተቐበሉሉ ግዘ ዝረኽቡዎ ጠቕላላ ደሞዝ ዝተሰልሐ ናይ ዕረፍቲ ደሞዝ ክወስዱ ኣለዎም።

ከፊል እዋን

14.14 ናይ ከፊል እዋን ሰራሕተኛታት ብመሰረት ናይ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ጥሪ 1 ክሳብ ታሕሳስ 31 ዘእተዉዎ ጠቕላላ ደሞዝ ናይ ዕረፍቲ ደሞዝ ኣበል ይወስዱ፣ ተመሳሳሊ ድማ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ሕድሕድ ዓመት ክኽፈል ኣለዎ። ኣብ ታሕቲ ከም ዝተሓንፀፀ ናይ ምርካብ መሰል ብመሰረት ዓመታት ዕብየት ምስቲ ኩባንያ ንታሕሳስ 31 ሕድ ሕድ ዓመት እዩ፡

ካብ ሓሙሽተ (5) ዓመታት ዝነኣሰ	- 4%
ሓሙሽተ (5) ዓመታት ግን ካብ ዓሰርተ (10) ዓመታት ዝነኣሰ	- 6%
ዓሰርተ (10) ዓመታት ግን ካብ ዓሰርተ ትሽዓተ (19) ዓመታት ዝነኣሰ	- 8%
ዓሰርተ ትሽዓተ (19) ዓመታትን ልዕሊኡን	- 10%

14.15 ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ (10) ዓመታት ንሓሙሽተ (5) ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዝተቆፀሩ ሰራሕተኛታት ዝኾነ ናይ ዕረፍቲ ደሞዝ ንዘይተቐበሉሉ ናይ ዕረፍቲ እዋን ሽድሽተ (6%) ሚኢታዊ ጠቕላላ ዘእተዉዎ ደሞዝ ክወስዱ ኣለዎም።

14.16 ብፅሑፋዊ ሕቶ እቲ ሰራሕተኛ፣ እቲ ኩባንያ ንመዓላ ዕረፍቲ ብዘይ ደሞዝ ዕረፍቲ ክፈቅድ ይስማዕማዕ፣ ብመሰረት ናይቲ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛ መደብ ነቲ መሰል ዕረፍቲ ንበዝሒ መሰል ዝወሃቦ ሰሙናት ጥራሕ። ሰለስተ (3) ተኸታተልቲ ሰሙናት ኣብ ሚያዝያ፣ ግንቦት፣ ሰነ፣ ሓምለ፣ ነሓሰ፣ ወይ መስከረም ኣዋርሕ ክዋሃባ ኣለወን፣ እቲ ዝተረፈ ኣብ ዝኾነ ካሊእ ወርሒ ይወሃብ፣ እንተዘይኮይኑ እቲ ኩባንያን እቲ ሰራሕተኛን ከም ዝተስማዕምዑሉ።

ሓፈሻዊ

14.17 እቶም ቃላት "ዝተረኸበ ጠቕላላ ደሞዝ" ፣ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተጠቐሱ፣ ኣብቲ ናይ ክፍለ ሃገር ማኒቶባ *ደንቢ መለክዒ ስራሕ* ክውሰን ኣለዎ።

14.18 ሓደ ሰራሕተኛ ናይ ክልተ ሰሙን ምልክታ እንተደኣ ሂቡ ነቶም ሰራሕተኛታት ናይ ዕረፍቲ ደሞዞም ኣቐዲሙ ክኸፍል እቲ ኩባንያ ይስማዕማዕ።

14.19 እቲ ኩባንያ ናይ ዕረፍቲ እዋን ንሕድ ሕድ ሰራሕተኛ ናይ ምውሳን መሰሉ ይዕቅብ፣ በቲ ዓንቀፃት ዕብየት እዚ ውዕል ዝግዛእ።

14.20 ንመዓላ መሰል ዕረፍቲ ኣብ ዓንቀፅ 14፣ ዓመታት ዕብየት ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቐሰ ሰራሕተኛ ተቐኒሱሉ ዝነበረ ንውሓት ግዜ ከማልእ የብሉን።

14.21 በቲ ኩባንያ ናብ ስራሕ ዝተመለሱን ዘእተዉዎ ዕረፍቲ ዝተኸፈለን ሰራሕተኛታ፣ ካብ ዝምለሱ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ተመጣጣኒ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ክወስዱ መሰል ይህልዎም።

ዓንቀፅ 15 መሰላትን ተግባራትን ምምሕዳር

15.01 ናይ ምትላም፣ ምእዛዝን ምቁፅፃርን ኣሰራርሓ ትካል መሰል፣ ስነ ምግባርን ብቕዓትን

ሰራሕተኛታት ናይ ምሕላውን ሰራሕተኛታት ሕግታትን ደንቢታትን ኩባንያ ክኽተሉ ናይ ምግባርን መሰል፤ ናይ ምቁፃር፣ ምቕናስ ወይ ምምዳብ ናይ ሰራሕተኛታ ናይ ስራሕ ሰዓታት መሰል፤ ናይ ምሻም መሰል፣ ንፍትሓዊ ምኽንያት ካብ ሽመት ናይ ምውራድ፣ ናይ ምቕፅዕ፣ ናይ ምውንዛፍ ወይ ምብራር ሰራሕተኛታት መሰል ብምጥቕላል ምምሕዳር እቲ ኩባንያን ምእዛዝ እቲ ናይ ስራሕ ሓይሊን ውልቂ መሰልን ተግባርን እቲ ምምሕዳር እዮም።

15.02 እቲ ኩባንያ ናይ ኣተኣላልያ ፍርያታት እቲ ትካል ውልቂ ፈራዲ እዩ።

15.03 ምትግባር እዞም ኣቐዲሞም ዝተጠቐሱ መሰላት ንዝኾኑ ንፁር ዓንቀፃት እዚ ውዕል ክልውጥ የብሉን።

15.04 ነዚ ውዕል ኣብ ምምሕዳር፣ እቲ ኩባንያ ብቕንዕና፣ ብሓቂ፣ ብግርህነትን ምስቲ ውዕል ብምሉኡ ብዝቃዶ መንገዲን ከተግብር ኣለዎ።

ዓንቀፅ 16 ጥዕናን ውሕስነትን

16.01 እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ንጥዕናን ውሕስነትን ሰራሕተኛታት ኣብ ዝተቐፀሩሉ ሰዓታት ፍትሓዊ ደንቢታት ከውፅኡ ኣለዎም።

16.02 **ኮሚቴ ጥዕናን ውሕስነትን**

እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ካብ ክልቲኦም ወገናት ማዕር ውክልና ዘለዎ ዓሰርተ ሽድሽተ (16) ኣባላት ዘለዉዎ ናይ ውሕስነት ኮሚቴ ክምስርቱ ይስማዕምዑ። ተግባራት እዚ ኮሚቴ ንኩሎም ሰራሕተኛታት ውሑስ ናይ ስራሕ ኩነታት ከም ዝተሓለዉ ምርኣይ እዩ። ኣኼባታት እቲ ኮሚቴ ኣብ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓታት በቢ ወርሑ ክግበሩ ኣለዎም።

ኣብ ዝተኸኣለሉ እዋን፣ ከምዚ ዝበሉ ኣኼባታት ኣብ ሳልሳይ ሰሙን ሕድሕድ ወርሒ ክግበር እዮም። ብፍቓድ ምምሕዳር ኣብ ምምርማር ናይ ጥዕናን ውሕስነትን ጉዳያትን ኣብ ናይ ጥዕናን ውሕስነትን ኣኼባታትን ዝሓልፍ ግዘ ኩሉ ደሞዝ ዘለዎ ግዘ ክኾን ኣለዎ።

እቲ ኩባንያ ነቲ ኮሚቴ/ኣቦ ወምበር ሓላፍነቶም ንምውፃእ እኹል ናይ ዕረፍቲ ግዘ ክህቦም ይስማዕማዕ።

16.03 እቲ ኮሚቴ ጥዕናን ውሕስነትን ብዛዕባ ዝተሰበሩ ወይ ከዓ ዝተባላሸዉ መሳርሕታት ኣብ ስርዑ ስብሰባ ኮሚቴ ይመያየጡ።

16.04 እቲ ኩባንያ ምስ ጥዕናን ውሕስነትን ኣብ ዝተትሓሓዙ ሰሚናራት፣ ስልጠናታትን ኣኼባታትን ንክሳተፉ፣ ንኩሎም ካፕቴናት ውሕስነት ክሳብ ኣርባዕተ (4) ልሙድ ናይ ስራሕ መዓልትታት ዕረፍቲ (ክልተ (2) በቲ ኩባንያ ዝኽፈሉን ክልተ (2) በቲ ማሕበር ዝኽፈሉን) ንሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ዓመት ከምኡ እውን ንኣባላት እቲ ኮሚቴ ውሕስነት ክሳብ ሓሙሽተ (5) ልሙድ ናይ ስራሕ መዓልትታት ዕረፍቲ (ክልተ (2) በቲ ኩባንያ ዝኽፈሉን ሰለስተ (3) በቲ ማሕበር ዝኽፈሉን) ንሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ዓመት ክህብ ይስማዕማዕ። ግዘን ምደባ ነዚ ዕረፍቲን እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ብሓባር ይስማዕምዑሉ።

16.05 ማንም ሰራሕተኛ ኣብ ሓደ መዓልቲ ብዘይ እንተነኣሰ ናይ ዓሰርተ (10) ደቒቓ መረጋግኢ እዋን ካብ ሓደ ሕማቕ ናይ ስራሕ ኩነታት ናብ ካልእ ክስደድ የብሉን፣ ንኣብነት ካብ ናይ ቅትላ ምድሪ ናብ መዝሓሊ።

16.06 ቀዳማይ ደረጃ ረዲኤት ንኹሎም ሰራሕተኛታት ኣብ ኩሉ ሽፍቲ ድሉው ክኾን ኣለዎ። ስም ቀዳማይ ደረጃ ረዲኤት ንክህቡ በቲ ፕሮግራም እቲ ኩባንያ ወይ እቲ ማሕበር ብዕዉት ሰልጠነኦም ዝወዱኡ ኩሎም ሰራሕተኛታት ኣብቲ ሰሌዳ ምልክታ ክልጠፍ እዩ ከምኡ እውን ኩሎም ዝሰልጠኑ ሰራሕተኛታት ኣብ እዋን ሓደጋ ንክልለዩ ቀዋሚ ጠባቒ ፅሑፍ ኣብ ሀልመቶም ይገብሩ።

16.07 **<u>ሓደገኛ ስራሕ ናይ ምንፃግ መሰል</u>**

ሓደ ሰራሕተኛ ሓደ ስራሕ ንናቱ ወይ ናታ ውሕስነት ወይ ከዓ ጥዕና ሓደገኛ ከም ዝኾነ ንክኣምን እኹል ምኽንያት ኣብ ዝሃለዎ ከምኡ ድማ ኣብ ዝኣመነሉ ኣጋጣሚ እቲ ሰራሕተኛ ናቱ ወይ ናታ ስግኣት ናብ ናቱ ወይ ናታ ቀጥታ ተቓፃፃሪ ክሕብር ኣለዎ። ነቲ ኩነታት ንምእራም ፈጣን ስጉምቲ እንተደኣ ዘይተወሲዱ ወይ ከዓ እቲ ሰራሕተኛ መአረምታ ስጉምቲ ከም ዘየድሊ ተነጊሩ፣ ይኹን እምበር እቲ ስራሕ ንሱ ንናቱ ወይ ናታ ውሕስነት ወይ ጥዕና ሓደገኛ ከም ዝኾነ ምእማን እንተቐፂሉ፣ እቲ ኩባንያ፣ ሰራሕተኛ መሻርኽቲ ኣቦ ወንበር እቲ ሓበራዊ ኮሚቴ ጥዕናን ውሕስነትን ከምኡ እውን እቲ ሰራሕተኛ ነቲ ኩነታት ክምርምርዎ ኣለዎም። ድሕሪ እቲ ምርመራ እቲ ኩነታት እንተደኣ ዘይተኣሪሙ፣ ሓደ ሰብ ነቲ ስራሕ ካብ ብቑዕ ናይ መንግስቲ ትካል ናብቲ ስራሕ ኩባንያ ብቀጥታ ንክምርምር ክሳብ ዝመፅእ፣ እቲ ሰራሕተኛ ነቲ ስራሕ ንሱ ምስራሕ እምቢ ክብል መሰል ኣለዎ። ኣብዚ እዋን እዙይ እቲ ሰራሕተኛ ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ክህልዉ ናብ ዝኽእሉ ካልኦት ቅያር ሓላፍነታት ክምደብ ይኽእል። እቲ ሰራሕተኛ ቅያር ሓላፍነታት ኣይሰርሕን እንተዳኣ ኢሉ ኣብ ላዕሊ ንዝተጠቐሰ ወቕቲ ግዘ ክፍሊት ኣይወሃቦን።

16.08 ንሰራሕተኛታት ካብ ጉድኣት ብግቡእ ንምክልኻል ኣብ 16.08 ዘይተጠቐሱ ከም ኣገደስቲ ዝቑፀሩ መከላኸሊ መሳርሕታትን ካልኦት ናውትን በቲ ኩባንያ ክቕርቡ ኣለዎም። በቲ ኩባንያ ዝቕርቡ መከላኸሊ መሳርሕታትን ናውትን ኣብ ፅቡቕ ኩነታትን ትኽክል መጠንን ዝኾኑ እዮም፣ እንተደኣ ትኽክል መጠን ዘቕርብ መቕረቢ ሃልዩ። ሓደ ሰራሕተኛ መጠን ወይ ናይ ምስራሕ ኩነታት ዝኾነ ናውቲ ወይ መከላኸሊ መሳርሒ ዝምልከት ሓቀኛ ስግኣት ንምምሕዳር ኣብ ዘልዕለሉ ኣጋጣሚ፣ እቲ ኮሚቴ ጥዕናን ውሕስነትን ነቲ ስግኣት መርሚሩ እቶም ናውቲ ወይ ከዓ መከላኸሊ መሳርሕታት ትኽክል መጠን ከምዝኾኑን ኣብ ፅቡቅ ዝሰርሑ ኩነታት ከምዘለዉን ንምርግጋፅ ኣገዳሲ ስጉምቲ ይወስድ። ከምዙይ ዝበሉ ስግኣታት ኣብቲ ዝቕፀል ኣኼባ ኮሚቴ ጥዕናን ድሕንነትን ትኹረት ይግበረሎም ከምኡ እውን እቶም ዝተረኽቡ ጉዳያት ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ (4) ሰሙናት እቲ ዛዕባ ዝተለዓለሉ ዕለት ኣኼባ ኮሚቴ ጥዕናን ውሕስነትን ነቲ ስጋእት ናብ ዘልዐሎ ሰራሕተኛ ክፅብፀቡ እዮም።

16.09 **<u>በቲ ኩባንያ ዝቕርብ መከላኸሊ ክዳን / ናውቲ</u>**

ዝተስታረረ መዝሓሊ ጃኬት፣ ስረ (ካምቻ ከም ኣድላይነቱ) ፣ ጋውናት፣ ጎማ ውድዮ እግሪ፣ ዌትዊር፣ “መፃወድያ ኣንጭዋ”፣ ካራታት፣ ኣቻዮ፣ ሰገባ፣ ናውቲ ድሕንነት ኢድ፣ ኮምብላስዮነ፣ ጓንትታት መርበብ፣ ራበር ጓንቲ፣ ሰኪዐት ፀጉሪ፣ ቆብዕ በረድ፣ ሰኪዐት ጭሕሚ፣ ናይ ጡጥ ጓንቲ፣ ሳልቬታ ሓጋይ ኮምብላስዮን፣ ፍርቂ ጓንቲ ሓጋይ ከምኡ እውን መዝሓሊ/ ናይ ሓጋይ ጃኬት በቲ ኩባንያ ክቕርቡ ኣለዎም፣ ከምኡ እውን መተካእታታት ከም ዝተፈቐዱዎ ብቑፅፅር ከም ኣድላይነቶም ክቕርቡ እዮም። ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቐሰ ምቕራብ ናውቲ ወይ ከዓ ምትካእ ናውቲ ብዘይ ምንም ወፃኢ እቲ ሰራሕተኛ ክኾን ኣለዎ።

በቲ ኩባንያ ዝቕርቡ መከላኸሊ ክዳውንቲ ከምኡ እውን/ ወይ ከዓ ናውቲ ኣብ ፅቡቕ ኩነታትን ትኽክል መጠንን ዝኾኑ እዮም፣ እንተደኣ ትኽክል መጠን ዘቕርብ መቕረቢ ሃልዩ። እንድሕር ትኽክል መጠን ዘይሃልዩ፣ ኮሚቴ ጥዕናን ውሕስነትን ብዝተስማዕምዑሉ ነዞም ሰራሕተኛታት ዕቅን ንክኾኑ ክልወጡ እዮም። ኩሎም ናይ ውሕስነት ናውቲ ፅቡቕ ፅርየት ዘለዎም ክኾኑ ኣለዎም።

በቲ ኩባንያ ዝቕረቡ መከላኸሊ ክዳውንቲ ከምኡ እውን/ ወይ ከዓ ናውቲ ብፍላጦም ዘበላሽዉ ሰራሕተኛታት ንመፀገኒ ወይ ከዓ መተክኢ ወፃኢ ሓላፍነት ይወስዱ። ምትካእ መዝሓሊ ጃኬት፣ ካራታትን ናውቲ ውሕስነትን ብውሳነ እቲ ተቐፃፃሪ ብ 1-ን-1 ልውውጥ መሰረት ክኾን ኣለዎ።

16.**10** **<u>ናውቲ</u>**

ናይ ሞያ ሰራሕተኛታት ናይ ዓርሶም ናውቲ ከቕርቡ ኣለዎም። እቲ ኩባንያ ንሕድሕድ ናይ ዓርሱ ናውቲ ዝጥቀም ሰራሕተኛ ብመሰረት ዝተቐፀሩሉ ዕለት ሰለስተ ሚኢቲ ($300.00) ዶላር ናይ ናውቲ ኣበል በቢ ሽድሽተ (6) ወርሑ ክህብ ይስማዕማዕ።

16.1**1** **<u>ካራ ምብላሕ</u>**

እንድሕር እቲ ኩባንያ ኣብላሒ ካራ ንክኾን ሓደ ሰራሕተኛ ኣብቲ ሽፍቲ ዘይመዲቡ፣ እቲ ኩባንያ ንከይዲ ምብላሕ ካራ ደሞዝ ዘለዎ እኹል ዕረፍቲ ኣብቲ ሽፍቲ ክህብ ይስማዕማዕ።

16.1**2** **<u>ስቲቫለ ውሕስነት</u>**

እቲ ኩባንያ ብመሰረት ውሕስነት፣ ነባርነትን ፅርየትን ጠለባት ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ንዘለዉ ከባቢታት ዝምቹ ውድዮ እግሪ ናይ ምውሳን መሰሉ ይዕቅብ። ፅርየትን መመዘኒ ውሕስነት ምግቢን ንምሕላው እቲ ውድዮ እግሪ አብ ግቢ እቲ ኩባንያ ክፀንሕ ኣለዎ። ሰራሕተኛታት ውድዮ እግሪ ኣብ ፅቡቕ ኩነታት ክዕቅቡ ትፅቢት ይግበረሎም።

እቲ ኩባንያ ንሕድሕድ ሰራሕተኛ ፅምዲ ፅርየት ዘለዎም ስቲቫለ ውሕስነት ወይ ከዓ ጎማ ስቲቫለ ውሕስነት ብነፃ ሕድሕድ ዓመት ከምኡ እውን ካብኡ ንደሓር ሕድሕድ ዓመት ኣብ ዕለት ዝኽሪ ዓመቶም ከቕርብ እዩ፣ ከምኡ እውን ኣቐዲሙ ብምኽንያት እርጋን ብፍቓድ ተቐፃፃሪ።

ብኩባንያ ዝቕረበ ውድዮ እግሪ ዝተወሃበም ኣመክሮኣዊ ሰራሕተኛታት ንሽድሽተ (6) ኣዋርሕ ንካሕሳ ብቐዓት ኣይኾኑን።

ኣብቲ ዓብዪ መዝሐሊ ኣብቲ መዝሓሊ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፣ ናይ ሓጋይ ስቲቫለን መተካእታ መደረብታን ከም ኣድላይነቱ ክወሃቦም እዩ።

ኣብ መንጠልጠሊ፣ ምጉዕዓዝ/ምቕባል ክፍሊ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ወይ ከዓ ኣብ ደገ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ምስ ኣብ ውሽጢ እቲ መዝሓሊ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ተመሳሳሊ ደረጃ ዘለዎም ናይ ሓጋይ ስቲቫለን መተካእታ መደረብታን ከም ኣድላይነቱ ኣብ ኣዋርሕ ጥቅምቲ 1 - ሚያዝያ 30 ክወሃቦም እዩ። ምትካእ ናይ ሓጋይ ስቲቫለን መተካእታ መደረብታን ብውሳነ ተቐፃፃሪ ብ 1 ን 1 ልውውጥ መሰረት ክኾን ኣለዎ።

ናይ ፅርየት ሰራሕተኛታትን ኣብ ከይዲ ዝተመደበ ስርሖም ክልቲኡ ጎማ ስቲቫለን ስሩዕ ስቲቫለን ክገብሩ በቲ ኩባንያ ዝሕተቱ ካልኦት ሰራሕተኛታትን ክልቲኡ ዓይነት ጫማ ክወሃቦም እዩ።

ሰራሕተኛታት፣ ብናይ ዓርሶም ምርጫ፣ ናይ ዓርሶም ብ CSA ተፈቀደ ስቲቫለ ውሕስነት ወይ ከዓ ጎማ ስቲቫለ ውሕስነት ክገዝኡ መሰል ክህልዎም ኣለዎ፣ እቲ ኩባንያ ድማ ድሕሪ መረጋገፂ ዕደጋ ክሳብ እንተበዝሐ ሓደ ሚኢትን ሰብዓን ሓሙሽተን (175$) ዶርላ ኣብ ሕድሕድ ካላንደራዊ ዓመት ሓደ ግዘ ክኽሕስ ኣለዎ፣ ጥሪ 1፣ 2021 ናብ ክልተ ሚኢቲ (200$) ዶላር ዝውስኽ።

ሰራሕተኛታት ናቶም ኣረጊት ስቲቫለ ክምልስዎ ትፅቢት ኣይግበረሎምን፣ ትፅቢት ዝግበረሉ ካብ ዝዕደለሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ (1) ወርሒ ናቶም ሓዱሽ ስቲቫለ ንበይኑ ምግባር እዩ።

16.13 **<u>ምትሕብባር ጥዕናን ውሕስነትን / ምቕናስ ሓደጋታትን ጉድኣታትን / ኢርጎኖሚክስ</u>**

እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ንምልላይን ምክትታልን ኣብቲ ትካል ዝፍጠሩ ጉድኣታት፣ ንምውጋድ ኩሎም ሓደጋታትን ጉድኣታትን፣ ተደጋጋሚ ናይ መግመይቲ ጉድኣታት ብምክታት ብሓደ ምስራሕ ብዝብል ራእይ ምስቲ ሓበራዊ ኮሚቴ ጥዕናን ውሕስነትን ክተሓባበሩ ይስማዕምዑ። እቲ ኩባንያ ቅዳሕ ናይ ኩሎም ናይ ሓደጋ ፀብፃባት ባህሪ እቲ ጉድኣት፣ ዕለት፣ ግዘ፣ ቦታ፣ ወዘተ ብምግላፅ ክህብ ይስማዕማዕ። **እቲ ጣብያ ቀዳማይ ደረጃ ረዲኤት ኩሎም ምርመራታትን ዕላማ እቶም ምርመራታትን መዝጊቡ ነቲ መረዳእታ ብዓመታዊ መሰረት ክእክቦ እዩ፣ ከምኡ ድማ ክሕተት ከሎ ነዚ መረዳእታ ናብቲ ማሕበር ከቕርብ ኣለዎ።**

እዚ መረዳእታ በቢ ወርሑ ነቲ ኮሚቴ ጥዕናን ውሕስነትን ክወሃብ ኣለዎ፣ ኣብ ሞንጎ እቲ ኩባንያን እቲ ኮሚቴ ጥዕናን ውሕስነትን ብሓባር ምቹው ዝኾነ ናይ ስራሕ ሰዓት ክቕርበሎም ኣለዎ፣ ንዕላማ ተወሳኺ ምርመራ ወይ ከዓ ምይይጥ ምስ ዝተጎደኣ ሰራሕተኛ፣ ወይ ከዓ ንምዕዛብ ናይ ስራሕ ኩነታት፣ ከምኡ ድማ ኣድላዪ እንተደኣ ኮይኑ ውፅኢት ምርመሮም ምስ ምኽሪ ዝተኣመመ ለውጢ ናብ ምምሕዳር ከምፅኡ።

እቲ ኩባንያ ነዞም ዝተኣመሙ ለውጥታት ኣብ ግምት ከእቱ ከምኡ እውን ምስቲ ኮሚቴ ጥዕናን ውሕስነትን እቲ ትካል ንክራኽብ ከም ኣድላይነቱ ኪኢላ ከምፅእን ኣብ ምውጋድ ሓደጋታት፣ እቲ ኩባንያ ከተግብሮም ዝኽእል ኢርጎኖምያዊ ለውጥታት ኣብ ምእማምን ንክሕግዝ ይስማዕማዕ።

እቲ ኮሚቴ፣ ኩልግዘ፣ ሰራሕተኛታት ብውሑስን መፍረያይን መንገዲ ክሰርሑ የተባብዕ።

16.14 **<u>ኢርጎኖሚክስ</u>**

እቲ ኢርጎኖሚክስ ኮሚቴ ኣብ ኢርጎኖሚክስ ጉዳያት እቲ ትካል ከትኩር እዩ። እቲ ኮሚቴ እንተነኣሰ ሰለስተ (3) በቲ ማሕበር ዝሾሙ ኣባላትን፣ ካብኣቶም ሓደ (1) ናይ ምሉእ እዋን ወኪል ማሕበር ክኸውን ዝኽእል፣ ሰለስተ (3) ካብቲ ኩባንያን ዝሓዘ እዩ። ዕላማ እቲ ኮሚቴ ኢርጎኖሚክስ ምትብባዕ ዝሐሸ መፍረያይነት፣ ውሕስነት ኣብ ስራሕ፣ ዕግበት ስራሕ፣ ከምኡ እውን ተደጋጋሚ ጉድኣት መግመይቲ ምቕናስ እዩ። እቲ ኮሚቴ ፍጥነት መስመርን ነቑጣ ቦታ ፍጥነት መስመርንን ብምክታት ናይ ስራሕ ተግባራትን ኣካይዳታትን ፈሊጡ፣ ኣለልዩን ኣፅኒዑን ኣብ መወዳእታ ተደጋጋሚ ዓይነት ጉድኣት ዝቕንሱ ኣድለይቲ ምኽርታት እቲ ምምሕዳር ንኸተግብሮም ይህብ። ዝኾነ ኣባል ሓበራዊ ኮሚቴ ጥዕናን ውሕስነትን ኢርጎኖምያዊ ፍተሻ ናይ ስራሕ ጣብያ ክሓትት ይኽእል።

ዓንቀፅ 17 ኣድማታትን ምዕፅው ስራሕን

17.01 ኣብ ህይወት እዚ ውዕል ምንም ኣድማታት፣ ምዕፅው ስራሕ፣ ምቁራፅ ስራሕ ወይ ቀስ ምባል ክህሉ ከም ዘይብሉ ብሓባር ርዱእ እዩ።

ዓንቀፅ 18 ናይ ማሕበር ወኪል ጉብንይት ናብቲ ትካል

18.01 ብግቡእ ኣገባብ ፍቓድ ዝተወሃቦም ናይ ምሉእ እዋን ወኪላት ማሕበር ነቲ ትካል ክግብንዩ ክኸእሉ ኣለዎም፣ ንዕላማ ምዕዛብ ናይ ስራሕ ኩነታት፣ ንኣባላትን ዘይተፈረሙ ሰራሕተኛታትን ቃለ መሕትት ንምግባር፣ ከምኡ እውን ውሒላት እቲ ሓበራዊ ውዕል ኣብ ስራሕ ይውዕሉ ከም ዘለዉ ንምርግጋፅ።

ናብቲ ትካል ክኣቱ ከሎን ቅድሚ ነቲ ትካል ምጉብናዩን፣ እቲ ወኪል ማሕበር ምስቲ ወኪል ምምሕዳር ክራኸብ ኣለዎ ከምኡ እውን ነቲ ትካል ክጉብንዩ ከምዝሓሰቡን ኩሎም ናይ ውሕስነትን ፅርየትን ጠለባት ክኽተሉ ከም ዘለዎምን ይሕብር።

18.02 ቃለ መሕትት ሓደ ሰራሕተኛ ብወኪል ማሕበር ነቲ ተቐፃፃሪ ድሕሪ ምሕባር ክፍቀድ ኣለዎ፣ ከምኡ እውን ከም ዝስዕብ ክኾን ኣለዎ፡

(1) ብምምሕዳር ኣብ ዝተረቁሐ ሓደ ቦታ ኣብቲ ትካል ዝግበር፤

(2) ኣብ ዝተኸኣለሉ እዋን አብ ናይ ምግቢ ግዘ ዝግበር። ነገር ግን፣ ተግባራዊ እንተደኣ ዘይኮይኑ፣,

(3) ኣብ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓታት። ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ደቓይቕ ዝሓልፍ ግዘ ዝወስድ ከምዙይ ዓይነት ቃለ መሕትት ብናይ ኩባንያ ግዘ ክኾን የብሉን ብፍቓድ ምምሕዳር እንተደኣ ዘይኮይኑ።

18.03 እቲ ኩባንያ ኣብ ምፍፃም ሓላፍነታቶም ምስቶም ወኪላት ማሕበር ክተሓባበር ከምኡ ምስቲ ሓበራዊ መደራደሪ ውዕል ስለ ዝተሓሓዝ ዘድሊ ሓበሬታ ከቕርቡሎም ይስማዕማዕ።

ዓንቀፅ 19 ፍ ቓ ድ ብ ኩ ራ ት

19.01 ወኪላት ቤት ዕዮ፣ ኣብ ዓንቀፅ 25 ከም ዝተቐመጠ፣ ኣብ ዋኒናት ማሕበር ንክሳተፉ ክሳብ ሸውዓተ (7) መዓልትታት ኣብ ዓመት ዕረፍቲ ብዘይ ደሞዝ ክወሃቦም ኣለዎ፣ እንተደኣ እቲ ኩባንያ ብዛዕባ ከምዙይ ዓይነት ሕቶ ናይ ክልተ (2) ሰሙን ምልክታ ኣቐዲሙ ተዋሂቡዎ። እቲ ናይ ሸውዓተ (7) መዓልቲ ገደብ ንቀንዲ ወኪል፣ ሓጋዚ ቀንዲ ወኪል፣ መሻርኽቲ ኣቦ ወንበር ጥዕናን ድሕንነትን ወይ ከዓ ናብቲ ፈፃሚ ቦርድ ዝተመረፁ ኣባላት ኣይሰርሕን፣ እዚኣቶም ሓላፍነታቶም ምስቲ ማሕበር ንምውፃእ ዘድሊ ግዘ ክወሃቦም ኣለዎ። ዕረፍቲ ኣብ ዘተ ንምስታፍ ናብ ዝኾኑ እዞም ገደባት ክቐፀር የብሉን።

19.02 ናይ ሓደ (1) ዓመት ወይ ከዓ ልዕሊኡ ዕብየት ዘለዎ ዝኾነ ሰራሕተኛ ኣብ ክልተ (2) ካላንደራዊ ዓመታት ሓደ ግዘ ክሳብ ክልተ (2) ሰሙን ፍቓድ ብኩራት ብዘይ ደሞዝ ክሓትት ይኽእል። ሰራሕተኛታት መጀመርታ ዝኾኑ ኣብ ግልጋሎት ዘይወዓለ ናይ ዕረፍቲ ግዘ ናብ ጥቕሚ ዝኾነ ፍቓድ ብኩራት ከውዑሉ ኣለዎም። እቲ ሕቶ ብፅሑፍ፣ ምሉእ ዝርዝር ዝህብ ክኾን ኣለዎ፣ በቲ ምምሕዳር እውን ብግለሰብ መሰረት ተመሳሳሊ ክሕሰብ ኣለዎ፣ ምኽንያት ነቲ ሕቶን ብመሰረት ናይ ኣሰራርሓ ጠለባት ነቲ ሕቶ ናይ ምፍቓድ ክእለቶምን ናብ ግምት ብምእታው። ከምዙይ ዝበሉ ሕቶታት ክልተ (2) ሰሙን ካብቲ ሕቶ ኣቐዲምካ ክቕርቡ ኣለዎም። ምፍቓድ ከምዙይ ዝበሉ ሕቶታት ቅኑዕ ብዘይኮነ መንገዲ በቲ ኩባንያ ክኽልኡ የብሎምን። ከምዚ ዝበሉ ዕረፍትታት ብቀዳምነት ካብ ሕቶታት ዕረፍቲ ዝተሓቱ እዮም ከምኡ እውን ንዓንቀፅ 14.08 ይግዝኡ። ፍቓድ ብኩራት ምስ ግዘ ዕረፍቲ ብምትስሳሣር ክውሰዱ ይኽእሉ።

እንድሕር ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ዕረፍቲ ነቲ ኩባንያ እንተየፍለጠ ንካሊእ ኣስራሒ ንክሰርሕ ተጠቒሙሉ ስራሕ ከም ዝለቐቐ ክሕሰብ ኣለዎ።

19.03 ብሳላሳ (30) መዓልትታት ዝቐደመ ፅሑፍ ምልክታ ካብቲ ማሕበር፣ እቲ ኩባንያ ኣብቲ ማሕበር ንምሉእ እዋን ቦታ ዝተመረፀ ወይ ዝተሾመ ሓደ (1) ሰራሕተኛ ክሳብ ሓደ (1) ዓመት ፍቓድ ብኩራት ክህብ ይስማዕማዕ። ከምዚ ዝበለ ፍቓድ ብኩራት ብዘይ ደሞዝ ወይ ከዓ ካልኦት ጥቕማጥቕሚ ክኾን ኣለዎ፣ ብዘይካ ዕብየት ክሳብ ዝበዝሐ ሓደ ካላንደራዊ ዓመት ክውህለል ክቕፅል ዘለዎ። እቲ ማሕበር ናይቲ ሰራሕተኛ ነቲ ኩባንያ ንምስራሕ ምምላስ እንተነኣሰ ክልተ (2) ሰሙን ኣቐዲሙ ነቲ ኩባንያ ከፍልጥ ኣለዎ።

19.04 **<u>ፍቓድ ወሊድ/ወላዲ</u>**

በቲ ኩባንያ ንሸውዓተ (7) ተኸታተልቲ ኣዋርሕ ወይ ዝነውሕ ተቐፂራ ዝፀንሐት ጓል ኣንስተይቲ ሰራሕተኛ፣ በቲ ኩባንያ ንዝወሃብ ፍቓድ ብኩራት ወሊድ ብቕዕቲ ክትኮን ኣለዋ። ዝተጠቐሰት ሰራሕተኛ ኣብ ዝተኽኣለሉ እንተነኣሰ ኣርባዕተ (4) ሰሙናት ቅድሚ እቲ ትፅቢት ዝግበረሉ ወሊድ ፅሑፍ ምልክታ ናብቲ ኩባንያ ክተቕርብ ይድለ፣ ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ ግን ምስራሕ ካብ ዘቋርፃ ካብ ክልተ (2) ሰሙናት ዘይሓለፈ፣ ዝግመተ ዕለት ወሊድ ዝገልፅ ናይ ሕክምና ሰርተፊኬት ብምክታት። ዝተጠቐሰት ሰራሕተኛ ድሕሪ ወሊድ በቲ ኩባንያ ክትቁፀር ኣለዋ፣ ድሕሪ ፍቓድ ወሊድ ብቐጥታ ፍቓድ ወላዲ ክትወስድ እንተዘይደልያ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሸውዓተ (17) ሰሙናት ክትምለስ ኣለዋ።

ሓንቲ ሰራሕተኛ ድሕሪ ፍቓድ ወሊድ ብኡንቡኡ ክትሰርሕ ኣብ ትምድበሉ ግዘ፣ ብፅሑፍ መመልከቻ ኣዳልያ፣ ነቲ ኩባንያ ናብ ስራሕ ክትምለሰሉ ካብ ዝሓሰበቶ መዓልቲ እንተነኣሰ ናይ ኣርባዕተ (4) ሰሙን ምልክታ ኣቐዲማ ክትህብ ኣለዋ። ነቲ ኩባንያ ብሕክምና ንክትሰርሕ ብቕዕቲ ከም ዝኾነት ዝምስክር ናይ ሓኪም ምስክር ወረቐት ክተቕርብ ኣለዋ።

ዕብየት ኣብ እዋን ፍቓድ ብኩራት ወሊድ ክውህለል ኣለዎ ከምኡ እውን ቅድሚ እቲ ዝተጠቐሰ ፍቓድ ዝተኣከቡ ጥቕማጥቕሚ ክዕቀቡ ኣለዎም።

ፍቓድ ወላዲ

(1) **መሰላት**

ሕድሕድ ሰራሕተኛ

(a)

(i) ኣብ ጉዳይ ኣንስተይቲ ሰራሕተኛ፣ ተፈጥሮኣዊ ኣደ ህፃን ዝኾነት፣

(ii) ኣብ ጉዳይ ተባዕታይ ሰራሕተኛ፣ ተፈጥሮኣዊ ኣቦ ህፃን ዝኾነ ወይ ከዓ ክንክንን ናብዮትን ሓዱሽ ዝተወለደ ህፃኑ ዝተረከበ፣ወይ ከዓ

(iii) ኣብ ትሕቲ ሕጊ ሓንቲ ክፍለ ሃገር ሓደ ህፃን ዘርዓመ፣ ከምኡ እውን

(iv) በቲ ኩባንያ ንሸውዓተ (7) ተኸታተልቲ ኣዋርሕ ወይ ዝነውሐ ተቐፂሩ ዝነበረ፤

(b) ንፍቓድ ወሊድ እንተተኻኢሉ ቅድሚ እቲ ሰራሕተኛ ፍቓድ ክጅምረሉ ዝሓሰበሉ ኣብቲ መመልከቻ ዝተነፀረ መዓልቲ እንተነኣሰ ኣርባዕተ (4) ሰሙን ኣቐዲሙ መመልከቻ ብፅሑፍ ናብቲ ኩባንያ ዘእትዉ፤

ቀፃሊ ናይ ስድሳን ሰለስተ (63) ሰሙናት ግዘ ዝሓዘ ናይ ፍቓድ ወላዲ መሰል ኣለዎ፣ ክወሃበ እውን ኣለዎ።

(2) **ምጅማር ፍቓድ**

ፍቓድ ወላዲ ካብ ናይ መጀመርታ ዕለት ዝኽረ ዓመት ወሊድ ወይ ከዓ ምርዓም ህፃን ወይ ከዓ እቲ ህፃን ናብ ክንክንን ናብዮትን እቲ ሰራሕተኛ ዝመፀሉ ዕለት ዘይሓለፈ ክጅምር ኣለዎ። ናቱ ወይ ናታ ፍቓድ ወላዲ መዓዝ ከም ዝጅመር እቲ/ታ ሰራሕተኛ ይውስን/ትውስን።

(3) **ንፍቓድ ወላዲ ዝደንጎየ መመልከቻ**

መመልከቻ ንፍቓድ ወላዲ ኣብ ትሕቲ 19.04 1(a) ኣብ ላዕሊ ከምዘሎ ብመሰረት 19.04 1(b) እንተደኣ ዘይተገይሩ፣ ዝኾነ ኾይኑ እቲ ሰራሕተኛ ንፍቓድ ወላዲ መሰል ኣለዎ፣ ከምኡ እውን ናብቲ ኩባንያ ምስ ኣመልከተ ኣብ ትሕቲ እዚ ዓንቀፅ ምሉእ ናይ ስድሳን ሰለስተን (63) ሰሙን ፍቓድ ግዘ ንፍቓድ ወላዲ በቲ ኩባንያ ክወሃበ ኣለዎ።

(4) **<u>ምምላስ ሰራሕተኛታት</u>**

ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝተወሃበ ዕረፍቲ ምስተወደአ ስራሕ ክቕፅል ዝደሊ ሰራሕተኛ ዓይነት ፍቓድ ክጅምር ከሎ ሒዙዎ ናብ ዝነበረ ቦታ ክምለስ ኣለዎ፣ ወይ ከዓ ሒዞሞ ዝነበረ ቦታ እንተደኣ ዘይሃልዩ ኣብ ተመጣጣኒ ቦታ ካብ ተመሳሳሊ ደሞዝን ጥቅማጥቅምን ብዘይነኣሰ ክምለሱ ኣለዎም።

(5) **<u>E.I. ጥቕማ ጥቕሚ</u>**

ብቑዓት ሰራሕተኛታት ኣብ ትሕቲ E.I. ኣዋጅ ብዝተቐመጠ መጠንን እዋን ግዘን E.I. ጥቕማ ጥቕሚ ክእክቡ መሰል ኣለዎም።

(6) ዕብየት ኣብ እዋን ፍቓድ ወላዲ ክእከብ ኣለዎ ከምኡ እውን ቅድሚ እቲ ዝተጠቐሰ ፍቓድ ዝተኣከቡ ጥቕማጥቕሚ ክዕቀቡ ኣለዎም።

(7) ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተጠቀሱ ጥቕማ ጥቕሚ ብተወሳኺ ንሓደ ሰራሕተኛ ድሉዋት ዝኾኑ ከምኡ እውን ኩሎም ጥቕማ ጥቕሚ ፍቓድ ወሊድን እዮም።

(8) እንድሕር እቲ *ደንቢ መለክዒ ስራሕ* ክፍለ ሃገር ማኒቶባ ንፍቓድ ወሊድ/ወላዲ ዕረፍቲ ንምፍቓድ ተቐይሩ፣ እቲ ኩባንያ በቲ ሓዱሽ ስርዓት ንክምእዘዝ ይስማዕማዕ።

19.05 **<u>ግላዊ ፍቓድ (1 - 4 መዓልትታት)</u>**

እቲ ኩባንያ ከም ኣድላይነቱ ግላዊ ዕረፍቲ ብዘይ ደሞዝ (ክሳብ 4 መዓልትታት) ንሰራሕተኛታት ምሃብ ኣብ ግምት የእቱ። እቲ ሕቶ ብፅሑፍ ብኽንዲ ዝከኣል ኣቐዲምካ ይሕተት። ከምዙይ ዓይነት ሕቶ ኣብ ግምት ምእታው ንምኽንያት እቲ ሕቶ፣ ድግግም እቲ ሕቶ፣ ከምኡ እውን ብመሰረት ናይ ኣሰራርሓ ጠለባት ነቲ ሕቶ ናይ ምፍቓድ ክእለት ተሳጣሒ እዩ፣ ቅኑዕ ብዘይ ኮነ ኣገባብ ግን ኣይንፀግን። ንግላዊ ፍቓድ ዝተወሰደ ዝኾነ ናይ ዕረፍቲ ግዘ ከም ዝተፈቐደ ብኩራት ክሕሰብ እዩ ናይ ሰራሕተኛ ናይ ህላወ ቦነስ እውን ኣይፀሉን።

19.06 **<u>ሓላፍነት ነባሮ</u>**

ንሓላፍነት ነባሮ/መረፃ ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ (4) ሰሙናት ብማእኸላይ ዒስራ (20) ሰዓታት ወይ ልዕሊኡ ዝሰርሑ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛታትን ከፊል እዋን ሰራሕተኛታትን፣ ፍልልይ ንሓላፍነት ነባሮ/መረፃ ዝተኸፈሎም መጠንን ኣብ ከምዚኣም ዝበሉ መዓልትታት እንተበዝሐ ሽሞንተ (8) ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ወይ ከዓ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ኣብ ሰሙን ተዝሰርሑ ነይሮም ክረኽብዎ ክኽእሉ ዝነበረ መጠንን ዝኣክል ደሞዝ ክኽፈሎም ኣለዎ። እቲ መጠን ደሞዝ ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ (4) ሰሙናት ዝተሰርሑን ዝተኸፈሉን ሰዓታት እቲ ሰራሕተኛ ማእኸላይ ብምውፃእ ይኽፈሉ። እዙይ እቲ ሰራሕተኛ እንድሕር ካብ ሓላፍነት ነባሮ/መረፃ እንተተማሒሩን ናብ ስራሕ ተዘይተመሊሱን፣ ወይ ከዓ እንድሕር እቲ ሓላፍነት ነባሮ/መረፃ ኣብ ናይቲ ሰራሕተኛ ዝተመደበ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ ዊኢሉ ኣይትግበርን።

19.07 **<u>ክፍሊት ምስክር</u>**

ኣብ ክንዲ እቲ ኩባንያ ወይ ከዓ እቲ ዘውዲ ከም ምስክር ኣብ ቤት ፍርዲ ክቀርቡ ዝድለዩ ሰራሕተኛታት ንፍልልይ ንክፍሊት ምስክር ዝተኸፈሎም መጠንን ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ መዓልትታት እንተበዝሐ ሸሞንተ (8) ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ወይ ከዓ አርባዓ (40) ሰዓታት ኣብ ሰሙን ተዝሰርሑ ነይሮም ክረኽብዎ ክኽእሉ ዝነበረ መጠንን ዝኣክል ደሞዝ ክኽፈሎም እዩ።

ኣብ ናይ ዕረፍቲ መዓልቶም ኣብ ክንዲ እቲ ኩባንያ ከም ምስክር ዝቐርቡ ሰራሕተኛታት እንተነኣሰ ኣርባዕተ (4) ሰዓታት ወይ ከዓ ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቐሰ ኣብ ከምዙይ ዝበለ መዓልቲ እንተዝሰርሑ ነይሮም ከእትዉዎ ዝኽእሉ ዝነበረ መጠን ይኽፈሎም። እዚ ካሕሳ በቲ ናይቲ ሰራሕተኛ ስሩዕ ናይ ሰዓት መጠን ክኽፈል ኣለዎ ከምኡ ድማ ከም ክፍሊት ዝተሰርሐ ሰዓት ክሕሰብ የብሉን።

19.08 **<u>ደሞዝ ሓዘን</u>**

(a) ኣብ ቀጥታ ስድራቤት ሞት ኣብ ዘጋጠመሉ ግዜ፣ ኩሎም ሰራሕተኛታት እንተበዝሐ (3) ተኸታተልቲ ዝተመደቡ ናይ ስራሕ መዓልትታት ካብ ስራሕ ዕረፍቲ ምስ ደሞዝ ክወሃቦም ኣለዎ። “ቀጥታ ስድራቤት” ዝብል ቃል በዓል ቤት ወይ ከዓ ብዓል ብርኪ፣ ወላዲ ወይ ከዓ ናይ እንጀራ ወላዲ፣ ውላድ ወይ ከዓ ናይ እንጀራ ውላድ፣ ሓው ወይ ሓፍቲ፣ ሓማት፣ ሓሙ፣ ሰበይቲ ሓው፣ ዘማ ኣቦ/እኖ ሓጎ ከምኡ እውን ውላድ ጓልካ ወይ ወድኻ ማለት ክኾን ኣለዎ።

(b) እቲ ስነ ስርዓት ቀብሪ ካብ ናይቲ ሰራሕተኛ መንበሪ ቦታ ሓሙሽተ ሚኢቲ (500) ኪሎ ሜትር (ሓደ ጉዕዞ) ርሒቕ ክካየድ እንከሎ፣ ብምኽንያት ጉዕዞ ኣብቲ ስነ ስርዓት ቀብሪ ንምስታፍ ኣድላዪ ክኸውን ስለዝኽእል፣ ፍቓድ ሓዘን ምስቲ ፍቓድ ተቓዳዊ ብዝኾነ ብክልተ (2) ተወሰኽቲ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብዘይ ደሞዝ ክናዋሕ ኣለዎ። ንካልኦት ምኽንያታት ተወሰኽቲ ናይ ዕረፍቲ መዓልትታት ብዘይ ደሞዝ ብሓበራዊ ስምምዕ እቲ ኩባንያን ዝምልከቶ ሰራሕተኛን ክወሃብ ይኽእል።

(c) ኣቦ/እኖ ሓጎ ሰበይቲ/ሰብኣይ፣ ሓትኖ ወይ ሓወቦ፣ ጓል ሓው ወይ ጓል ሓፍቲ ወይ ወዲ ሓው ወይ ወዲ ሓፍቲ ኣብ ዝሞቱሉ ኣጋጣሚ ኩሎም ሰራሕተኛታት እንተበዝሐ ሓደ (1) መዓልቲ ዕረፍቲ ምስ ደሞዝ ይወሃቦም።

(d) እንድሕር ፍቓድ ሓዘን ኣብ ናይ ሰራሕተኛ ዕረፍቲ ውዒሉ፣ እዚ ክፋል ዕረፍቶም እቲ ሰራሕተኛ ናብ ስራሕ ምስ ተመለሰ እቲ ሰራሕተኛን ቀጥታ ተቐፃፃሪኡን ኣብ ዝተሰማዕምዑሉ ግዜ ደጊሙ ይምደብ።

(e) መረጋገፂ ሞት በቲ ኩባንያ ክጥየቕ ይኽእል። (ተቐባልነት ዘለዎ መረጋገፂ ናይ ሞት ምስክር ወረቀት፣ ምልክታ ጋዜጣ፣ ናይ ዝኽሪ ካርድ ወይ ከዓ ደብዳበ ካብ ናይ ዓዲ ካህን ከካትት ይኽእል።)

19.09 **ፍቓድ ሓላፍነት ስድራቤት**

ሕማም ወይ ከዓ ጉድኣት ናይ ሰራሕተኛ ቀጥታ ስድራቤት (ኣብ *ደንቢ መለክዒ ስራሕ ማኒቶባ* ከም ዝተወሰነ) ኣብ ዝፍጠረሉ ኣጋጣሚ፣ ሓደ ሰራሕተኛ ፍቓድ ብኩራት ክሓትት ይኽእል፣ እንተሓቲቱ ድማ ብጠቕላላ ካብ ሰለስተ (3) መዓልትታት ደሞዝ ዘይብሉ ፍቓድ ኣብ ዓመት ክሓልፍ ዘይብሉ ፍቓድ ብኩራት ወይ ከዓ ፍቓዳት ብኩራት ክወሃብ ኣለዎ። ዕላማ እዚ ፍቓድ ሰራሕተኛታት ንድልየታት ዝሓመመ ኣባል ስድራቤቶም ከሳሰዩ ንክኽእሉ ምግባር እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበሉ ኣጋጣምታት እቲ ኩባንያ ክንድ ዝከኣል ዘኣክል ምልክታ ክወሃብ እዩ። እንድሕር ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ ትሕቲ እዚ ዓንቀፅ ዝኾነ ክፋል እቲ መዓልቲ ከም ፍቓድ ወሲዱ፣ እቲ ኩባንያ ነታ መዓልቲ ከም ናይ ፍቓድ መዓልቲ ክቆፅራ እዩ፣ ንመዓላ እዚ ዓንቀፅ። ንፍቓድ ሓላፍነት ስድራቤት ዝተወሰደ ዝኾነ ዕረፍቲ ከም ዝተፈቐደ ብኩራት ክሕሰብ እዩ ከምኡ ድማ ናይ ሰራሕተኛ ናይ ህላወ ቦነስ ኣይፀሉን።

19.10 **ለውሃታዊ ፍቓድ**

እቲ ኩባንያ ምስ ዓንቀፃት ለውሃታዊ ፍቓድ እቲ *ደንቢ መለክዒ ስራሕ ማኒቶባ* ዝላዘብ ዕረፍቲ ክህብ ይስማዕማዕ።

19.11 **ዜግነታዊ ፍቓድ**

ካናዳዊ ዜግነት ንክህልዎም ዘመልከቱ ሰራሕተኛታት ማሕላ ዜግነት ንክምሕሉ ሓደ (1) መዓልቲ ደሞዝ ዘይብሉ ፍቓድ ይወሃቦም።

19.12 ፍቓድ ናይ ገዛ ዓመፅን ተቓፃውን

እቲ ኩባንያ ምስ ዓንቀፃት ፍቓድ ናይ ገዛ ዓመፅ እቲ *ደንቢ መለክዒ ስራሕ ማኒቶባ* መስከረም 1፣ 2019 ከምዝነበሩዎ ዝቃዶ ዕረፍቲ ክህብ ይስማዕማዕ።

ዓንቀፅ 20 ጥዕናን ድሕንነትን

20.01 ጥቕማጥቕሚ ጥዕናን ድሕንነትን ኣብ ልጋብ A እዚ ውዕል ከምዝተትሓዘ ክኾን ኣለዎ።

ዓንቀፅ 21 ስነ ምግባር

21.01 ሓደ ኣብቲ መደራደሪ ኣሃድ ዘሎ ሰራሕተኛ ንስነ ምግባራዊ ቃለ መሕትት ክቃላዕ ከሎ (እቲ ኩባንያ ነቲ ሰራሕተኛ ክቀፅዕ ኣብ ዝሓሰበሉ ንኣብነት ዝተፅሓፈ ወቕሳ ምሃብ፣ ንግዚኡ ምብራር፣ ወይ ከዓ ምብራር)፣ እቲ ዝተጠቐሰ ሰራሕተኛ ወኪል ቤት ዕዮ ምስኡ ክህልዎ ኣለዎ፣ ወይ ከዓ ወኪል ቤት ዕዮ ኣብ ዘይህልወሉ ግዜ፣ ኣብቲ መደራደሪ ኣሃድ ዘሎ ሓደ ሰራሕተኛ ካብ ናቱ ወይ ናታ ክፍሊ፣ ናይቲ ሰራሕተኛ ናይ ዓርሱ ምርጫ ክህሉ ኣለዎ። ኣስተርጓሚ ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ ነቲ ተፈፃምነት ዘለዎ ቋንቋ ከስተርጉም ዝኽእል ካሊእ ሰራሕተኛ እውን ኣብቲ ቃለ መሕትት ክሳተፍ ኣለዎ። እቲ ኣስተርጓሚ ኣብ ላዕሊ ንዝተፀርሑ ብተወሳኺ ይህሉ እንድሕር እቲ ወኪል ማሕበር ዘድሊ ትርጉም ክህብ እንተዘይ ኪኢሉ ጥራሕ።

እቶም ዝተፀርሑ (ምስቲ ኩነታዊ ምቕራብ ኣስተርጓሚ ክድለ ከሎ) ካብ ምጅማር እቲ ቃለ መሕትት ክሳተፉ ትፅቢት ይግበር። ኩሎም ኣኬባታት ስነ ምግባር ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ናይ ስራሕ መዓልትታት ነቲ ስነ ምግባር ዘልዐለ ኣጋጣሚ ብሕቡእ ክግበሩ ኣለዎም፣ ዓሰርተ (10) ናይ ስራሕ መዓልትታት እቲ ስነ ምግባራዊ ኣኼባ ምብራር ኣብ ዝኾነሉ ኣጋጣሚ። ምንዋሕ እዙም ገደባት ብሓባራዊ ስምምዕ ጥራሕ ክኾን ኣለዎ።

21.02 እቲ ሰራሕተኛ ናብቲ ናይቲ ሰራሕተኛ ሰነድ ዝኣትው ቅዳሕ ከምዚ ዝዓይነቱ ቅፅዓት ክወሃበ እዩ። ቅዳሕ እቲ መቕፃዕቲ ናብ ቤት ፅሕፈት እቲ ማሕበር ፋክስ ክግበር እዩ። እንድሕር ከምዝተደለየ ወኪል ቤት ዕዮ ወይ ከዓ ኣባል ዘይሃልዩ፣ ወይ ከዓ ቅዳሕ ዲስፕሊናዊ ምልክታ ናብ ቤት ፅሕፈት እቲ ማሕበር ዘይተላኢኹ፣ እቲ ዝስዕብ መቕፃዕቲ ሕጋዊ ክኾን የብሉን ከምኡ እውን በቲ ኩባንያ ክትግበር የብሉን። ኣብ ጉዳይ ኣመክሮኣዊ ሰራሕተኛታት ወይ ከዓ ኣብ ኩነት ምንም ዲሲፕሊናዊ ቃለ መሕትት ዘይተገበረሉ ምርመራ ዝፅበ ምብራር ውክልና ኣየድልን።

21.03 ኣብ ዘይልሙድ ኩነታት፣ እቲ ኩባንያ ብዛዕባ ምብራር ንሰራሕተኛ ብደብዳበ ክሕብር ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነ ግዜ፣ እቲ ኩባንያ ቅዳሕ እቲ መቕፃዕቲ ናብ ቤት ፅሕፈት እቲ ማሕበር ፋክስ ይገብር።

21.04 ብዘይካ በቲ ኣብ ዓንቀፅ 9 ዝተሓንፀፀ ከይዲ ክወማ ሓላፍነት ናይ ሰራሕተኛ ደሞዝ ንዝኾነ ምክንያት ክቕነስ ከሎ፣ ወኪል ቤት ዕዮ ወይ ከዓ ወኪል ማሕበር ኣብ ዝኾነ ኣኼባ ነቲ ዛዕባ ንምምይያጥ ይርከቡ።

21.05 **<u>ምውጋድ ስነ ምግባራዊ ውክሳታት</u>**

እቲ ኩባንያ ኩሎም ስነ ምግባራዊ ውከሳታት ካብ ዝተፈጠረሉ ዕለት ዒስራን ኣርባዕተን (24) ኣዋርሕ ተኸቲሉ ካብ ናይቲ ሰራሕተኛ ሰነድ የውግድ፣ ድሕሪ እቱይ እቲ ኩባንያ ዝኾኑ ከምዚኦም ዝበሉ ዲስፕሊናዊ ውከሳታት ኣብ ካሊእ ዕለት ኣንፃር እቲ ሰራሕተኛ ክጥቀም የብሉን። እዚ መቃን ግዘ ዒስራን ኣርባዕተን (24) ካላንደራዊ ኣዋርሕ እዋናት ምቕናስ ወይከዓ ፍቓድ ብኩራት ብዘይ ደሞዝ ከማልእ የብሉን።

<u>ዓንቀፅ 22 ምምዕርራይ ቅሬታታት</u>

22.01 ምትርጓም፣ ምትግባር፣ ኣሰራርሓ ወይ ከዓ ዝተባሃለ ጥሕሰት ውዒላትን ደንቢታትን እዚ ውዕል ዝምልከት ዝኾነ ጥርዓን፣ ዘይምስምዕማዕ፣ ኣፈላላይ ሓሳብ ኣብ ሞንጎ እቲ ኩባንያ፣ እቲ ማሕበር ወይ ከዓ በዚ ውዕል ዝተሸፈኑ ሰራሕተኛታት፣ ከም ቅሬታ ክሕሰብ ኣለዎ።

22.02 **<u>ሓበሬታ</u>**

እቲ ማሕበር ንዕላማ ምምስራት መጠን ደሞዝ ሰራሕተኛ ዝተኣከቡ ሰዓታት ስራሕ ዝምልከት ሓበሬታ ክደሊ ከሎ፣ እቲ ኩባንያ ከምዙይ ዓይነት ሓበሬታ ክሳብ ክልተ (2) ዓመት ንድሕሪት ወይ ከዓ ዝነውሐ ናቱ ወይ ናታ ትኽክል መጠን ደሞዝ ንምምስራት ከም ዘድሊ ንምቕራብ ክተሓባበር ይስማዕማዕ።

22.03 ብሓደ ሰራሕተኛ ዝተሰርሑ ሰዓታትን ንሓደ ሰራሕተኛ ዝተኸፈሎ መጠንን ዝምልከት ዝኾነ ቅሬታ፣ እቲ ኩባንያ ከምዙይ ዓይነት ነቶም ብቀጥታ ቅድሚ እቲ ሕቶ ዝነበሩ ክልተ (2) ናይ ደሞዝ እዋናት ዝምልከት ሓበሬታ ብቕፅበት ከቅርብ ኣለዎ። እንድሕር ሓበሬታ ንዝነውሐ እዋን ተደልዩ፣ እቲ ልሙድ ከይዲ ናይ ቅሬታ ኣሰራርሓ ክትግበር ኣለዎ።

22.04 እቲ ማሕበር ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ዓንቀፅ ንውሱን ቅሬታ ሓደ ሰራሕተኛ ዘይምልከት ሓበሬት ንምሕታት ክጥቀሙሉ የብሉን።

22.05 ዝኾነ ሰራሕተኛ፣ እቲ ማሕበር ወይ ከዓ እቲ ኩባንያ ቅሬታ ከቕርብ ይኽእል። ነቲ ቅሬታ ዘላዓዓለ ኣጋጣሚ ተኸቲሉ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ናይ ስራሕ መዓልትታት፣ ወይ ከዓ ምስ ናይ ምብራር ቅሬታ ዝተትሓሓዘ ካብቲ ናይ መወዳእታ ዝተሰርሐት መዓልቲ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ (10) ናይ ስራሕ መዓልትታት ዘይቀረቡ ቅሬታታት፣ ይድልመቱ ወይ ከዓ በቲ ቅር ዘበለ ወገን ይግደፉ። ስነ ምግባራዊ ቅሬታ ዝምልከት፣ “ዘለዓዓለ ኣጋጣሚ” ብመሰረት ዓንቀፅ 21.02 እቲ ማሕበር ብፋክስ ምልክታ ዝተቐበለሉ መዓልቲ ይኾን።

22.06 ኩሎም ቅሬታታት ብፅሑፍ ክኣትዉ ኣለዎም።

22.07 ኣካይዳ ንምምዕርራይ ቅሬታታትን ክርክራትን ብሓደ ሰራሕተኛ ከምዚ ዝስዕብ ክኾን ኣለዎ፡

(1) ብምይይጥ ኣብ ሞንጎ እቲ ሰራሕተኛን ወኪል ማሕበርን፣ ወይ ከዓ ናይቲ ሰራሕተኛ ቀጥታ ሓላፊ።

(a) ሓደ ሰራሕተኛ ቅሬታ ናብቲ ወኪል ማሕበር ክወስድ እንከሎ፣ ደረጃ ሓደ እቲ ኣካይዳ ቅሬታ ቅቡል ከምዝኾነ ክሕሰብ ኣለዎ፣ እንተደኣ እቲ ወኪል ማሕበር ነቲ ቅሬታ ብፅሑፍ ምስቲ ኣካያዲ ስራሕ ትካል ወይ ከዓ ናቱ ወይ ናታ ወኪል ሰሪዑዎ። እቲ ኣካያዲ ስራሕ ሓይሊ ሰብ ነቲ ቅሬታ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ (5) ካላንደራዊ መዓልትታት ነቲ ማሕበር መልሲ ክህብ ኣለዎ። ድሕሪ ሓሙሽተ (5) ካላንደራዊ መዓልትታት፣ እቲ ወኪል ማሕበር ናብ ደረጃ ክልተ ክቅፅል ይኽእል።

(b) እንድሕር ሓደ ሰራሕተኛ ቅሬታ ናብ ናቱ ወይ ናታ ቀጥታ ሓላፊ ወሲዱ/ዳ እሞ ድማ ኣዕጋቢ ስምምዕ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ (5) ካላንደራዊ መዓልትታት ዘይተበፂሑ፣ ካብኡ፤

(2) እቲ ወኪል ማሕበር ወይ ናቱ ወይ ናሃታ ወኪል ነቲ ጉዳይ ጉዳያት ርክብ ሽቃሎ ንክኣሊ በቲ ኩባንያ ናብ ዝተሸመ ብዓል ስልጣን እቲ ኩባንያ ክወስዶ ይኽእል። እንድሕር እቲ ጉዳይ እቲ ማሕበር ፅሑፍ መልሲ ነቲ ቅሬታ ኣብ ደረጃ ሓደ ካብ ዝቕበለሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ (10) ካላንደር መዓልትታት ዘይተወሲዱ፣ ከም ዝተገደፈ ይቑፀር ከምኡ እውን ተወሳኺ ደገፍ ነቲ ኣካይዳ ቅሬታ ክድልመት ኣለዎ።

22.08 እንድሕር ኣብ ኣዕጋቢ ስምምዕ ክብፃሕ ዘይተኻኢሉ፣ ካብኡ ብሕቶ ሓዲኦም ወገናት፣ እቲ ናይ መጨረሻ፣ ዝተፅሓፈ ውሳነ ካብ ሓዲኦም እቶም ወገናት ድሕሪ ምቕባል ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ኣርባዕተ (14) መዓልትታት፣ ካብኡ ንደሓር ብዘይሓለፈ፣ እቲ ጉዳይ ብመሰረት ዓንቀፅ 23 ናብ ዝምረፅ ዳኛ ይመሓላለፍ።

22.09 እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ኣብ ምምኪር ምፍታሕ እቲ ቅሬታ ኣብ ዝኾነ ግዘ ቅድሚ ዕለት ፍርዲ እቲ ዕርቂ ብፍቓዶም ብሓባር ተቐባልነት ዘለዎ ሽማግለ ክጥቀሙ ከም ዝኽእሉ ይስማዕምዑ። ከምዚ ዝበለ ዝኾነ ሽማግለ ኣብ ትሕቲ ውዕላት እቲ ሓበራዊ ውዕል ናይ ምእዛዝ ወይ ከዓ ዝሓሰብዎ ስምምዕ እቲ ኣብ ክርክር ዘሎ ጉዳይ እቶም ወገናት ክቕበሉዋ ናይ ምግባር ስልጣን ወይ ከዓ ሓይሊ ከም ዘይብሎም ኣብ ሞንጎ እቶም ወገናት ርዱእን ቅቡልን እዩ። ኩሎም በቲ ከምዚ ዝበለ ሽማግለ ክስዕቡ ዝኽእሉ ዝፀደቕ ወፃኢታትን ክፍሊታትን ብማዕረ በቲ ኣስራሒን እቲ ማሕበርን ክከኣሉ ኣለዎም፣ ብሓባር እንተዘይ ተስማዕሚያምሉ።

ዓንቀፅ 23 ምምራፅ ዳኛ

23.01 ካብቶም ወገናት ሓደ ነቲ ጉዳይ ናብ ዳኝነት ይወስድዎ ከምዘለዉ ምስ ኣመልከቱ፣ ኣብ ዓንቀፅ 23.02 ከም ዝተጠቐሰ እቱ ጉዳይ ናብ ሓደ ዳኛ ክመሓላለፍ ኣለዎ።

ኣብ ተገዳስነት ምፍታሕ እቲ ቅሬታ ቅድሚ ፍርዲ ዕርቂ፣ ሓዲኦም ወገናት ሓገዝ ሽማግለ ቅሬታ ካብ ግልጋሎታት ዕርቂ ክፍለ ሃገር ማኒቶብ ክሓትቱ ይኽእሉ። ኣብ ህይወት እዚ ሓበራዊ መደራደሪ ውዕል፣ እቶም ወገናት ካብቶም ብግልጋሎታት ዕርቂ ክፍለ ሃገር ማኒቶባ ዝቐረቡ ሽማግለታት ወፃኢ ንዝርዝር ካልኦት ሽማግለታት ብሓባር ክስማዕምዑ ይኽእሉ።

23.02 ቅሬታ ኣብ ታሕቲ ከም ዝተጠቐሰ ብመሰረት ዕለት እቲ ቅሬታ ናብ ሓደ ዳኛ ናብዞም ዝስዕቡ ጉጅለ ግለሰባት ክመሓላለፍ ኣለዎ፡

(1) ብለየር ግራሃም
(2) ሮበርት ሲምፕሰን
(3) ሮቢን ከርሲይ
(4) ዲያን ጆንስ
(5) ጋቪን ዉድ

ሽም እቲ ናይ መወዳእታ ዳኛ ብዝኽተል ሽም ብምጅማር፣ ከምኡ እውን ድሕሪ ናብ መወዳእታ እቲ ጉጅለ ምምፃእ ኣብ መጀመርታ እቲ ጉጅለ ደጊምካ ምጅማር። ንዕላማ ከምዙይ ዓይነት ዕደላ ካብ ዳኝነት ዝወፀ ጉዳይ ከም ካብ ዳኝነት ዘይወፀ ክቁፀር ኣለዎ። እንድሕር ኣብ ዝኾነ ኩነት እቲ ዝተዓደለ ዳኛ ክሰርሕ ፍቃደኛ ዘይኮይኑ ወይ ዘይኪኢሉ፣ ኣብቲ ጉጅለ ናቱ ወይ ናታ ሽም ዝኽተል ግለሰብ ከም ዳኛ ክቐርብ ኣለዎ።

23.03 ሓዲኦም እቶም ወገናት ሓደ ጉዳይ ንዳኝነት ከመሓላፉ እንከለዉ፣ እቲ ጉዳይ ንምውንዛፍን ንምብራርን ኣብ ውሽጢ ሰላሳ (30) ካላንደራዊ መዓልትታት ክስማዕ ኣለዎ ንዝኾኑ ካልኦት ጉዳያት ድማ ኣብ ውሽጢ ቴስዓ (90) ካላንደራዊ መዓልትታጥት። እቲ ጉዳይ ኣብቲ ግዘ ገደብ ንሱ ክስማዕ ኣለዎ፣ ክልቲኦም ወገናት ካብቲ ዝድለ ናይ ሰላሳ ካላንደር መዓልቲ ወይ ቴስዓ ካላንደር መዓልቲ ወፃኢ ንዝኾነ ዕለት ብሓባር እንተዘይ

ተስማዕሚያም፣ ወይ ከዓ ዋላ ሓደ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ሽድሽተ ዳያኑ ኣብቲ ውሽጢ 30 ካላንደራዊ መዓልቲ ወይ 90 ካላንደራዊ መዓልትታት፣ ተፈፃምነት ዘለዎ ሓዲኡ፣ ንክራኸቡ እንተዘይ ሃልዮም።

እንድሕር እቶም ወገናት ካብቲ ዘድሊ 30 ካላንደራዊ መዓልቲ፣ ወይ ከዓ 90 ካላንደራዊ መዓልቲ፣ ተፈፃምነት ዘለዎ ሓዲኡ፣ ወፃኢ ንዝኾነ መዓልቲ ክስማዕምዑ ዘይኪኢሎም፣ እቲ ጉዳይ ኣብቲ ጉዳይ ናይ ምውሳን መሰል ክህልዎ ናብ ዘለዎ ዝተመረፀ ዳኛ ክመሓላለፍ ኣለዎ። ፍርዲ ካብ ካልኦት ሰላሳ (30) ካላንደር መዓልትታት ንዝነውሕ ግዘ ኣብ ምንም ኣጋጣሚ ክናዋሕ የብሉን። እቲ ዳኛ ምስ ምውንዛፍን ምብራርን ዝተትሓሓዙ ዝኾኑ ጉዳያት ብዝምልከት ውሳነ ንምሃብ ሰላሳ (30) ካላንደራዊ መዓልትታት ክወሃቦ ኣለዎ፣ ከምኡ እውን ካብ ምውንዛፍን ምብራርን ኣብ ዝኾኑ ናብኡ/ኣ ዝተመሓላለፉ ጉዳያት ካብ መወዳእተ ዕለት ፍርዲ ቴስዓ (90) ካላንደራዊ መዓልትታ ክወሃቦ ኣለዎ።

23.04 እቲ ዳኛ እቶም ወገናት ክህብዎ ዝኽእሉ ቁሳዊ መረዳእታታትን ምጉትን ክቕበልን ኣብ ግምት ከእቱን ኣለዎ ከምኡ እውን ንምሉእ ምርዳእን ወሳንነት ዝምልከቶም ጉዳያትን ንሱ ወይ ንሳ ከም ኣድልዪ ዝርእዮም ናፃ ምርመራታት ክግበር ኣለዎ። ኣብ ናቱ ወይ ናታ ውሳነ ኣብ ምብፃሕ፣ እቲ ዳኛ ብደንቢታት እዚ ውዕል ክግዛእ ኣለዎ።

23.05 ኣብ ኩነት ምብራር፣ ምብራር ወይ ከዓ ንምውንዛፍ ሓደ ሰራሕተኛ፣ እቲ ዳኛ ናይቲ ኩባንያ ስጉምቲ ናይ ምድጋፍ፣ ወይ ከዓ ነቲ ሰራሕተኛ ምስ ምሉእ፣ ከፊል ወይ ከዓ ምንም ናይ ድሕሪት ደሞዝ ናብ ስራሕ ናይ ምምላስ፣ ምስ ወይ ብዘይ ምስኣን ዕብየት፣ ወይ ከዓ ነቲ ጉዳይ ኣዋፃኢ ብዝመስል መንገዲ ነቲ ጉዳይ ናይ ምፍታሕ መሰል ክህልዎ ኣለዎ።

23.06 ውሳነ እቲ ዳኛ ናይ መወዳእታን ንኹሎም ዝምልከቶም ወገናት ዝቕይድን ክኾን ኣለዎ።

23.07 እቲ ዳኛ ናይ ምልዋጥ፣ ምምሕያሽ ወይ ከዓ ምቕያር ዝኾኑ ውዒላት እዚ ውዕል ስልጣን ክወሃቦ የብሉን፣ ብዘይካ ኣብ ዓንቀፅ 23.05 ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቐሰ። ኩሎም ዝተረከቡ ቅሬታታት ኣብ ትሕቲ እዚ ውዕል ክዳነ ዝኽእል ጉዳይ ከቕርቡ ኣለዎም ከምኡ እውን ንዝኾነ ዓንቀፅ እዚ ውዕል ተፃራሪ ዝኾነ ጉዳይ ወይ ምጉት ብዝኾነ ወገን ዝተደረኸ ወይ ዘካተተ ወይ ከዓ ምውሳን በዚ ውዕል ዘይተሸፈነ ዛዕባ ወይ ከዓ ኣብ ወቕቲ እዚ ውዕል ዝለዓል ዛዕባ ዝሓቆፈ ክኾን የብሉን።

23.08 ብምኽንያት ቅሬታታት ምንም ምንጥልጣል ወይ ከዓ ምቁራፅ ልሙድ ስራሕቲ ንኸይህሉ፣ እዚ ዓንቀፅ ሰላማዊ መንገዲ ምትዕርራይ ኩሎም ቅሬታታት ከቕርብ ሓሳብ ኩሎም ወገናት እዩ። እቶም ወገናት ብመሰረት ደንብታት ዓንቀፅ 22 እዚ ውዕል ብቕንዕና ክዋስኡ ኣለዎም።

23.09 ወፃኢታትን ክፍሊታትን እቲ ዳኛ ነቲ ስርዓት ዕርቂ በቶም ወገናት ብማዕረ ክከኣል ኣለዎ።

ዓንቀፅ 24 ሰሌዳታት ምልክታ

24.01 እቲ ኩባንያ ኣብ ወቕቲ እዚ ውዕል፣ እቲ ማሕበር ናይ ባዕሉ ናይ ማሕበር ሰሌዳታት ምልክታ፣ ናይ ስልጠና ማእኸል ሰሌዳ ምልክታ ብምክታት ኣብ መላእ እቲ ትካል ኣብ ዝርከቡ ቦታታት እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ብሓባር ከም ዝተስማዕምዑሉ ንኽተክል ክፈቕደሉ ይስማዕማዕ። እቲ ዕላማ ምስ ሰራሕተኛታት ብቀጥታ ዝተትሓሓዙ ዝኾኑ ምልክታታት ምልጣፍ ክኾን ኣለዎ ከምኡ እውን ካብ ልሙድ ምልክታ ወፃኢ ዝኾነ ዝኾነ ምልክታ መጀመርታ ካብ ምምሕዳር ፍቓድ ክረክብ ኣለዎ።

ዓንቀፅ 25 ምትሕብባር ኩባንያን ማሕበርን - ወኪላት ቤት ዕዮ

25.01 እቲ ኩባንያ ንናይቲ ማሕበር መሰል ምቕፃር ሓደ (1) ዋና ወኪል ቤት ዕዮ ኣፍልጦ ይህብ። እቲ ኩባንያ ንናይቲ ማሕበር መሰል ምቕፃር ሓደ (1) ሓጋዚ ዋና ወኪል ቤት ዕዮ ንሓደ ሽፍቲ ኣፍልጦ ይህብ።

እቲ ማሕበር ኣብ ውሽጢ ልዕሊ ሓምሳ (50) ሰባት ዘለዉዎ ክፍሊ ተወሳኺ ሓደ (1) ወኪል ቤት ዕዮ ንሕድሕድ ሽፍቲ ናይ ምቕፃር መሰል ይህልዎ። እቲ ማሕበር ካብ ሕድሕድ ብልዕሊ ሚኢቲ (100) ሰባት ዝውከሉ ዓሌታዊ ማሕበረሰብ ሓደ (1) ተወሳኺ ወኪል ቤት ዕዮ ንሓደ ሽፍቲ ክቕፅር መሰል ይህልዎ፣ እንድሕር ኣብቲ ሽፍቲ ካብቲ ዓሊታዊ ማሕበረሰብ ምንም ወኪል ዘይሃልዩ።

25.02 እቲ ማሕበር ስም ናቶም ወኪላት ቤት ዕዮ ወይ ከዓ ዝኾኑ ለውጥታት ብፅሑፍ ነቲ ኩባንያ ከፍልጥ ኣለዎ።

25.03 **<u>ምፍላጥ ወኪላት</u>**

እቲ ተቕፃፃሪ፣ ኣሰልጣኒ መሻርኽቲ ወይ ከዓ በቲ ኩባንያ ዝተረቕሐ ሰራሕተኛ ሓደሽቲ ሰራሕተኛታት ምስ ወኪል ቤት ዕዮ እቲ ክፍሊ ከፋልጡ ኣለዎም።

25.04 ኣብ ኩነት ዘይምስምዕማዕ ናይ ሰራሕተኛ ናይ ሕክምና ደብዳበ፣ WCB ጉዳያት፣ ፍተሻ ተግባራዊ ክእለታት (FAE)፣ ናይ ስራሕ ቦታ መሕደሪ፣ ከምኡ እውን ምምላስ ናብ መደባት ስራሕ ዝምልከት፣ ብመሰረት ሕቶ፣ እቲ ሰራሕተኛ ምስኡ ወኪል ማሕበር ወይ ከዓ ወኪል ቤት ዕዮ፣ ወይ ከዓ ወኪል ማሕበር ወይ ወኪል ቤት ዕዮ ኣብ ዘይህልዉሉ፣ ካብ ናቱ ወይ ናታ ክፍሊ ኣብቲ መደራደሪ ኣሃድ ሓደ ሰራሕተኛ ብናይቲ ሰራሕተኛ ናይ ዓርሱ ምርጫ ክህልዉ ኣለዎም። ኣስተርጓሚ ዘድሊ እንተደኣ ኮይኑ ነቲ ተፈፃምነት ዘለዎ ቋንቋ ክትርጉም ዝኽእል ካሊእ ሰራሕተኛ እውን ኣብቲ ኣኼባ ክሳተፍ ኣለዎ። እቲ ኣስተርጓሚ ኣብ ላዕሊ ንዝተጠቐሱ ብተወሳኺ ጥራሕ ይኸውን እንድሕር እቲ ወኪል ቤት ዕዮ እቲ ዘድሊ ትርጉም ክህብ ዘይኪኢሉ ጥራሕ። እቶም ዝተጠቐሱ (ምስቲ ኩነታዊ ኣቕርቦት ኣስተርጓሚ ከም ኣድላይነቱ) ካብ መጀመርታ እቲ ቃለ መሕትት ክሳተፉ ትፅቢት ይግበረሎም።

25.05 **<u>ምርመራ ቅሬታ</u>**

እቲ ዋና ወኪል ቤት ዕዮ ማሕበር፣ ወይ ንሱ ኣብ ዘይህልወሉ እቲ ሓጋዚ ዋና ወኪል ቤት ዕዮ፣ ንዕላማ ምምርማር ዝኾኑ ቅሬታታት፣ ኣብ እዋን ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓታት ደሞዝ ዘለዎ ዕረፍቲ ክፍቀደሉ ኣለዎ። ቅሬታታት ንምምርማር ዕረፍቲ ካብ ስራሕ ዝሓትት ዋና ወኪል ቤት ዕዮ፣ ወይ ከዓ ሓጋዚ ዋና ወኪል ቤት ዕዮ ሕትኡ ኣብ ስራሕ ብዘሎ ናቱ ተቆፃፃሪ ወይ ከዓ ወኪል ሓይሊ ሰብ ኣቢሉ ከቕርብ ኣለዎ። ኣብ ውሽጢ ሓደ (1) ሰዓት ከምዚ ዝበለ ሕቶ እቲ ወኪል ክልቀቕ እዩ እንተደኣ ስልጠት እቲ ስራሕ ዘይፅለው ኮይኑ።

25.06 **<u>ምእዘና</u>**

እቲ ኩባንያ ምሉእ እዋን ወኪል ማሕበር፣ ወይ ከዓ ናቱ/ታ ወኪል፣ ኣብ እዋን ምእዘና ሓደሽቲ ሰራሕተኛታት መሰላቶምን ግቡኣቶምን ንምግላፅ እኹል ግዜ (እንተነኣሰ (60) ደቓይቕ ንናይ ውሽጢ ዓዲ ምልመላ፣ ክልተ (2) ሰዓታት ንናይ ወፃኢ ዓዲ ምልመላ) ክፈቕደሎም ኣለዎ።

25.07 እቲ ዋና ወኪል ብምኽንያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ዝጥቀመሉ ስልኪ በቲ ማሕበር ክወሃበ

እዩ።

ዓንቀፅ 26 መዐገሲ ክፍሊት

26.01 ብግዝያዊ ኣብ ዝለዓለ ደሞዝ ዝህብ ክወማ ዝተመደበ ዝኾነ ሰራሕተኛ ንኹሉ ከምዚ ተቐፂሩ ዝሰርሖ ግዘ ዝለዓለ መጠን ደሞዝ ክወሃቦ ኣለዎ፣ ሓደ ሰራሕተኛ ኣርባዕተ (4) ሰዓታት ወይ ከዓ ልዕሊኡ እንተዘይ ሰሪሑ፣ ኣብዚ ኣጋጣሚ ንምሉእ እቲ ሽፍቲ ይኽፈሎ።

26.02 ይኹን እምበር ብሕቶ እቲ ኩባንያ ብግዝያዊ ኣብ ዝተሓተ መጠን ደሞዝ ዝኸፍል ክወማ ንክሰርሕ ዝተመደበ ዝኾነ ሰራሕተኛ ንኹሉ ከምኡ ዝተቆፀረሉ ግዘ ናቱ ወይ ናታ ዝለዓለ መጠን ደሞዝ ክቕበል ኣለዎ።

26.03 **መራሒ ኢድ / ኣሰልጣኒ መሻርኽቲ**

መራሒ ኢድ/ ኣሰልጣኒ መሻርኽቲ ንሓደ (1) መዓልቲ ወይ ልዕሊኡ ከዕርፉ ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት ናብቲ ናቶም ናይ ሰዓት መጠን ደሞዝ ብተወሳኺ ግቡእ ክፍሊት ክወስዱ ኣለዎም።

ዓንቀፅ 27 ናይ ደሞዝ ግዘ -- ብቀጥታ ዲፖዚት

27.01 እቲ ኩባንያ ንኹሎም ኣብቲ መደራደሪ ኣሃድ ዝተሸፈኑ ሰራሕተኛታት ንሰሙናዊ ናይ ደሞዝ ግዘ ይስማዕማዕ። እቲ ኩባንያ ናይቲ ሰራሕተኛ ናይ ባዕሉ ምርጫ ኣብ ዝኾነ ገንዘባዊ ትካል ናብ ዝርከብ ናይቲ ሰራሕተኛ ሒሳብ ብቀጥታ ዲፖዚት ክኸፍል ኣለዎ። **ቅድሚ ዲፖዚት ዝርዝር ደሞዝ ኣብ ዘሎ መዓልቲ፣** እቲ ኩባንያ ዝርዝር ተረፍ ደሞዝ እቲ ዝተጠቐሰ ሰሙናዊ ክፍሊት ነቶም ሰራሕተኛታት ክህቦም ኣለዎ። **እቲ ዝርዝር ንከያታትን ኩሎም ኣታዊታትን መቕሹሻት፣ ሕላፍ ሰዓትን ናይ ዕረፍትን ሓፈሻዊ በዓልን ዝተረኸበ ደሞዝን ብግልፂ ክዝርዝር እዩ።**

27.02 **ስሕተታት ዝርዝር ደሞዝ**

ተረፋት ደሞዝ ንኹሎም ኣብቲ መደራደሪ ኣሃድ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ካብ ፍርቂ ለይቲ ሮቡዕ ሕድሕድ ሰሙን ብዘይሓለፈ ብኤለክትሮኒካዊ መንገዲ ክወሃቡ እዮም። እቲ ኩባንያ ኣብ ናይቲ ሰራሕተኛ ደሞዝ ምስ ናይ ኣርባዕተ (4) ሰዓታት ስሩዕ ደሞዝ ወይ ልዕሊኡ ዝመጣጠን ስሕተት ክሰርሕ እንከሎ፣ ብመሰረት ሕቶ፣ እቲ ኩባንያ እቲ ስሕተት ናብቲ ተቐፃፃሪ ካብ ዝሕበር ኣብ ውሽጢ ሰለስተ (3) ናይ ስራሕ መዓልትታት ነቲ ዝተስተኻኸለ መጠን ናብቲ ናይ ሰራሕተኛ ሒሳብ ዲፖዚት ይገብር። እቲ ኩባንያ በቲ ሓበራዊ ኮሚቴ ርክብ ሽቃሎ (JLR) ንክኽለስ፣ ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተጠቐሱ መጠናትን መቓን ግዘን ሕልፊ ዝኾኑ፣ ዝኾኑ ስሕተታት ዝርዝር ደሞዝ ዘመልክት ወርሓዊ ፀብፃብ የዳልው።

ዓንቀፅ 28 ምግብን ንግዳውን ሰራሕተኛታት ማኒቶባ፣ ናይ ውሽጢ ዓዲ 832, ማዕኸን ሕድሪ ትምህርቲን ስልጠናን

28.01 ምግብን ንግዳውን ሰራሕተኛታት ማኒቶባ፣ ናይ ውሽጢ ዓዲ 832፣ ማዕኸን ሕድሪ ትምህርቲን ስልጠናን ኣብ ልጋብ "C" እዚ ውዕል ከምዝተጠቐሰ ክኸውን ኣለዎ።

ዓንቀፅ 29 ከ ብ ሒ ና ው ቲ

29.01 እቲ ኩባንያ ዝተፈላለዩ ክብሕታት ናውቲ ንኹሎም ሰራሕተኛታት ከቕርብ ይስማዕማዕ። ገዘፍቲ ከብሕታት ናውቲ ክህልዉ ከለዉ፣ ኣብ ክፍሊ ፅርየት፣ ክፍሊ ምጉዕዓዝ፣ ክፍሊ መዝሓሊ፣ ክፍሊ ፅገና ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ከምኡ እውን ንወኪላት ቤት ዕዮን ሓለፍቲ ጥዕናን ውሕስነትን ሓለፋ ይወሃቦም። ቦታ ከምኡ እውን/ወይከዓ ምክፋል ጠለባት እቲ ኩባንያ ካብ ምሃብ ኣብ ዝግድብዎ ኣጋጣሚ፣ ምቹውን ፍትሓውን ኣገባብ ንምልላይ እቲ ኩባንያ ምስቲ ማሕበር ክመክርን ክሰርሕን እዩ።

29.02 ከምዚ ዝበሉ ከብሒታት ናውቲ ኣብ ሓደ እዞም ዝስዕቡ ኩነታት ጥራሕ ከምዝእተዉ ኣብ ሞንጎ እቶም ወገናት ርዱእ እዩ፡

(1) (a) እቲ ሰራሕተኛ ኣብ ዝሃለወሉ፤ ወይ ከዓ

(b) እንድሕር በቲ ሰራሕተኛ ተሓቲቱ፣ ወኪል ቤት ዕዮ ኣብ ዝሃለወሉ፤ ወይ ከዓ

(c) ንንዑር ዕላማ ምፅራይ ከብሒ ናውቲ፣ ምርግጋፅ ፀብፃብ ወይ ከዓ መርመራ ኩነታት፣ ናይ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ምልክታ ብምልጣፍ ትካል ኣቢልካ ነቲ ማሕበርን ሰራሕተኛታትን ብምሃብ ወኪል ቤት ዕዮ ወይ ከዓ ወኪል ማሕበር ኣብ ዘለዉሉ ብቀጥታ ምእታው፤ ወይ ከዓ

(d) ካብ ስራሕ ቦታ ንዝወፀ (ንኣብነት ብዘይ ፍቓድ ዝቦኾሩ፣ ዘቋረፁ) ወኪል ቤት ኣብ ዝሃለወሉ።

(2) መኮንን ፖሊስ ኣብ ዝሃለወሉ።

ዓንቀፅ 30 ልጋባት

30.01 ኩሎም ናብዚ ሓበራዊ መደራደሪ ውዕል ዝተላገቡ ልጋባት ከም ኣካል እዚ ሓበራዊ መደራደሪ ውዕል ኣብ ሞንጎ እቶም ወገናት ክቕፀሩ ኣለዎም።

ዓንቀፅ 31 ኣኽብሮት ዘለዎ ናይ ስራሕ ቦታ

31.01 እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን እቲ ትካል ካብ ምጉጣጥ፣ **ኣድልዎን ምድሃልን** ናፃ ክኾን ከም ዘለዎ ይስማዕምዑ። እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ብተወሳኺ ምጉጣጥ፣ **ኣድልዎን ምድሃልን ኣብ ስራሕ ቦታ** ኣብ ምክልኻልን ምውጋድን ንክተሓባበሩ ይስማዕምዑ። **ኣብ ዝተኸኣለሉ እቲ ማሕበር ኣባላት እቲ ማሕበር ዝምልከት ዝኾነ ስሩዕ ምርመራ ክፈልጥ ክግበር እዩ ከምኡ እውን ክልቲኦም ወገናት ነዚ ሓበሬታ ሚስጥራዊ ይገብሩዎ፣ ብዘይካ ብሕጊ ኣብ ዝድለ ምቅላዕ።**

ፖሊሲ ኣኽብሮት ዘለዎ ናይ ስራሕ ቦታ ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ክልጠፍ እዩ ከምኡ እውን እቲ ትሕዝቶ ኣብ ናይ ክፍሊ ኣኼባታት ጥዕናን ውሕስነትን በቢ ዓመቱ ይኽለስ።

31.02 እቲ ኩባንያ ሰራሕተኛታት፣ ቀንዲ ኣካላት ዓወትና ዝኾኑ ሰባት፣ ኣብቲ ኩነታት ግቡእ ብዝኾነ ብክብረት፣ ሓልዮትን ፍትሓውነትን ክተኣናገዱ ከም ዘለዎም ይስማዕማዕ።

እቶም ወገናት ውንጀላ ከም ምጉጣጥን ኣኽብሮት ዘይብሉ ምትእንጋድን ዝኣመሰሉ ዘይግቡእ ጠባያት ኣብ ትሕቲ ዓንቀፅ 22 ክጥርዑ ከም ዝኽእሉ ይስማዕምዑ። እንድሕር እቶም ወገናት ነቲ ጉዳይ በቲ ኣካይዳ ቅሬታ ክፍትሑዎ ዘይኪኢሎም፣ እቲ ጉዳይ ኣብ ትሕቲ ዓንቀፅ 23 ናብ ዳኛ ክመሓላለፍ ይኽእል። እቲ ዳኛ ጥሕሰት እዚ ዓንቀፅ ከምዝተፈጠረ ኣብ ዝፈልጠሉ ኣጋጣሚ ነቲ ከይዲ ምፍታሕ ክርክር ተኸቲሉ ነቲ ክርክር ክሽምግል እዩ እንተዘይኮይኑ እቶም ወገናት ከም ዝተስማዕምዑሉ።

1) እንድሕር እቲ ጉዳይ ብቀጥታ ሽምግልና ዘይተፈቲሑ፣ እቲ ሽማግለ ናቱ ወይ ናታ ርእየት እቲ ጉዳይ ዝንፅር ፀብፃብ ፂሒፉ/ፋ ናይ ፍታሕ ሓሳባት ይህብ።

2) በቲ ከይዲ ኣብ ዘይግቡእ ጠባይ ከም ዝተሳተፉ ዝተፈለጡ ግለሰባት በቲ ኩባንያ ከምዝተወሰነ ዳግም ስልጠና ይውሃቦም ወይ ከዓ ብግቡእ ይቕፅዑ። ከምዚ ዝበሉ ስጉምትታት ብሚስጥር ምስ ፕረዚደንት እቲ ማሕበር ክካፈሉ እዮም።

31.03 እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ሕድሕዶም ኩሎም ናይ ምምሕዳርን ናይ ምምሕዳር ዘይኮኑ ሰራሕተኛታትን ኣብ ምፅልላው ኣብ ስራሕ ቦታ ኣብቲ ኩነታት ግቡእ ብዝኾነ ብክብረት፣ ሓልዮትን ፍትሓውነትን ክተኣናገዱን ነንዓርሶም ክተኣናገዱን ቀፃልን ዘይብተኽን ቃሎም የረጋግፁ። እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ንዝኾኑ ካልኦት ዓንቀፃት እቲ ሓበራዊ ውዕል ብምንም መንገዲ ክፀሉው ወይ ከዓ ክቃረን የብሉን።

ዓንቀፅ 32 ሓበራዊ ኮሚቴ ምምሕዳር ሽቃሎ

32.01 እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ንጉዳያት ስግኣት እቲ ማሕበርን እቲ ኩባንያን ኣትኩሮት ንምሃብ ሓበራዊ ኮሚቴ ምምሕዳር ሽቃሎ ክምስርቱ ይስማዕምዑ። እቶም ኣኼባታት በቢ ዓመቱ ይካየዱ።

32.02 እቲ ኮሚቴ ወኪላት ካብቲ ኩባንያ ዝለዓለ ኣካያዲ ስራሕ ኣሰራርሓታት እቲ ትካል፣ ዝለዓለ ኣካያዲ ስራሕ ሓይሊ ሰብ፣ ናይ ምሉእ እዋን ወኪል ማሕበር፣ ዋና ወኪል፣ ከምኡ እውን ሓጋዚ ዋና ወኪል ብምክታት ዝሓዘ ይኾን።

32.03 ብመሰረት ሓበራዊ ስምምዕ፣ እቶም ወገናት ኣብ ላዕሊ ዝተፀርሑ ኣኼባታት ብተወሳኺ ክእከቡ ይኽእሉ። ምክትል ፕረዚደንት ርክባት ሽቃሎን ፕረዚደንት እቲ ማሕበርን ኣብ ዓመት ኣብ ሓደ ኣኼባ ክሳተፉ ክፀዕሩ እዮም።

32.04 እቶም ወገናት ኣብቲ ኣኼባ JLM ዝተለዓሉ ጉዳያት ንምእላይን ንምፍታሕን ክንድዝከኣሎም ክፀዕሩ እዮም።

32.05 እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ሓበራዊ ኮሚቴ ርክባት ሽቃሎ (JLR) ክምስርቱ ይስማዕምዑ። እዚ ኮሚቴ ወኪል ማሕበር፣ ዋና ወኪልን ሓጋዚ ዋና ወኪልን ብቐዓት ወኪላት ማሕበርን ዝሓዘ ይኾን። እቲ JLR ኮሚቴ ምስ ጉዳያት ርክባት ሽቃሎ ዝትሓሓዙ ፀገማት

ብቕልጡፍ ንምፍታሕ ብዝብል ሓሳብ በቢ ወርሑ ይእከቡ።

ዓንቀፅ 33 መደብ ሰራሕተኛ ወፃኢ

33.01 **ዕዮ ወረቐት ስደት**

እቲ ኩባንያ ንናይ ወፃኢ ሰራሕተኛታት ኣብ ምምላእ ናቶም ዕዮ ወረቐት ስደት፣ ኩሉ ፍትሓዊ ናይ ስራሕ ፍቓድ ምሕዳስ ንቀዋሚ ነባርነት ዘድልዩ መመልከቻታትን ቅጥዕታትን ብምክታት ምምሕዳራዊ ድጋፍ ክህብ ይስማዕማዕ።

33.02 **ምትርጓም**

እቲ ኩባንያ ንመተርጎሚ እቲ ሓበራዊ መደራደሪ ውዕል ናብ ዝኾነ ን100 ሰራሕተኛታት ወይ ልዕሊኡ ቀዳማይ ቋንቋ ዝኾነ ቋንቋ ክኸፍል ይስማዕማዕ። እቲ ኩባንያ ብተወሳኺ ነቲ ናይ ሰራሕተኛታት መምርሒ ናብ ዝኾነ ን100 ሰራሕተኛታት ቀዳማይ ቋንቋ ዝኾነ ቋንቋ ክትርጉም ይስማዕማዕ። እቶም ወገናት ክትርጎሙ ከም ዘለዎም ዝስማዕምዑሎም ዝኾኑ ሰነዳት 50/50 እቲ ወፃኢ ክካፈሉ እዮም።

33.03 እቲ ኩባንያ ብናይ ወፃኢ ሰራሕተኛታት ኣብ ዝኾነ ግዘ ኣብ ዝተደለዩሉ ተርጎምቲ ከቕርብ ይስማዕማዕ።

33.04 **ምብራር ሰራሕተኛ ወፃኢ**

ኣብ ኩነት ምብራር ዘይኣመክሮኣዊ ሰራሕተኛ ወፃኢ፣ እቶም ወገናት ኣብ ውሽጢ ሽድሽተ (6) ሰሙናት እቲ ምብራር ዝተቐላጠፈ ናይ ዕርቂ ፍርዲ ክካየድ ይስማዕምዑ። እቲ ኩባንያ እቲ ሰራሕተኛ ኣብ ብራንደን ክፀንሕ ዘድልዩዎ ኩሎም ዕዮ ወረቐት ምክያድ ክቕፅል እዩ፣ ናይቲ ዳኛ ውሳነ ክሳብ ዝወሃበሉ ግዘ።

33.05 ኣብ ውሽጢ ስድሳ (60) መዓልትታት ምፅዳቕ እዚ ውዕል፣ እቶም ወገናት ኣብቲ ትካል ንቃላዊ ምትርጓም ዘገልግሉ ዝርዝር ብሓባር ዝተስማዕምዑሎም ኣስተርጎምቲ ይፍርሙ።

33.06 **ፌደራላዊ መምርሕታት ስደት**

እቶም ወገናት ኣብዚ ዘለዉ ምስ ሰራሕተኛታት ወፃኢ ዝተሓሓዙ ኩሎም ዓንቀፃት ብመሰረት ፌደራላዊ መምርሒ ስደት ክኾኑ ከም ዘለዎም ይስማዕምዑ። ኣብ ሞንጎ እዞም ደንቢታትን ፌደራላዊ መምርሕታት ስደትን ግጭት ኣብ ዝህልወሉ ኣጋጣሚ፣ እቶም ወገናት ከምዝመሳሳሉ ንምርግጋፅ ደንብታት እዚ ዓንቀፅ ንምምሕያሽ ክራኸቡ እዮም።

ዓንቀፅ 34 ምፍራስን ምሕዳስን

34.01 እዚ ውዕል እቲ ማሕበር ካብ ዘፅድቕ ጀሚሩ ተግባራዊ ክኾን ኣለዎ፣ ክሳብ ታሕሳስ 31፣ 2024 ድማ ኣብ ተግባር ክፀንሕ ኣለዎ፣ ከምኡ ድማ ካብኡ ንደሓር ብሕቶ ሓዲኦም ወገናት ክሕደስ ኣለዎ፣ ከምዚ ዝበለ ሕቶ ቅድሚ ዕለት ምውዳቕ ወይ ከዓ ካብኡ ንደሓር ዘሎ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ዝኽረ ዓመት ካብ ሰለሳ (30) መዓልትታት ኣብ ዘውይወሓደ ወይ ከዓ ካብ ቴስዓ (90) መዓልትታት ኣብ ዘይበዝሐ ክቕርብ ኣለዎ፣ ዝኾነ ወገን ድሌት ምቁራፅ ከምዚ ዝበለ ውዕል

ወይከዓ ናቱ ክለሳ ንምዝታይ ነቲ ካልእ ወገን ናይ ፅሑፍ ምልክታ ክህብ ይኽእል። ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቐሰ ኣብ ዕለት ምውዳቕ እዚ ውዕል፣ እንድሕር ዘተታት ዘይተወዲኦም፣ እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን እዚ ውዕል ብቕፅበት ክሳብ፡

(1) ኣብ ሞንጎ እቶም ወገናት ኣብ ስምምዕ ክሳብ ዝብፃሕ፤

(2) እቲ ማሕበር ነቲ ኩባንያ ኣድማ ናይ ምእዋጅ መደቡ ናይ ሸውዓተ (7) ካላንደራዊ መዓልትታት ምልክታ ብፅሑፍ ብምሃብ ኣድማ ዝእውጅ፤ ወይ ከዓ

(3) እቲ ኩባንያ ነቲ ማሕበር ስራሕ ዓፀዋ ናይ ምእዋጅ መደቡ ናይ ሸወዓተ (7) ካላንደራዊ መዓልትታት ምልክታ ብፅሑፍ ብምሃብ ስራሕ ዝዓፁ፤ ከም ዝናዋሕ ይስማዕምዑ።

34.02 ኩሎም ብሓዲኦም ወገናት ዝተደለዩ ክለሳታት እዚ ውዕል ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ (10) መዓልትታት ምሃብ ከምዚ ዝበለ ምልክታ ብፅሑፍ ክወሃብ ኣለዎ።

34.03 እቲ ዘድሊ ምልክታ ምቁራፅ ወይ ክለሳ ብሓዲኦም ወገናት ክወሃብ እንከሎ፣ ምስ ተመሳሳሊ ዝተትሓሓዙ ዘተታት ብቕፅበት ክጅመሩን ብቕልጡፍ ክካየዱን እዮም፣ ምእንታን እንድሕር ብቅንዕና ዝከኣል ኮይኑ፣ ኣብቲ እዋን ምልክታ ተመሳሳሊ ብሓባርን ብዘዐግብን ንክድምደም።

ብምስክር፣ ነዚ ውዕል ብግቡእ ኣገባብ ዘተግበሩ ወገናት።

እዚ ዕለት 2020 ዝተፈረመ።

ነቲ ማሕበር:	**ነቲ ኩባንያ:**
ፅጌሬዳ ኣለሙ	ኬን ዛረትስኪ
ኤልሳ ኣልቫራዶ	ሙነሽ ሸርማ
ሆሊ ጋወር	ብሪትኒ ሃልክሮው
ካተሪን ሁይስ	ኒኮሊን ደይ
ዊልያም ከልሶ	ጄይ ባሹኪ
ኪም ኖክስ ፓወርስ	ዴዚ ሲንግ

ማርቪን ላንዳቨርደ

መይ ሊ

ሳም ማትዮውስኪ

ኣን ሚክሊላን

ሳንሚት ፓቴል

ጀራርድ ኩዌዛንስ

ዲን ሮድዌል

ጉርዲፕ ሲንግ ማን

ግለን ስኪፐር

ሙሉቀን ተሾመ

ዳኒኤል ዬንስ

ብረንዳ ብራውን

ማሪ ቡካን

ጀፍ ትሬገር

ልጋብ A

ጥዕናን ድሕንነትን
ናይ ስኒ መደብ / ናይ ጡረታ መደብ

A-1 UFCW/ ማዕከን ሕድሪ ጥቕማ ጥቕሚ ኣክስዮን ምግብታት ሜፕል ሊፍ

(a) እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ካብ ግዘ ናብ ግዘ ብቦርድ ብዓል ሕድሪ ከም ዝውሰን ናይ ጥዕናን ድሕንነትን ጥቕማ ጥቕሚ ንምቕራብ ንማዕከን ሕድሪ ጥቕማ ጥቕሚ UFCW/ኣክስዮን ምግብታት ሜፕል ሊፍ ይስማዕምዑ።

(b) እቲ ቦርድ ብዓል ሕድሪ ሰለስተ (3) በቲ ኩባንያ ዝተቐፀሩ ወኪላትን ሰለስተ (3) በቲ ማሕበር ዝተቐፀሩ ወኪላትን ዝሓዘ ክኾን ኣለዎ። ዝተጠቐሱ ብዓል ሕድሪ ነቶም ዝተጠቐሱ ብዓል ሕድሪ ብዝቐፀሩዎም ወገናት ክልወጡን ክውገዱን ይኽእሉ ብመሰረት ካብ ሰነ 23፣ 2003 ጀሚሩ ተግባራዊ ዝኾነ ውዕልን ኣዋጅን ሕድሪ።

(c) እቲ ኩባንያ ንኹሎም ኣብቲ መደራደሪ ኣሃድ ዝተሰርሑ ወይ ዝተኸፈሉ ሰዓታት እዚ ዝስዕብ መደብ ወፈያታት ንናይ ስኒ ወፈያታት ንዝተኸፈሉ ተመጣጣኒ ሰዓታት ክኸፍል ይስማዕማዕ። እቲ ኩባንያ ካብ ሓምለ 1፣ 2019 ጀሚሩ ኣርባዓ (40¢) ኣብ ሰዓት ክኸፍል ይስማዕማዕ። ከምዚ ዝበሉ ወፈያታት ናይቲ ኩባንያ ናይ ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ናይ ሒሳብ እዋን ተኸቲሉ ኣብ ውሽጢ ዒስራን ሓደን (21) መዓልትታት ናብቲ ማዕከን ሕድሪ ክለኣኽ ኣለዎ።

ብተወሳኺ ዕካማ እቲ ማሕበርን እቲ ኩባንያን ገንዘባዊ ፅኑዕነት እቲ ማዕከን ሕድሪ ምርግጋፅን እቲ ማዕከን ናብ ኪሳራ ሃለዋት ክወርደሉ ዝኽእል ተኽእሎ ምቕናስን ከም ዝኾነ ፍሉጥ እዩ። ንዕላማ እዚ ስምምዕ፣ እንድሕር ድምር ዕዳታትን ዕቁር ገንዘብን ካብ ጠቕላላ ንብረታት ሓሊፉ እቲ ማዕከን ኣብ ኪሳራ ሃለዋት ከምዘሎ ይቑፀር።

እቲ ማዕከን ኣብ ኪሳራ ሃለዋት ከምዘሎ፣ ወይ ከዓ ናይ ኪሳራ ሃለዋት ክፍጠር ከምዝኽእል ኣብ ዝተወሰነሉ ኣጋጣሚ፣ እቲ ኩባንያ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ኣርባዓ (40¢) ሳንቲም ኣብ ሰዓት ብተወሳኺ ብገምጋሚ እቲ መደብ ከምዝውሰን ነቲ ኩነታት ንምስትኽካል ዘድሊ ጠቅላላ ገንዘብ ከውፊ ይስማዕማዕ። ከምዚ ዝበለ ተወሳኺ ወፈያ ቅድሚ ጥሪ 1፣ 2020 ኣይጅምርን።

ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቐሰ ተወሰኽቲ ወፈያታት እንድሕር ተደልዮምን ክድለዩ ከለዉን፣ ዝተጠቐሱ ተወሰኽቲ ወፈያታት ካብ ዒስራ (20¢) ሳንቲም ኣብ ሰዓት መጠን ኣይሓልፉን።

A-2 ናይ ስኒ መደብ ምግብን ንግዳዊ ሰራሕተኛታትን ማኒቶባ

A-2.01 እቲ ኩባንያ ናብቲ "ናይ ስኒ መደብ ምግብን ንግዳውን ሰራሕተኛታት ማኒቶባ" ሰላሳን ሸሞንተን (38¢) ሳንቲም ኣብ ሰዓት ከውፊ ይስማዕማዕ፣ ከምኡ እውን ብተወሳኺ፣ እንድሕር በቲ ገምጋሚ እቲ መደብ ከምዝውሰን ነቲ ናይ ሕዚ እዋን መደብ ክፍሊት ምዕቃብ ተደልዩ፣ ተወሳኺ ሓደ (1¢) ሳንቲም ኣብ ሰዓት ኣብ ዓመት፣ ናይ ሕዚ እዋን ጥቕማ ጥቕሚ ምሕላው እንድሕር ተደልዩ ንዝተኸፈሉ ስሩዕ ግዘ ሰዓታት፣ ደሞዝ ሕማም (ሰሙናዊ ካሕሳ ዘየካትት)፣ ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት ዕረፍቲ ኣብ ትሕቲ ዕረፍትን ሓፈሻዊ በዓልን ዓንቀፅ እዚ ውዕል መሰል ከም ዝተወሃበም፣ እንተበዝሐ ኣርባዓ (40) ሰዓታት ኣብ ሰሙን ከምኡ እውን ክልተ ሽሕ (2000) ሰዓታት ኣብ ካላንደራዊ ዓመት ንሓደ ሰራሕተኛ ኣብቲ መደራደሪ ኣሃድ ዘለዉ ኩሎም ሰራሕተኛታት ዝምልከት።

A-2.02 ከምዚ ዝበሉ ወፈያታት ናይቲ ኩባንያ ናይ ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ሰሙን ናይ ሒሳብ እዋን ተኸቲሉ ኣብ ውሽጢ ዒስራን ሓደን (21) መዓልትታት ናብቲ ማዕከን ክለኣኽ ኣለዎ።

A-2.03 መንግስቲ ካናዳ ወይ ከዓ ክፍለ ሃገር ማኒቶባ ተመሳሳሊ ጥቕማ ጥቕሚ ዘለዎ ናይ ወፈያ ዘይኮነ ናይ ክንክን ስኒ መደብ ኣብ ዘቕርበሉ ኣጋጣሚ፣ ናይቲ ኩባንያ ናብ ናይ ስኒ መደብ ምግብን ንግዳውን ሰራሕተኛታት ማኒቶባ ወፈያ ምግባር ምቕፃል ግዴትኡ ጠጠው ክብል ኣለዎ። ብተወሳኺ ናይ መንግስቲ መደብ ድርብ ጥቕማ ጥቕሚ እንተደኣ ፈጢሩ፣ እዞም ጥቕማ ጥቕሚ ካብ ናይ ስኒ መደብ ምግብን ንግዳውን ሰራሕተኛታት ማኒቶባ ክድምሰሱ ኣለዎም ከምኡ እውን ንዋጋ እዞም ጥቕማ ጥቕሚ ዝምልከት ናይቲ ኩባንያ ወፈያ ጠጠው ክብል ኣለዎ።

A-3 መደብ ጡረታ

A-3.01 ኩሎም ሰራሕተኛታት እዞም ዝስዕቡ ኣብ ዘቕርብ ኣብ ትሕቲ መደብ ጡረታ ምግብታት ሜፕል ሊፍ ክምዝገቡ እዮም፡

(a) ምስ 42.5% ሚኢታዊ ናይ ሰራሕተኛ ወፈያን ሚኢትን ኣርባዓን ኣርባዕተን ($144) ዶላር ንሕድሕድ ዝተማልአ ዓመት MLF መደብ ዕብየትን (ንዘይተማልኡ ርባዓት ዝተነከየ) ዝመጣጠን ጥቕማ ጥቕሚ።

(b) ልሙድ ጡረታ መውፅኢ ዕድመ 65 እዩ ነገር ግን:

i. ካብ ንጡፍ ስራሕ ኣብ መበል 60 ዓመት ጡረታ ምውፃእ ብዘይ ምንም ዝኾነ ንከያ ልሙድ ናይ ጡረታ ዓይነት ይኾን።

ii. ካብ ንጡፍ ስራሕ ኣብ 55 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ግን ካብ 60 ዓመት ዝነኣሰ ጡረታ ምውፃእ ከምኡ ድማ ናትኩም ዝተማልኡ ዓመታት ግልጋሎትን ዝተማልኡ ዓመታት ዕድመኹምን ድምር 85 ወይ ዝዓበየ ኮይኑ፣ ንዝተመሓየሸ ዝቐደመ ጡረታ ንከያ ብቕዓት ትኾኑ። ጡረታኹም ንሕድሕድ ወርሒ ጡረታ ዝወፃእኹምሉ ዕለት ቅድሚ 60 ዓመት ዝኾነ ብ ½% ይንኪ።

(c) ሰራሕተኛታት ክልተን ፍርቂን (2.5%) ሚኢታዊ ስሩዕ ኣታዊኦም የወፍዩ። ኣታዊ ማለት እቲ ኣባል ካብቲ ኩባንያ ዝወስዶ ስሩዕ ኣታዊ ካብ ስራሕ ብሕጊ ስተወሰኑ በዓላትን ናይ ዕረፍቲ ደሞዝ ንዝተወሰደ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ብምክታት ነገር ግን ቦነሳት፣ ደሞዝ ሕላፍ ሰዓት፣ ጥቕማ ጥቕሚ፣ ክፍሊታትን ኮሚሽናትን ከምኡ እውን ዝኾኑ ድምር ገንዘብ ክፍሊት ኣብ ምቁራፅ ስራሕ፣ ጡረታ ኣብ ምውፃእ ወይ ሞት ብምግዳፍ።

ሰራሕተኛታት ነቲ እዋን መፀበዪ መደብ ይሳጥሑ።

<u>ሕሉፍ ግልጋሎት</u>

ቅድሚ ሕዚ ኣብ CCWIPP ተሳቲፎም ዝነበሩ ቅድሚ ጥሪ 1፣ 2010 ዝተቐፀሩ ሰራሕተኛታት በቲ መደብ ጡረታ MLF ንዝወሃብ ጥቕማ ጥቕሚ ሕሉፍ ግልጋሎት ብቜዓት ይኾኑ። እቲ ጥቕማ ጥቕሚ ሕሉፍ ግልጋሎት ሓምሳ (50%) ሚኢታዊ እቲ ጡረታ ይኾን ብመሰረት ደረጃ ጥቕማ ጥቕሚ $25.10 ኣብ ወርሒ ንሕድሕድ ናይ ግልጋሎት ዓመት ኣብ CCWIPP ቅድሚ ጥሪ 1፣ 2010፣ ብCCWIPP ታሕሳስ 31፣ 2009 ይወሃብ ካብ ዝነበረ ዝወሓደ። እዚ ጥቕማ ጥቕሚ MLF ምስቲ ናይ ሕዚ እዋን ጥቕማ ጥቕሚ CCWIPP ብተመሳሳሊ መሰረት ይስላሕ፣ እዙይ ማለት ብመሰረት በዝሒ ኣብ 65 ዓመት ብዘይምንከያ ዝተፀብፀቡን ተኸፈልቲን ሰዓታት። (ንምንፃር፣ እዙይ ማለት እቶም ጥቕማ ጥቕሚ ሓምሳ (50%) ሚኢታዊ ኪሳራታት ካብቲ ንከያ CCWIPP ይሽፍን ማለት እዩ።

ሰራሕተኛታት በቲ ማሕበር ኣብ ዝኽፈል ዝተፈቐደ ፍቓድ ክህልዉ ከለዉ ብምንም ናይ ጡረታ ጥቕማ ጥቕሚ ምስኣን ክህሰዩ የብሎምን።

ኣብ ዕለት ምፅዳቕ፣ ስድሳ ዓመታ ወይ ልዕሊኡ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት እሞ ድማ ቅድሚ ጥሪ 1፣ 2021 ጡረታ ክወፁ እንተመሪፆም፣ ሰለስተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ($3500) ዶላር ድምር ክፍሊት ናይ ጡረታ ኣበል ይወስዱ።

<u>ምምቕራሕ ማዕከናት ትርሲት ንሰራሕተኛታት ብራንደን</u>

ድሕሪ ምፅዳቕ፣ እቶም ብዓል ሕድሪ መደብ ጥቕማ ጥቕሚ ሰራሕተኛታት ንሰራሕተኛታት ሜፕል ሊፍ ምግብታት ማኒቶባ ኣብ ትሕቲ መደብ ጡረታ ሜፕል ሊፍ ዘይተኸሓሰ ብኪሳራ ዝተሃሰዩን ቅድሚ ሕዚ ምሉእ ክፍሊቶም ዘይወሰዱን ኣብ ዝርዝር ደሞዝ ንዘለዉ ወይ ከዓ ጡረታ ንዝወፁ ክፍሊት ከፅድቕ እዩ። እቲ ክፍሊት 60% እቲ ዝተሸላሸለ ዋጋ ዝቕረየ ኪሳራ የመልክት ከምኡ እውን ነቲ ሰራሕተኛ ዘይተኸፈለ ዝቕረየ ምሉእ መጠን የመልክት። ዝኽፈል ተረፍ እቲ ዝተሸላሸለ ዋጋ በቲ በዓል ሕድሪ ክፀድቕ እዩ፣ ኣብ ናይ ምዕከና ደረጃ እቲ መደብ ዝተደረኸ። እቲ ማዕከን ትርሲት ንኩሎም ብቜዓት ሰራሕተኛታት ቅድሚ ለካቲት 8፣ 2020 እቲ ናይ መወዳእታ CCWIPP ሕሉፍ ግልጋሎት ክፍሊት ልቓሕ ንምፍፃም ክውዕል እዩ።

A-4 ናይ ሓኪም ደብዳበታት

ኣብ ኩነት ቡክራት ንሕካምናዊ ምኽንያት ወይ ከዓ ምስ ስራሕ ዘይተትሓሓዘ ጉድኣት፣ ነቲ ናይ መጀመርያ ናይ ሓኪም ደብዳበ እቲ ሰራሕተኛ ይኽፍል። ወፃኢ ዝኾነ ካሊእ ናይ ሕክምና ምስክር ወረቀት፣ ከምኡ እውን ዝኾነ ምርመራ ተግባራዊ ክእለታት (FAE) ወይ ከዓ እቲ ሰራሕተኛ ምስ ብኩራት ብምኽንያት ሕክምናዊ ድኻም፣ ዝተደረጀ ምምላስ ናብ ስራሕ ወይ ከዓ ናይ ስራሕ ቦታ መሕደሪ፣ ዝተትሓሓዘ ከቕርብ ዝድለ ዝኾነ ካልእ ሰነድ ናይ ምኽፋል ሓላፍነት ይወስድ።

ልጋብ B

ደሞዝ / ምደባታት

B-1 ደሞዝ

ኣብ ወይ ቅድሚ ታሕሳስ 8/ 2014 ዝተቐፀሩ ሰራሕተኛታት:

ደሞዝ	ደረጃታት	ሎሚ	ሰነ 28 2020	ሰነ 27 2021	ሰነ 26 2022	ሰነ 25 2023	ሰነ 30 2024
ሓፈሻዊ 1	መጀመሪ	$15.10	**$15.40**	**$15.70**	**$16.00**	**$16.35**	**$16.70**
	520 ሰዓታት	$15.10	**$15.40**	**$15.70**	**$16.00**	**$16.35**	**$16.70**
	2080ሰዓታት	$15.10	**$15.40**	**$15.70**	**$16.00**	**$16.35**	**$16.70**
ሓፈሻዊ 2	መጀመሪ	$15.20	**$15.50**	**$15.80**	**$16.10**	**$16.45**	**$16.80**
	520 ሰዓታት	$15.50	**$15.80**	**$16.10**	**$16.40**	**$16.75**	**$17.10**
	2080ሰዓታት	$15.90	**$16.20**	**$16.50**	**$16.80**	**$17.15**	**$17.50**
ሓውሲ 1	መጀመሪ	$16.55	**$16.95**	**$17.35**	**$17.80**	**$18.25**	**$18.70**
	520 ሰዓታት	$17.05	**$17.45**	**$17.85**	**$18.30**	**$18.75**	**$19.20**
	2080ሰዓታት	$17.55	**$17.95**	**$18.35**	**$18.80**	**$19.25**	**$19.70**
ሓውሲ 2	መጀመሪ	$17.65	**$18.05**	**$18.45**	**$18.90**	**$19.40**	**$19.90**
	520 ሰዓታት	$18.10	**$18.50**	**$18.90**	**$19.35**	**$19.85**	**$20.35**
	2080ሰዓታት	$18.70	**$19.10**	**$19.50**	**$19.95**	**$20.45**	**$20.95**
ኪኢላ 1	መጀመሪ	$19.15	**$19.60**	**$20.10**	**$20.60**	**$21.10**	**$21.65**
	520 ሰዓታት	$19.65	**$20.10**	**$20.60**	**$21.10**	**$21.60**	**$22.15**
	2080ሰዓታት	$20.20	**$20.65**	**$21.15**	**$21.65**	**$22.15**	**$22.70**
ኪኢላ 2	መጀመሪ	$20.20	**$20.65**	**$21.15**	**$21.65**	**$22.15**	**$22.70**
	520 ሰዓታት	$20.70	**$21.15**	**$21.65**	**$22.15**	**$22.65**	**$23.20**
	2080ሰዓታት	$21.25	**$21.70**	**$22.20**	**$22.70**	**$23.20**	**$23.75**
ሓጋዚ ፅገና			**$22.15**	**$22.60**	**$23.10**	**$23.60**	**$24.10**	**$24.65**

ንክወማ ሓላፍነት ቅቡላት ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ኣብቲ ወሰኽ ዝህቦም ዝምደቡሉ ክወማ ዘሎ እቲ ዝቕፅል ዝለዓለ ደሞዝ ይወስዱ፣ ከምኡ እውን ንዕላማ ምውሳን መጠን ደሞዞም ብኹሉ ናቶም ናይ መደብ ሰዓት ከም ዝተኸፈለ ይምዝገብ። **ናይ መደብ ሰዓት፣ ከም ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ (5) ዓመታት ኣብ ሓደ ምደባ ዝሰርሑም በዝሒ ሰዓታት ይግለፅ።**

ድሕሪ ታሕሳስ 8/2014 ንዝተቐፀሩ ሰራሕተኛታት፡

ደሞዝ	ደረጃታት	ሎሚ	ሰነ 28 2020	ሰነ 27 2021	ሰነ 26 2022	ሰነ 25 2023	ሰነ 30 2024
ሓፈሻዊ 1	መጀመሪ	$15.10	$15.40	$15.70	$16.00	$16.35	$16.70
	520 ሰዓታት	$15.10	$15.40	$15.70	$16.00	$16.35	$16.70
	2080ሰዓታ	$15.10	$15.40	$15.70	$16.00	$16.35	$16.70
ሓፈሻዊ 2	መጀመሪ	$15.20	$15.50	$15.80	$16.10	$16.45	$16.80
	520 ሰዓታት	$15.50	$15.80	$16.10	$16.40	$16.75	$17.10
	2080ሰዓታ	$15.90	$16.20	$16.50	$16.80	$17.15	$17.50
ሓውሲ 1	መጀመሪ	$16.55	$16.95	$17.35	$17.80	$18.25	$18.70
	520 ሰዓታት	$16.80	$17.20	$17.60	$18.05	$18.50	$18.95
	2080ሰዓታ	$17.05	$17.45	$17.85	$18.30	$18.75	$19.20
	3120ሰዓታ	$17.30	$17.70	$18.10	$18.55	$19.00	$19.45
	4160ሰዓታ	$17.55	$17.95	$18.35	$18.80	$19.25	$19.70
ሓውሲ 2	መጀመሪ	$17.65	$18.05	$18.45	$18.90	$19.40	$19.90
	520 ሰዓታት	$17.90	$18.30	$18.70	$19.15	$19.65	$20.15
	2080ሰዓታ	$18.15	$18.55	$18.95	$19.40	$19.90	$20.40
	3120ሰዓታ	$18.40	$18.80	$19.20	$19.65	$20.15	$20.65
	4160ሰዓታ	$18.70	$19.10	$19.50	$19.95	$20.45	$20.95
ኪኢላ 1	መጀመሪ	$19.15	$19.60	$20.10	$20.60	$21.10	$21.65
	520 ሰዓታት	$19.40	$19.85	$20.35	$20.85	$21.35	$21.90
	2080ሰዓታ	$19.65	$20.10	$20.60	$21.10	$21.60	$22.15
	3120ሰዓታ	$19.90	$20.35	$20.85	$21.35	$21.85	$22.40
	4160ሰዓታ	$20.20	$20.65	$21.15	$21.65	$22.15	$22.70
ኪኢላ 2	መጀመሪ	$20.20	$20.65	$21.15	$21.65	$22.15	$22.70
	520 ሰዓታት	$20.45	$20.90	$21.40	$21.90	$22.40	$22.95
	2080ሰዓታ	$20.70	$21.15	$21.65	$22.15	$22.65	$23.20
	3120ሰዓታ	$20.95	$21.40	$21.90	$22.40	$22.90	$23.45
	4160ሰዓታ	$21.25	$21.70	$22.20	$22.70	$23.20	$23.75
ሓጋዚ ፅገና			$22.15	$22.60	$23.10	$23.60	$24.10	$24.65

ንክወማ ምድብ ቅቡላት ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ኣብቲ ወሰኽ ዝህቦም ዝምደቡሉ ክወማ ዘሎ እቲ ዝቅፅል ዝለዓለ ደሞዝ ይወስዱ፣ ከምኡ እውን ንዕላማ ምውሳን መጠን ደሞዞም ብኹሉ ናቶም ናይ መደብ ሰዓት ከም ዝተኸፈለ ይምዝገብ። **ናይ መደብ ሰዓት ከም ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ (5) ዓመታት ኣብ ሓደ ምደባ ዝሰርሑም በዝሒ ሰዓታት ይግለፅ።**

B-2 ምደባ ተልመዴንነት ሞያ

እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ኮሚቴ ተልመዴንነት ሞያ ክምስርቱ ይስማዕምዑ። እዚ ኮሚቴ እንተናኣሰ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ይእከብ። ዓላማ እቲ ኮሚቴ ነቲ መደብ ምክትታልን ሕዑያት ምምራፅን ይኸውን። እቲ ኩባንያ ብምክንያት ምትግባር እዚ ምምሕያሽ እቲ ሓበራዊ መደራደሪ ውዕል ሰራሕተኛታት ናይ ሰሰዓት መጠን ደሞዘም ከም ዘይቕነሶም ይስማዕማዕ።

እቲ መደብ ሓጋዚ ተልመዴንነት ማኒቲበ እቶም ወገናት ብዝተስማዕምዑሉ ናይ ምርድዳእ ደብዳበ ይእቶ።

እቲ ፍቓድ ወረቐት ዝተወሃበ መደብ ተልመዴንነት ሞያን ምደባን በቲ ኩባንያ ብመሰረት ሕግታትን ደንቢታትን ክፍለ ሃገር ማኒቶባ ንብቕዓት ሰራሕተኛታት ክወሃብ እዩ።

ተልመዴናት ንኩሎም ዘድልዩ ተሳትፎታት ትምህርቲ ቤት ሞያ ከኽብሩን ግቡእ ፈተናታት ክሓልፉን ኣለዎም።

ተልመዴናት ብመሰረት ዝለዓለ ክፍሊት ንምብፃሕ ዘድልዩ በዝሒ ዓመታት ተልመዴንነት ዓመታዊ ስሩዕ ወሰኽ ይቕበሉ። ንኣብነት፣ ኣብ ናሃቶም ሞያ ምሉእ ብምሉእ ፍቓድ ወረቀት ንክወሃቦም ኣርባዕተ ዓመት ዝወስድ እንድሕር ኮይኑ፣ እቲ መጠን ኣብ መላእ እቶም ዓመታት ተልመዴንነት ኣፈላላይ እቲ ዝለዓለ መጠንን መጀመሪ መጠንን ብ ኣርባዕተ ተመቒሉ ይኸውን።

B-3 ንዕላማ ወሰኽ ደሞዝ ኣብ B-1 ኣብ ላዕሊ፣ ናይ ስራሕ ሰዓታት ሕጋዊ በዓላትን ደሞዝ ዘለዎም ዕረፍትታትን ከካትቱ ኣለዎም። ምስላሕ ብሓቂ ዝተሰርሑ ሰዓታት ዕረፍቲ ንሕማም፣ ሓደጋ፣ ወይ በቲ ኩባንያ ዘይተኸፈለ ዝኾነ ፍቓድ ከእቱው የብሉን።

B-4 ናይ ደሞዝ ክወማ ክፍልቲታት ኣብ ልጋብ D ከምዘሎ ክኾኑ ኣለዎም።

B-5 ምሕዳስ ፍቓድ ወረቐት ፅገናን ምንጪ ሓይሊን

እቲ ኩባንያ ወፃኢታት ምክንኻን ቲኬታቶም ክኸፍል ይስማዕማዕ። እንድሕር እቲ ኩባንያ ሓደ ሰራሕተኛ ቲኬቶም ንከማሕይሽሎም ሓቲቶም፣ እቲ ኩባንያ ምስቲ ምምሕያሽ ዝተትሓሓዙ ወፃኢታት ምስቲ እዋናዊ ተግባር ብዝቃዶው ክኸፍል እዩ።

B-6 ገምጋም ደሞዝ ፅገና

እቲ ኩባንያ ናይ ፅገና መጠን ደሞዝ ንምምስራት ዓመታዊ ገምጋም ደሞዝ ፅገና ከካይድ እዩ። እቲ ገምጋም ኣብ ናይ 2019 ገምጋም ዘገልገሉ ዓሰርተ (10) ተወዳደርቲ ዝሓዘ ይኸውን።

እዞም ዝርዝራት ብሓባራዊ ስምምዕ ጥራሕ ክመሓየሹ ይኽእሉ። እንድሕር ዋጋ ናይ ተወዳዳሪ ገና ወግዓዊ ዘይኮነ ወይ ከዓ ዘይተሓተመ ኮይኑ፣ ንኣብነት ወገናት ኣብ ዘተ እንተደኣ ኮይኖም፣ እቲ ገምጋም ብመሰረት እቲ ገምጋም ኣብ ዝካየደሉ ግዘ ሕዳር ዘሎ እዋናዊ ዝለዓለ ዋጋ ነቲ ቦታ ይካየድ። እቲ ኩባንያ ክወማ 4ይ ደረጃ መሃንዲስ ሓይሊ ኣብ ዝውስኽሉ ኣጋጣሚ፣ እቶም ወገናት ዝርዝር ተወዳደርቲ ንምውሳን ይእከቡ።

ኣብቲ ገምጋም ዝተኻተቱ ቦታታት ምስ ኣብቲ ትካል ዘለዉ ቦታታት ተመጣጠንቲ ይኾኑ ከምኡ እውን እዞም ዝስዕቡ ይሕዝ፡

1. ፍቓድ ወረቀት ዝተወሃቦ ኪኢላ ሞያ
2. ፍቓድ ወረቀት ዝተወሃቦም መሃንዲሳት ሓይሊ
3. ድርብ ትኬታት (ምስ 2ኣይ ደረጃ መሃንዲሳት ንክመጣጠን)
4. ረሳሕ ማይ ምሕካም 1ን 2ን

ዝተኣከቡ ዝለዓሉን ዝተሓቱን መጠናት ተወጊዶም እቶም ዝተረፉ ሽሞንተ ማእኸላይ መጠናት ናብ ቀሊል ማእኸላይ ይስልሑ። እንድሕር እቲ ማእኸላይ ካብ ናይ ሜፕል ሊፍ መጠን ኣብ ብራንደን ብልዕሊ ሰለስተ (3%) ሚኢታዊ ዝበልፀ ኮይኑ፣ እቲ ናይ ሜፕል ሊፍ መጠን ናብዚ ማእኸላይ ይመዓራረይ። ምምዕርራያት ኣብ ትሕቲ እዚ ዓንቀፅ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተፀርሑ ሞያታት ጥራሕ ተፈፃምነት ኣለዎ።

እዚ ገምጋም ሕዳር ሕድሕድ ዓመት ይውዳእ፣ ዝኾኑ ምትዕርራያት ኣብ ናይ መጀመርታ ናይ ጥሪ ናይ ደሞዝ እዋን ተግባራዊ ብምግባር።

ንዕላማ ምትግባር ሓዱሽ ናይ ደሞዝ መጠን፣ ሞያታት ከም ዝስዕብ ክኽፈሉ እዮም፡

ደርጃ 1 = ስድሳን ሓሙሽተን (65%) ሚኢታዊ
ደረጃ 2 = ሰብዓን ሓሙሽተን (75%) ሚኢታዊ
ደረጃ 3 = ቴስዓ (90%) ሚኢታዊ
ፍቓድ ወረቀት ዘይብሎም ሞያታት/ኣለስለስቲ = ሰማንያን ሓሙሽተን (85%) ሚኢታዊ

ልጋብ C

ምግብን ንግዳውን ሰራሕተኛታት ማኒቶባ፣ ናይ ውሽጢ ዓዲ 832፣
ማዕከን ሕድሪ ትምህርትን ስልጠናን

C-1 እቲ ኩባንያ ናብቲ ምግብን ንግዳውን ሰራሕተኛታት ማኒቶባ፣ ናይ ውሽጢ ዓዲ 832፣ ማዕከን ሕድሪ ትምህርትን ስልጠናን እዞም ዝስዕቡ ወፈያታት ኣብ ሰዓት ክገብር ይስማዕማዕ፡

ዓሰርተ ሓሙሽተ (15¢) ሳናቲም ኣብ ሰዓት ጥሪ 1/2015 ኣብ ተግባር ዝውዕል

እቲ ኩባንያ አቐዲሞም ዝተጠቐሱ መጠናት ዘወፍየሉ ሰዓታት ምስ ነቲ ናይ ስኒ መደብ ኣብ ትሕቲ ዓንቀፅ A-2.01 ዝውፈዩ ሰዓታት ተመሳሰልቲ ይኾኑ ከምኡ እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ናብቲ ማሕበር ክመሓላለፉ ኣለዎም።

C-2 ዕላማ እቲ ምግብን ንግዳውን ሰራሕተኛታት ማኒቶባ፣ ናይ ውሽጢ ዓዲ 832፣ማዕከን ሕድሪ ትምህርትን ስልጠናን ንኣባላት እቲ መደራደሪ ኣሃድ ከም ኣድላይነቱ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ስልጠና ምሃብ እዩ፣ ወይ ንግላዊ ምምሕያሽ፣ ወይ ከዓ ምስቲ ኩባንያ ብምትሕብባር፣ ንስልጠና ንኣባላት ክልቲኦም እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን ጠቓሚ ከም ዝኾነ በቲ ማሕበርን በቲ ኩባንያን ከም ዝተወሰነ።

ልጋብ D

ክፍሊታት ክወማ ደሞዝ

D-1

□□□	□□□ ደሞዝ	ስራሕ
HOG RECEIVING		
	SK2	Hog Receiver
	SK2	Lead Hand
FRONT END KILL		**AM & PM**
	GL1	Wash Pens
	GL1	Shave Hogs
	GL2	**Oral Flush**
	SS1	Chase Hogs
	SS1	Gam Return Wash
	SS2	Shackle Hogs
	SK1	Flip Hogs
	SK1	Notch Tendons
	SK1	Gam Hogs
	SK1	Gam Bank
	SK1	Stick Hogs
	SK2	Blood Room Operator
	SK2	Lead Hand
DRESSING FLOOR		**AM & PM**
	GL1	Stamp Hogs
	GL1	Mark Low Fat Hogs
	GL2	Remove Kidneys
	GL2	Notch Front Feet
	SS1	Mark/Pop Kidneys
	SS1	Floor Person/Cleaner
	SS1	Drop Bung
	SS1	Bung Hogs
	SS1	Clip Heads
	SS1	Notch Hind Feet
	SS1	Present Viscera
	SS1	Remove Salivary Glands
	SS1	Remove Blood Clots and Stick Hole
	SS1	Remove Heart Fat
	SS1	Load/Wash Coolers
	SS1	Remove Uteri
	SS2	Drop Tongues

CLASSIFICATION	PAY GRADE	JOB
	SS2	Pluck
	SS2	**Low/High Trim**
	SS2	Leaf Lard Guns
	SS2	Leaf Lard
	SS2	Whiz Leaf Lard
	SK1	CCP Operator
	SK1	Open Hogs
	SK1	Brisket Saw
	SK1	Remove Pizel
	SK1	**Detecting/Carcass Inspection**
	SK1	Hog Scale
	SK1	**Hog Shrinkage/HIP Monitor**
	SK1	Trim Non-Demerits
	SK1	HR Scale
	SK2	Lead Hand
	SK2	Trim Demerits/HR
	SK2	Corporate Trainer
	SK2	Separation
	SK2	Expose Lymph Nodes
	SK2	Gutting
	SK2	Split Saw
CASINGS ROOM		**AM & PM**
	SS1	Salt Casings
	SK1	Pull Runners
	SK1	Casing Machine Operator
	SK2	Lead Hand
STOMACH & CHITS		**AM & PM**
	GL1	Feed Stomachs
	GL1	Harvest Flush Bungs
	GL1	General Packer
	GL1	Pack Fraction
	GL1	Spleens
	GL2	Remove Stomachs
	SS1	Save Pancreas Glands
	SS1	Feed Bung Machine
	SS1	Trim Bung
	SS1	Split Bung & Feed Vacuum
	SS1	Scale Label
	SS1	Rectum Removal / Pancreas

CLASSIFICATION	PAY GRADE	JOB
	SS1	Harvest Pancreas
	SS1	Pack Combos
	SS1	Cryovac
	SS2	Animal Food
	SK2	Lead Hand
LARD, MUCOSA & INEDIBLE		**AM & PM & NIGHTS**
	SS2	Inedible Rendering
	SK2	Mucosa Room Operator
	SK2	Edible Room Operator
BY PRODUCTS		**AM & PM**
	GL1	Lids
	GL2	Packer
	SS1	Remove Lips
	SS1	CCP Operator
	SS1	Remove Aorta
	SS1	Remove Livers
	SS1	Spike Heads
	SS1	Mark Temple
	SS1	Remove Heads
	SS1	Fancy Meats Scale/Strapper
	SS1	Trim Lungs
	SS1	Trim Liver
	SS1	Trim Skirts
	SS1	Bone Heads
	SS1	Remove Ears
	SS1	Remove Trachea
	SS1	Remove Heart/Skirts
	SS1	**CCP/Scale/Strapper**
	SS1	**China Label Verification**
	SS1	**Remove Long Heads**
	SS2	Remove Snout
	SS2	Remove Mask
	SS2	Remove Tongues
	SS2	Trim Tongues
	SS2	Whiz Cheeks
	SS2	Whiz Heads
	SK2	Lead Hand
DRY GOODS/JANITORIAL/PLANT SERVICES		**AM & PM**

CLASSIFICATION	PAY GRADE	JOB
	GL1	Prepare Combos
	GL1	**Send Cartons**
	GL1	Box Make Up
	GL2	Janitor
	SS1	Box Room Organizer
	SS1	Receiver
	SS1	Stock Person
	SS1	Wexxar Operator
	SS1	Garbage Room/Baler Operator
	SK2	Service Person/Groundskeeper
	SK1	High Lift Operator
	SK2	Lead Hand
LAUNDRY	**AM & PM & NIGHTS**	
	GLI	Laundry Operator
	SS1	Seamstress
	SK2	Lead Hand
CONVERSION, MEP, MSP, ROLL STOCK & PORK CHOP AM & PM		
	GL1	General Packer
	GL1	Floor Person/Cleaner
	GL2	Scaling/Palletizing
	GL2	Scale/Pack/Make Weight
	GL2	Product Prep/Line Loader
	GL2	**Quarterback**
	GL2	**Multipacker**
	SS1	Jitney Operator
	SS2	**Jitney Operator (Effective January 1, 2021)**
	SS1	MSP Operator
	SS1	Ham Bone SS Rotation
	SS1	Light Butt/Dark Butt
	SS1	Remove Lower Shank
	SS1	Whiz Muscles
	SS1	Boneless Meat Inspector
	SS1	Pork Chop Machine Operator
	SS2	Femurs
	SS2	Remove Eye of Round
	SS2	Remove/Trim Insides
	SS2	Seaming

CLASSIFICATION	PAY GRADE	JOB
	SS2	Membrane Skinners
	SK1	Derind Hams
	SK1	Defat Hams
	SK1	Knuckles
	SK1	Remove Upper Shank/Trim Outsides
	SK1	MEP Operator
	SK2	Remove Aitch Bone
	SK2	Lead Hand
	SK2	Remove Centre/Shank
	SK2	Corporate Trainer
CRYOVAC	**AM & PM**	
	SS1	Cryovac Operator
BLOCK TABLE	**AM & PM**	
	GL1	Turn Hogs
	GL1	Ham Select (Low Fat Trim)
	GL1	Indexer
	GL1	Line Combos/Totes
	GL1	Unload Coolers
	GL1	Orient Hams
	GL1	Jowl Slasher
	GL1	**Floor Cleaner**
	GL1	**Head Packers**
	GL1	**Lidders**
	GL1	**Making Cartons**
	GL2	**Quarterback**
	GL2	**Palletizer**
	SS1	Drop Table
	SS1	Ham Sorter
	SS1	Align Middle
	SS1	Dunseth Shoulder Ham
	SS1	Trim Jowls
	SS1	Jitney Operator
	SS2	**Jitney Operator (Effective January 1, 2021)**
	SS1	Align Hind Foot
	SS1	Designated Trimmer

CLASSIFICATION	PAY GRADE	JOB
	SS1	**Remove Heads**
	SS1	**Select Heads**
	SS1	**Head Packers Retrim**
	SS1	**Scale**
	SS2	Remove Jowls
	SS2	CCP Operator
	SS2	**Tote Wash Operator**
	SS2	Whiz Tails
	SK1	**High Pressure Wash/Sanitize**
	SK2	Knife Sharpening
	SK2	Lead Hand
	SK2	Corporate Trainer
PICNIC LINE	**AM & PM**	
	GL1	Separate Fat and Skin
	GL1	Pace Picnics
	GL1	Floor Cleaner
	SS1	Align Butt
	SS1	Align Foot/Hocks
	SS1	Trim Picnics
	SS1	Jitney Operator/Scaler
	SS2	**Jitney Operator/Scaler (Effective January 1, 2021)**
	SK1	Whiz/Shoulders
	SK1	Derind Picnics
	SK1	Bone/Trim Shoulders
	SK2	Bone Picnics
	SK2	Neck Boner
	SK2	Corporate Trainer
	SK2	Lead Hand
BUTT LINE	**AM & PM**	
	GL1	75% Trim Inspector
	GL1	Floor Person/Cleaner
	GL2	Operate Riblet Saw
	GL2	Whiz Butt Plates
	GL2	Pace Butts
	GL2	**Butt Selector**
	SS1	Pack Table
	SS1	Jitney Operator
	SS2	**Jitney Operator (Effective**

CLASSIFICATION	PAY GRADE	JOB
		January 1, 2021)
	SS1	Grade Butts
	SS1	Trim Butts
	SS2	Butt Puller
	SS2	Whiz Butts
	SK1	Remove Blade Bone
	SK1	Trim Collars
	SK2	Bone Butts
	SK2	Corporate Trainer
	SK2	Lead Hand
LOIN LINE	**AM & PM**	
	GL1	Peel Back Ribs
	GL1	Operate Back Rib Saw
	GL1	Cut Floor Pick Up
	GL2	Loading Loins
	GL1	Line Combos/Totes
	GL1	Floor Person/Cleaner
	GL2	Pack Back Ribs
	GL2	Pack Back Bones
	GL2	Scale/Pack/Make Weight
	GL2	Whiz Back Fat
	GL2	Combo Packer
	GL2	**Quarterback**
	SS1	Separate Rib Tails
	SS1	Denude Tenders
	SS1	Grade Backs
	SS1	Jitney Operator
	SS2	**Jitney Operator (Effective January 1, 2021)**
	SS1	Designated Trimmer
	SS2	Remove Sirloins
	SS2	Loin Trimmers
	SS2	Separate Back Fat from Belly
	SK1	Trim Backs
	SK2	**Loin Puller/Operator**
	SK2	Shell Bone Loins
	SK2	Remove Tenderloins
	SK2	Remove Oyster Bone
	SK2	Lead Hand

CLASSIFICATION	PAY GRADE	JOB
	SK2	Corporate Trainer
BELLY LINE		**AM & PM**
	GL1	Leaf Lard Removal
	GL1	Pack Bellies
	GL1	Select Rib in Bellies
	GL1	Floor Person/Cleaner
	GL2	Orient Bellies
	GL2	Pleurra Removal
	GL2	Square Bellies
	GL2	Rib Selector
	GL2	Align Bellies
	GL2	Align Ribs
	GL2	Layer Bellies
	GL2	Whiz Bellies
	GL2	Trim Skirt
	SS1	Trim St. Louis Ribs
	SS1	Pack/Grade Bellies
	SS1	Jitney Operator
	SS2	**Jitney Operator (Effective January 1, 2021)**
	SS1	Whiz Ribs
	SS1	Whiz Single Rib Bellies
	SS1	Designated Trimmer
	SS2	Scoring Ribs/Mark Breastbone
	SS2	Whiz/Skin Patch Bellies
	SS2	Trim Single Rib Bellies
	SS2	Single Rib Bellies
	SK2	Ribbing Gun
	SK2	Rib Bellies
	SK2	Lead Hand
	SK2	Corporate Trainer
PACK, BOXROOM & DUMPERS		**AM & PM**
	GL1	Floor Person/Cleaner
	GL1	Make Cartons
	GL1	General Packer
	GL2	Multi-product Packer
	GL2	Scale/Pack/Make Weight
	GL2	**Quarterback**

CLASSIFICATION	PAY GRADE	JOB
	SS1	St. Louis Ribs
	SS1	Cryovac Operator
	SS1	Jitney Operator/Scaler
	SS2	**Jitney Operator/Scaler (Effective January 1, 2021)**
	SS1	Supply Cartons
	SS1	Cryovac Operator/Bagger
	SS1	Bagging Butts/Collar Butts/Loins
	SS1	Designated Trimmer
	SS1	Rehandle
	SS1	Bagging Buck Eyes
	SS2	Packing Trimmer
	SS2	Grade Backs
	SK2	Lead Hand
	SK2	Corporate Trainer
RAILS	**AM & PM**	
	GL1	General Packer
	GL2	**Rails Multi-product Palletizer**
	SS1	**Rails Multi-product Palletizer (Effective January 1, 2021)**
	SS1	Scale and Barcode
	SS1	Jitney Operator
	SS2	**Jitney Operator (Effective January 1, 2021)**
	SK2	Corporate Trainer
	SK2	Lead Hand
SHIPPING	**AM & PM & MIDNIGHT**	
	GL1	Repacker
	SS1	Back Dating
	SS2	Shipper
	SS2	Warehouse Inventory
	SK1	High Lift Operator
	SK2	Corporate Trainer
	SK2	Lead Hand
SANITATION	**CUT & KILL & OVERHEADS & WEEKEND**	
	SK1	**High Pressure Wash and Sanitize**
	SK1	Snorkel Lift Operator/Overheads

CLASSIFICATION	PAY GRADE	JOB
	SK2	Chemical Room Operator
	SK2	Corporate Trainer
	SK2	Lead Hand
FREEZER & CHILL ROOM	**AM & PM**	
	SK1	Freezer Person/High Lift Operator
RESEARCH & DEVELOPMENT		
	SK2	Researchers
CAFETERIA		
	GL2	Dishwasher
	SS1	Front End Server/Cashier
	SS2	Short Order Cook
	SK1	Cook/Baker
	SK2	Lead Hand

MAINTENANCE		
		Trades Without License
		Trades
		Trades Dual Tickets
		Apprentice Level 1
		Apprentice Level 2
		Apprentice Level 3
		Helper
		Lubricator
POWERHOUSE/WASTEWATER		
		Power Engineer Class 2
		Power Engineer Class 3
		Power Engineer Class 4
		Pretreatment Operator 1
		Pretreatment Operator 2

D-2 **<u>ለውጢ ስራሕ - ሓዱሽ ስራሕ ተኣታትዩ</u>**

(a) ለውጢታት ኣብ ምምራት ስራሕ ኣዝዮም ክቅይሩ ከለዉ ወይ ከዓ ሓደሽቲ ስራሕቲ ክተኣታተዉ ከለዉ፣ ብዘይካ ንሞያታት ፅገና፣ እቲ ኩባንያ ስራሕ ገምጊሙ ነቲ ስራሕ ናብቲ ግቡእ ናይ ስራሕ ክወማ ይምድቦ።

(b) ኣብ ውሳኔኡ ኣብ ምብፃሕ እቲ ኩባንያ ከም ነቑጣ ቦታ፣ ሞያ፣ ዘድሊ ክእለት፣ ውስብስብ፣ ሓላፍነት፣ ናይ ስራሕ ኩነታት፣ ወዘት ዝኣመሰሉ ከማልእ ዝኽእል ግን ናብኡ ዘይተወሰኑ ረቋሒታት ኣብ ግምት ከእቱ ይኽእል።

(c) እቲ ኩባንያ ኩሉ እዚ መረዳእታ ነቲ ማሕበር ከፍልጥ ከምኡ እውን መመዘኒ ለውጥታት ኣብ ስራሕን ሓደሽቲ ስራሕቲ ምፍጣርን ዝምልከት ኣብ ውሳነ ኣብ ምብፃሕ ከፍልጥ ይስማዕማዕ።

(d) እቲ ኣካያዲ ስራሕ ምምራት ወይ ናቱ ወኪል ብዘዕባ ሓደሽቲ ወይ ከዓ ኣዝዮም ዝተለወጡ ስራሕቲ ነቲ ማሕበርን ዋና ወኪልን ብኽንዲ ዝከኣል ቀልጢፉ ከፍልጥ ኣለዎ።

(e) በቲ ኩባንያ ዝተወሰነ ሓዱሽ ናይ ስራሕ ክወማ ትኽክል ከም ዘይኮነ ዝስመዖ ሓደ ሰራሕተኛ ወይ እቲ ማሕበር ንግምገማ ናብቲ ኮሚቴ ግምገማ ስራሕ ክጠርዕ ይኽእል።

(f) እቲ ኮሚቴ ግምገማ ስራሕ ክልተ (2) በቲ ማሕበር ዝተቐፀሩ ሕዑያትን ክልተ (2) በቲ ኩባንያ ዝተቐፀሩ ወኪላት ምምሕዳርን ሓደ ናፃ ኣቦ ወንበርን ዝሓዘ ክኾን ኣለዎ። ሕዑያት እቲ ማሕበር ሓደ ናይ ምሉእ እውን ወኪል ማሕበር ወይ ከዓ ክልተ (2) ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛታት እቲ መደራደሪ ኣሃድ ዝሓዘ ክኾን ኣለዎ። እቲ ኮሚቴ ሓደ ሰራሕተኛ በቲ ኩባንያ ንዝተመስረተ ክወማ ስራሕ ካብ ዝቃወመሉ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ (30) ካላንደራዊ መዓልትታት ክእከብ ኣለዎ፣ እንድሕር እቲ ጉዳይ ንሱ ኮይኑ። እንድሕር እቶም ወገናት ንናፃ ኣቦ ወንበር ተስማዕሚያም፣ እቲ ኣቦ ወንበር ሓደ ካብቶም ኣብ ዓንቀፅ 9 ዝተዘርዘሩ ዳያኑ ክኾን ኣለዎ። ዋጋ እቲ ኣቦ ወንበር በቶም ወገናት ብሓባር ክካፈል ኣለዎ። እቲ ኩባንያ ወፃኢ ኩሎም ሰራሕተኛታት ክኸፍል ኣለዎ፣ እንትርፊ እንድሕር ሓደ ካብቶም ሕፀዩት እቲ ማሕበር ናይ ምሉእ እዋን ወኪል ማሕበር ኮይኑ።

(g) ዓብላሊ ውሳነ እቲ ኮሚቴ ግምገማ ስራሕ ንክልቲኦም ወገናት ቀያዲ እዩ ከምኡ እውን ጉዳይ ከይዲ ቅሬታ ወይ ከዓ ዕርቂ ክምስረት ኣይኽእልን።

h) ውሳነ እቲ ኮሚቴ ክሳብ ዝወርድ ምንም ደሞዝ ኣይንከይን።

(i) እቶም ወገናት ጉዳያት ዳግመ ክወማ ስራሕ ኣብ ላዕሊ ብዝተገለፀ መንገዲ ወይ ከዓ ብሓባር

ብዝተስማዕምዑሉ ኣማራፂ ከይዲ ክፈትሑ ይስማዕምዑ።

ልጋብ E

ዝተመደበ ናይ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓታት ሽፍቲ ንምሉእ እዋን

ቀዋሚ/መሃንዲሳት ሓይሊ/ ሕክምና ረሳሕ ማይ

ቀዋሚ/መሃንዲሳት ሓይሊን ኣካየድቲ ሕክምና ረሳሕ ማይን ዝተመደበ ናይ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓታት ሽፍቲ ክሰርሑ እንከለዉ እዞም ዝስዕቡ ደንቢታት ይትግበሩ፡

E-1 ናይ ስራሕ ሰሙን ሰንበት 6፡00 ሰዓት ቅድሚ ቀትሪ ጀሚሩ ኣብ ዝቕፅል ሰንበት 6፡00 ሰዓት ቅድሚ ቀትሪ ይውዳእ።

E-2 ተለዋዋጢ ሰሙናት ኣርባዓን ሸሞንተን (48) ሰዓታት(ኣርባዕተ (4) ዝተመደቡ ሽፍቲታት) ከምኡ እውን ሰላሳን ሽድሽተን (36) ሰዓታት (ሰለስተ (3) ዝተመደቡ ሽፍቲታት) ምስ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ክልተ (2) ሰሙን ናይ ስራሕ ዙር ይህሉ። ናይ ቀትሪ ሽፍቲ 6፡00 ቅድሚ ቀትሪ ጀሚሩ 6፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ተመሳሳሊ ካላንደራዊ መዓልቲ ይውዳእ ከምኡ እውን ናይ ለይቲ ሽፍቲ 6፡00 ድሕሪ ቀትሪ ጀሚሩ 6፡00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብቲ ቀፃሊ መዓልቲ ይውዳእ።

E-3 ሰራሕተኛታት ካብ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓታት ኣብ ሽፍቲ ዝሓለፈ ዝተሰርሑ ሰዓታት ወይ ከዓ ኣብ ክልተ ሰሙን ዙር ብመጠን ስሩዕ ግዘ ዝተኸፈሉ ካብ ሰማንያን ኣርባዕተን (84) ሰዓታት ዝሓለፉ ሰዓታት ሓደን ፍርቂን (1½) ግዘ እቲ ስሩዕ መጠን ይኽፈሎም።

E-4 ናይ 12 ሰዓት ሽፍቲ ክሰርሑ ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት እሞ ድማ ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ዝተመደበ ናይ ስራሕ መዓልቲ ውዒሉ፣ ነቶም ልሙድ ሰዓታት ስሩዕ መጠንን ተወሳኺ ናይ 12 ሰዓታት ብሓደን ፍርቂን ግዘ ነቲ ሓፈሻዊ በዓል ይኽፈሎም። እንድሕር ናይ ምሉእ እዋን ሰራሕተኛ ናይ 12 ሰዓት ሽፍቲ ሰሪሑ እሞ ድማ ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ዝተመደበ ናይ ስራሕ መዓልቲ ዘይዊዒሉ፣ ኣብ ናቱ ወይ ናታ ናይ መጀመርታ ዝተመደበ ሽፍቲ ድሕሪ እቲ በዓል ንሱ ወይ ንሳ ነቲ ልሙድ ሽፍቲ ሓደን ፍርቅን ግዘ መጠን ይኽፈሎም ከምኡ እውን ተወሳኺ ናይ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓታት ደሞዝ ነቲ ሓፈሻዊ በዓል ይወስዱ። ክልተ (2) ሓፈሻዊ በዓላት ኣብ ሓደ ካላንደራዊ ሰሙን ክውዕሉ ከለዉ ተመሳሳሊ ኣካይዳ ክትግበር ኣለዎ።

E-5 ኣብ ትሕቲ ዓንቀፅ 14.03 እቲ ሓበራዊ ውዕል፣ ናይ ዕረፍቲ ደሞዝ ንሕድሕድ ሰሙን ዕረፍቲ ሰራሕተኛታት ኣርባዓን ክልተን (42) ሰዓታት ኣብቲ ናይ ሰራሕተኛ ስሩዕ መጠን ይኾን።

ሰራሕተኛታት ንሕድሕድ ሰሙን መሰል ዕረፍቲ ናይ ኣርባዓን ክልተን (42) ዝተመደቡ ሰዓታት ዕረፍቲ ይወሃቦም። ሓደ ሰራሕተኛ ንዕረፍቲ ሓደ ሰሙን ክወስድ እንከሎ፣ ንሱ ወይ ንሳ ወይ ሳላሳን ሽድሽተን (36) ወይ ከዓ ኣርባዓን ሸሞንተን (48) ሰዓታት ናቱ ወይ ናታ ንዕረፍቲ ዝተፈቐዱ ጠቕላላ ሰዓታት ከም ዝተጠቐመ ይሕሰብ፣ ንሱ ወይ ንሳ ኣብቲ ሰሙን ዝተወሰደ ዕረፍቲ ብዝነበሩዎ/ዋ በዝሒ ዝተመደቡ ሰዓታት ዝውሰን።

E-6 ኣብ ትሕቲ **ዓንቀፅ** 19.08 እቲ ሓበራዊ ውዕል - ደሞዝ ሓዘን፣ ሓደ ሰራሕተኛ ንክኽፈል ክበቕዐሉ ዝኽእል ዝለዓለ በዝሒ ሰዓታት ሰላሳን ሽድሽተን (36) ሰዓታት እዩ።

E-7 ሰራሕተኛታት ኣብ ሰሙን ንዝተሰርሐ ናይ መጀመርታ ሕላፍ ሰዓት ሽፍቲ ግዘን ሓደ ፍርቂን (1½) ይኽፈሎም። ተወሳኺ ናይ ሕላፍ ሰዓት ሽፍቲ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ነቲ ካልኣይ ከምኡ እውን ኣብ ዝተመደበ ናይ ስራሕ ሰሙን ዝተሰርሑ ዝኾኑ ተወሰኽቲ ናይ ሕላፍ ሰዓት ሽፍቲታት ድርብ (2) ግዘ ይኽፈሎም፣ ወይ ከዓ ኣብ ሻውዓይ ተኸታታሊ ሽፍቲ።

E-8 እቲ ኩባንያ ኩሎም ኣብ ቀዋሚ፣ መሃንዲሳት ሓይሊን ሕክምና ረሳሕ ማይን ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ክልተ (2) ተኸታተልቲ መዓልቲታት ልደትን ሓዱሽ ዓመትን ከም ዘይሰርሑ ንምርግጋፅ ክፅዕር እዩ።

E-9 ሰራሕተኛታት ብመሰረት ስልጠት ኣሰራርሓ ናይ ሳላሳ (30) ደቒቓ ደሞዝ ዘለዎ ናይ ምግቢ እዋን ብተወሳኺ ሰለስተ (3) ናይ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ደቓይቕ ደሞዝ ዘለዎም ዕረፍትታት ይወስዱ።

E-10 ንዕላማ ዝተዋህለለ ሕላፍ ሰዓት ብመሰረት ዓንቀፅ 6.07፣ ኣብ ትሕቲ እዚ ልጋብ ሓደ ሰራሕተኛ ከዋህልሎ ዝኽእል ዝለዓለ ሰዓት ኣርባዓን ሸሞንተ (48) ሰዓታት እዩ።

ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተወከሱ ኩነታት ወፃኢ፣ ደንቢታት እቲ ሓበራዊ ውዕል ይትግበሩ።

ልጋብ F

ፅገና ቀዳመ ሰናብቲ ዝተመደበ ሕውስዋስ ናይ ዓሰርተ ክልተ (12)ን ሸሞንተ (8)ን ሰዓት ሽፍቲ

ናይ ቀዳመ ሰናብቲ ፅገና ሰራሕተኛ ናይ ዓሰርተ ክልተ (12) ን ሸሞንተ (8) ን ሰዓት ሕውዋስ ሽፍቲ ክሰርሑ ክምደብ እንከለዉ እዞም ዝስዕቡ ደንቢታት ይትግበሩ፡

F-1 ናይ ቀዳመ ሰናብቲ ፅገና ሰራሕተኛታት ሰደቓ ግዘ ሽፍቲ ከም ዝስዕብ ይኸውን፡

ሓሙስ ክሳዕ ሰንበት
ዓርቢ ክሳብ ሶኑይ
ቀዳም ክሳብ ሶሉስ

ኣብ ናይ ስራሕ መዓልትታት ሸሞንተ (8) ሰዓታት ካብ 6፡00 ቅድሚ ቀትሪ ክሳብ 2፡30 ድሕሪ ቀተሪ ይኸውን
ኣብ ቀዳመ ሰናብቲ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓታት ካብ 6፡00 ቅድሚ ቀተሪ ክሳብ 6፡00 ድሕሪ ቀትሪ ይኸውን

F-2 ሕላፍ ሰዓት ድሕሪ ሸሞንተ (8) ሰዓታት ኣብ ናይ ስራሕ ሰሙን ከምኡ እውን ድሕሪ ዓሰርተ ክልተ ሰዓታት ኣብ ናይ ቀዳመ ሰናብቲ ሽፍቲ ይኽፈል።

F-3 ሰራሕተኛታት ኣብ ሰሙን ንዝተሰርሐ ናይ መጀመርታ ሕላፍ ሰዓት ሽፍቲ ግዘን ሓደ ፍርቂን (1½) ይኽፈሎም። ተወሳኺ ናይ ሕላፍ ሰዓት ሽፍቲ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ነቲ ካልኣይ ከምኡ እውን ኣብ ዝተመደበ ናይ ስራሕ ሰሙን ዝተሰርሑ ዝኾኑ ተወሰኽቲ ናይ ሕላፍ ሰዓት ሽፍቲታት ድርብ (2) ግዘ ይኽፈሎም።

F-4 ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ናይ ሰራሕተኛ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሽፍቲ ክውዕል እንከሎ፣ እቲ ሰራሕተኛ ናይ ሸሞንተ (8) ሰዓታት ናይ ሓፈሻዊ በዓል ደሞዝ ይኽፈሎ። ሓፈሻዊ በዓል ኣብ ናይ ሰራሕተኛ ናይ ቀዳመ ሰናብቲ ሽፍቲ ክውዕል እንከሎ፣ እቲ ሰራሕተኛ ናይ ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓታት ናይ ሓፈሻዊ በዓል ደሞዝ ይኽፈሎ። ሓፈሻዊ በዓላት ኣብ ዝወዓሉሉ ትኽክለኛ ካላንደር መዓልቲ ይበዓሉ።

F-5 ሓደ ሰራሕተኛ ናይ ሓደ መዓልቲ ዕረፍቲ ክወስድ እንከሎ፣ ካብ ዕቋሮም ሸሞንተ (8) ሰዓታት ከም ዝተጠቐሙ ይቑፀር እንድሕር እቲ ዝትወሰደ መዓልቲ ካብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ኮይኑ ከምኡ እውን ዓሰርተ ክልተ (12) ሰዓታት እንድሕር ዝተወሰደ መዓልቲ ካብ ቀዳመ ሰንበት ኮይኑ።

F-6 ኣብ ትሕቲ ዓንቀፅ 19.08 እቲ ሓበራዊ ውዕል - ደሞዝ ሓዘን፣ ሓደ ሰራሕተኛ ንክኽፈል ክበቕዐሉ ዝኽእል ዝለዓለ በዝሒ ሰዓታት ሰላሳን ክልተን (32) ሰዓታት እዩ።

F-7 ንዕላማ ዝተዋህለለ ሕላፍ ሰዓት ብመሰረት ዓንቀፅ 6.07፣ ኣብ ትሕቲ እዚ ልጋብ ሓደ ሰራሕተኛ ከዋህልሉ ዝኽእል ዝለዓለ ሰዓት ኣርባዓን ሸሞንተ (48) ሰዓታት እዩ።

ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተወከሱ ኩነታት ወፃኢ፣ ደንቢታት እቲ ሓበራዊ ውዕል ይትግበሩ።

ደብዳበታት ምርድዳእ

ኣብ ሞንጎ:

ኣክስዮን ምግብታት ሜፕል ሊፍን፣ ኣብዚ ሰነድ ከም እቲ "ኩባንያ" ተባሂሉ ዝውከስ ኣብ ከተማ ብራንደን ክፍለ ሃገር ማኒቶባ ቢዝነስ ዘካይድ ኣካል መሻርኽቲ።

ሕቡራት ምግብን ንግዳውን ሰራሕተኛታት ማሕበርን፣ ናይ ውሽጢ ዓዲ ቁፅሪ. 832፣ ብሕቡራት ምግብን ንግዳውን ሰራሕተኛታት ዓለም ለኻዊ ማሕበር ዝተመስከረሉ፣ ኣብዚ ሰነድ ከም እቲ "ማሕበር" ተባሂሉ ዝተወከሰ

1. ሓጋዚ ፅገናን መደባት ተልመዴንነትን

ኣክስዮን ምግብታት ሜፕል ሊፍ ምዕባይን ምዕቃብን ናይ ሞያ ናይ ስራሕ ሓይሉ (ኢንዱስትርያዊ መካኒካት/ብዓል ሞያ መጥሓን፣ ኤሌክትሪሽያን፣ ገጣሚ ትቦ፣ ወዘተ) ከማዕብል ይምድብ። እቲ ኩባንያ ንጥቕምታት ምትብባዕ ናይ ምምራት ሰራሕተኛታት ከም ኣድላይነት ኣሰራርሓን ዕድላት ከም ዝፈቅድዎን ናብ ናይ ሞያ ቦታታት ምዕባይ ኣፍልጦ ይህብ። እዚ ከይዲ ክልተ ተኸታታልያዊ ኣንፈታት የካትት፡ (a) እቲ መደብ ሓጋዚ ፅገናን (b) መደብ ተልመዴንነትን

(a) **መደብ ሓጋዚ ፅገና**

እቲ መደብ ሓጋዚ ፅገና ግለሰባት ናብ ዝተመረፁ ናይ ሞያ ስራሕቲ ክስሕብ ከምኡ እውን ንመረፃ ናብቲ መደብ ተልመዴንነት ክኸውን ተኽእሎ ዘለዎ ጥርናፍ ጉጅለ ሕፁያት ክምስርት ይውጥን። ተልመዴናት ብመሰረት ኣብ ግዘ መረፃ ናይ ምብቃዕ ክእለቶም፣ ብሓፈሹኡ ብመሰረት እዋናዊ ክፍለሃገራዊ መደብ ተልመዴንነትን ኣብ ታሕቲ ዘለዉ መመዘንታትን ዝኾነ፣ ካብ ናይ ሓጋዚ ፅገና ቦታታት ይምረፁ፣

ከይዲ መረፃ

ኣብ ግምት ንኽኣትዉ፣ ኣመልከትቲ ንሕድሕድ መመመዪ ደረጃ እቲ ከይዲ መረፃ ንመደብ ሓጋዚ ፅገና ብዕዉት ክሓልፉ (በቲ ኩባንያ ኣቐዲሙ ከም ዝተወሰነ) ኣለዎም ኣብ ታሕቲ ከም ዝተገለፀ፡

1. ኣብ መመመዪ ደረጃ #1 (ገምጋም ቅድመ ኹነት) ዘለዉ ዘድልዩ ነገራት ብዕዉት ዘማልኡ ሕፁያት ኣንፃር ኣብ መመመዪ ደረጃ #2 ተውህቦ ምፍታን ዘለዉ ዘድልዩ ነገራት ይግምገሙ።

2. ኣብዚ ደረጃ ንዝተገምገሙ ኩሎም ናይ ተውህቦ ሞጁላት ዘድሊ ዝነኣሰ መሕለፊ ብዕዉት ዘማልኡ ሕፁያት ነጥቢ ክወሃቦም እዩ (ብመሰረት ውፂኢቶም) ከምኡ ድማ ናብ መመመዪ ደረጃ #3 - መርመራ ኣካላዊ ጠለባት ይቕፅሉ።

3. እዞም ነቲ ምርመራ ኣካልዊ ጠለባት መመመዪ ደረጃ ብዕዉት ዘማልኡ ናብቲ ናይ መወዳእታ መመመዪ ደረጃ - ቃለ መጠይቕ ይቕፅሉ።

4. ኩሎም ኣብቲ ቃለ መጠይቕ ዝሳተፉ ሕፁያት ብመሰረት ግምገማ ዝተወሃቡ መልስታት ነጥቢ ይወሃቦም።

5. ኩሎም ነቶም ተውህቦ ምፍታንን ቃለ መጠይቕን መመመዪ ደረጃታት መሕለፊ ዝረኸቡ ሕፁያት ብመሰረት ጠቕላላ ነጥቦም ኣብዞም ቦታታት ደረጃ ይወሃቦም።

6. እቲ ኩባንያ እቲ ናይ ሓጋዚ ቦታ ኣብ ምሃብ ተውህቦ፣ ምቹውነትን ዕብየትን ብምምላእ ብዙሓት ረቋሒታት ይጥቀም።

7. በዝሒ ዘለዉ ቦታታት ብመሰረት ጠለብ ኣሰራርሓ ይኸውን።

መመመዪ ደረጃ #1 - ገምጋም ቅድመ ኹነት:
እቲ ኩባንያ ናብቲ መደብ ንምእታው ዘድልዩ ቅድመ ኩነታት ከም ዘማልኡ ንምርግጋፅ መጀመርያ ንሕድሕድ ኣመልካቲ ክግምግም እይ። ሓደ ኣመልካቲ መጀመርያ ብመሰረት ኣብ ታሕቲ ከም ዝተቐመጡ ናይ መጀመርያ መምዘንትና ዝኾኑ ብኩራትን ትምህርትን ኣብ ግምት ይኣቱ።

ብኩራትን ምቹውነትን
ግምገማ ብኩራትን ምቹውነትን ብመሰረት ጉዳያት መዝገብ እዩ። ብኩራት ብናይቲ ኩባንያ ስርዓት ምክትታል ብኩራት ክትትል ይግበረሉ። ልዕሊ 3% ብኩራት ኣብ ውሽጢ ዝሓለፉ 12 ኣዋርሕ ብምኽንያት ዘይልሙድ ኩነታት (ሓደጋ፣ ወዘተ) እንተዘይኮይኑ ተቐባልነት የብሉን። ዝተገለፉ ኣመልከቲ ድሕሪ 1 ዓመት ደጊሞም ከመልክቱ ይኽእሉ።

ትምህርቲ
ኣመልከቲ ናይ ትምህርቲ ጠለባት *ኣቲ ኣዋጅ ተፈመዴንነትን ብቕዓት ምያን ማኒቶባ* (C.C.S.M. c.A110) ከማልኡ አለዎም ከምኡ እውን ካብ ናቶም ናይ ትምህርቲ ትካል ዝተመስከረሉ ሓቀኛ ቅዳሕ ናሃቶም ናይ ውፅኢት ቅዳሕ ከቕርቡ አለዎም። ኣመልከቲ ብተወሳኺ ክድለ ከም ዝኽእል ኣብ ዝኾነ እዋናዊ ብመንግስቲ ዝተፈቀዱ ናይ ምርመራ መደባት ከማልኡን ዓወት ከርእዩን ኣለዎም።

ትምህርቲ	**ነጥብታት**
ብመሰረት እቲ ኣዋጅ	1
ንቅድሙ ተልመዴን ወይ ከዓ ንዕዉት ምውዳእ ስራሕ	2

እቲ ኣመልካቲ ነቲ ተውህቦ ምፍታን፣ ከምቲ ቀፃሊ መመመዪ ደረጃ ዝተሓሰበ፣ ንክበቅዕ ንኹሎም እዞም ዘድልዩ ነገራት ከማልእ ኣለዎ።

መመመዪ ደረጃ #2 - ተውህቦ ምፍታን

እቲ ሕፁይ ብመሰረት ደረጃ ዝሓዘ ኣፈታትና ተኸታተልቲ ናይ ተውህቦ ፈተናታት ብዕውት ከማልእ ኣለዎ። (The Canadian Adult Achievement Test - CAAT). እቲ ፈተና ናይ ቁፅሪ ክእለት፣ ርእየታዊ ምእላሽ፣ ምግጥጣም፣ መካኒካዊ ኣስተገናዝቦ የካትት። ሕፁያት ንመረፃ ብቕዓቶም ንምቕፃል ዝተሓተ መሕለፊ ነጥቢ ክረኽቡ ኣለዎም። ብመሰረት ውፅኢቶም፣ ኣብቲ ሰደቓ ከም ዝተገለፀ ነጥቢ ይወሃቦም።

ጠቕላላ ናይ ውፅኢት መጠን	**ዝተውሃቡ**
ዝተሓተ መሕለፊ ነጥቢ ክሳብ 74	1
75 - 84	2
85 - 90	3
over 90	4

ሓደ ዕድል ንዳግም ምፍታን ድሕሪ ሽድሽተ (6) ኣዋርሕ ዕለት እቲ ኦሪጂናል ፈተና ይርከብ።

እቲ ኣመልካቲ ንምርመራ ኣካላዊ ጠለባት ከም ሳልሳይ መመመዪ ደረጃ ንክበቅዕ ነቲ ተውህቦ ምፍታን ብዕዉት ክሓልፍ ኣለዎ።

ሕድሕድ ኣመልካቲ ንዳግም ምፍታን ክልተ (2) ዕድላት ይወሃብዎ። ሕድሕድ ዕድል ድሕሪ እንተነኣሰ ሰለስተ (3) ኣዋርሕ ካብ ዕለት እቲ ናይ መወዳእታ ፈተና ይርከብ።

መመመዪ ደረጃ #3 - ምርመራ ኣካላዊ ጠለባት

እቲ ኣመልካቲ ሕጋዊ ሞያዊ ጠለባት እቲ ናይ ሓጋዚ ፅገና ቦታ ክትግብር ክኽእል ኣለዎ። ብቑዕ ብዓል ሞያ ጥዕና ምርመራ ኣካላዊ ጠለባት ክገብር እዩ ነቲ ኣመልካቲ ኣካላዊ ጠለባት እቲ ስራሕ ናይ ምስራሕ ክእለቱ ንከርኢ ንምኽኣል። እቲ ነቑጣ ነጥቢ ብNRCS ኣኽስዮን ዝረጋገፀ ትንተና ኣካላዊ ጠለባት ንሓገዝቲ ፅገና ክኸውን ኣለዎ። እቲ ኣካያዲ ስራሕ ጥዕናን ውሕስነትን ሓደ ሕፁይ ምስቲ ስራሕ ዝተትሓሓዙ ስሩዕ ዕዮታት ንከተግብር ብዘይገደብ ብቑዕ ምኺኑ ምልክታ ክወሃቦ እዮ። እንድሕር እቲ ሕፁይ ነቲ መምዘኒ ከማልእ ዘይኪኢሉ፣ ካብ ቀፃሊ ኣገዳስነት ይግለፉ። እንድሕር እቲ ሰራሕተኛ ኣብ መፃኢ ደጊሙ ኣመልኪቱ፣ ዝኽተል ግምገማ አካላዊ ጠለብ ክረጋገፅ ኣለዎ። ብምኽንያት ጠለባት ስራሕ ኤሌክትሪሽያን፣ ሕብሪ ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ምርመራ እውን ክግበር ኣለዎ፣ ሕፁያት ኣብ ግምት ንክኣትዉ ክሓልፉ ኣለዎም ብዝብል ሓሳብ።

እቲ ኩባንያ ወፃኢታት ምርመራ ኣካላዊ ጠለባት ክኸፍል ኣለዎ።

እቲ ኣመልካቲ ነቲ ቀፃሊ መመመዪ ደረጃ ዝኾነ ቃለ መጠይቕ ንኽበቅዕ ነቲ ምርመራ ኣካላዊ ጠለባት ብዕዉት ክሓልፍ ኣለዎ።

መመመዪ ደረጃ #4 - ቃለ መጠይቕ

እቲ ኮሚቴ መረፃ (ናይ ኩባንያን ማሕበርን ወኪላት ዝሓዘ) ንሕድሕድ ንምቹውነት ኣብቲ መደብ ሓጋዚ ፅገና ንመምዘኒ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ብዕዉት ዝሓለፉ ጉጅለ ሕፁያት ቃለ መጠይቕ ይገብር። ኣመልከትቲ ብዛዕባ ናቶም ድፍኢት፣ መብፃዓን ክእለትን ንምምላእ ጠለባት እቲ መደብ ቃለ መሕትት ይግበረሎም። ናይቶም ሕፁያት ቃለ መጠይቕ ብሕድሕድ ኣባል እቲ ኮሚቴ መረፃ ነጥቢ ይወሃቦ።

ጠቅላላ ውፅኢት መጠን	ዝተወሃበ ነጥቢ
60 (ዝተሓተ መሕለፊ)	1
75 – 79	2
80 – 85	3
Over 85	4

ሕድሕድ ሕቶ ነጥቢ ክወሃቦ እዩ ከምኡ ድማ እቲ ውፅኢት ነጥቢ ብመሰረት ሚኢታዊ ዝተረኸቡ ነጥብታት ኣንፃር ዘለዉ ነጥብታት ይኸውን።

ነቲ ናይ ሓጋዚ ቦታ ዕዉት ዝኾን ሕፁይ ንኹሎም መመመዪ ደረጃታት ብዕዉት ዝሓለፈን ጠቕላላ ዝለዓለ ነጥቢ ዘለዎን ሰብ ይኾን። ማዕረ ውፅኢት ኣብ ዝህልወሉ ኣጋጣሚ፣ ዕብየት ናይ መወዳእታ ወሳኒ ረቋሒ ይኸውን።

(b) **<u>መደብ ተልመዴንነት</u>**

ተልመዴናት ካብቲ ጉጅለ ሓገዝቲ ፅገና ይምረፁ። እንድሕር ንዝወሃብ ዘሎ ተልመዴንነት ማንም ሓጋዚ ፅገና ከመልክት ደልዩ፣ ወይ ከዓ ብቕዕ ዘይኮይኑ፣ እቲ ተልመዴንነት ንሱ ይልጠፍ እሞ እቲ መረፃ ኣብ ታሕቲ ነቲ ናይ ሓጋዚ ፅገና ቦታታት ዝተገለፁ ተመሳሰልቲ ናይ መረፃ መምዘንታት ይኽተል።

እቲ ኩባንያ ናይ ቃለ መጠይቕ መምዘኒ ንዘማልኡ ኣመልከትቲ ቃለ መጠይቕ ይገብር። እቲ ኩባንያ እቲ ናይ ተልመዴንነት ቦታ ኣብ ምሃብ ተውህቦ፣ ምቹውነትን ዕብየትን ዘካትቱ ብዙሓት ረቋሒታት ይጥቀም። እንድሕር ኩሉ ካሊእ ብመጠኑ ማዕረ ኮይኑ ዕብየት እቲ ወሳኒ ረቋሒ ክኾን ኣለዎ።

ሓፈሻዊ ምምሕዳር ዝተመረፁ ተልመዴናት:

ኣመክሮ: ንኹሎም ናብቲ መደብ ተልመዴን ዝኣትዉ ሰራሕተኛታት ናይ 6 ወርሒ ኣመክሮኣዊ እዋን ይህሉ። ኣብዚ እዋን እዚ፣ እንድሕር እቲ ሰራሕተኛ በቲ ኮሚቴ ከም ዝተገምገመ ነቲ ፍሉይ ሞያ ምቹውነትን ዘድሊ ተውህበን ዘየርእዩ፣ ብዘይ ስእነት ዕብየት ናብ ናይ ቅድሚ ሕዚ ስርሖም ክምለሱ ይኽእሉ።

ምዝገባ: እቲ ሕፁይ ናብቲ መደብ ቅቡል ምስ ተገበረ ከም ተልመዴን ይምዝገቡ ከምኡ እውን ውፂኢታት ስጉምቲ ትምህርቲ ቤት ተልመዴንነት ንምርካብ ምስዳድ ሓበሬታ ናብቲ ኩባንያ ክፈቕዱ ክድለዩ ይኽእሉ።

ዝቕደመ ናይ ትምህርቲ ግምገማ ኣፍልጦ (PLAR): ሓደ ሕፁይ ናብቲ መደብ ቅቡል ምስ ተገበረ እቲ ተልመዴን ናቱ ተልመዴንነት ክጅምረሉ ዘለዎ ደረጃ ቴክኒካዊ ስልጠና ንምውሳን ካብቲ ጨንፈር ተልመዴንነት PLAR ክሓትት ይኽእል።

ስሩዕ ስልጠና: ኣብ ትምህርት ቤት ስልጠና ኣብ ኣዝዮም ዝምቹዉ መደባት ይወሃብ። እቲ ኩባንያ ሰራሕተኛታት ኣብ ካልእ ንክኾኑ ዝተመደበ ግዘ ምስ ካልእ ዝተመደበ ካብ ቦታ ወፃኢ ናይ ተልመዴንነት ስልጠና ከም ዘይደራረብ ናይ ምርግጋፅ መሰሉ ይዕቅብ። እንድሕር ሰልጣኒ በቲ ኮሚቴ ከም ዝተገምገመ ኣብቲ ሞያ መጠናዊ ምዕባል ከምፅእ፣ ወይ ከዓ ሕድሕድ ክፋል ናይ ትምህርት ቤት መደብ ብዕዉት ከማልእ ዘይኪኢሉ፣ ኣብቲ መደብ ካብ ምቕፃል ወይ ከዓ ኣብቲ ሞያ ካብ ምስራሕ ብቕፅበት ይግለፉ። ሓደ ሰራሕተኛ ኣብ መላእ እቲ ስልጠና ተልመዴንነት ነቲ ውሳነ ሓደ ግዘ ጥራሕ ናብቲ ኮሚቴ ቅድሚ ካብቲ መደብ ምውፅኡ ክጠርዕ ይኽእል። እቲ ሰራሕተኛ ካብቲ ክፍሊ ብቀጥታ ወፂኡ ኣብቲ ትካል ደጊሙ ይምደብ፣ ናይ ትካል ዕብየት ብምዕቃብ።

መጠን ደሞዝ: መጠን ደሞዝ ሰልጠንቲ ብመሰረት ናቶም ምዕባለ ኣብቲ መደብ ይኸውን። መጠን ደሞዝ ብመሰረት ልጋብ "B" ይኸውን።

ተልእኾ ስራሕ: ሓደ ተልመዴን ሓዳሓደ ግዘ ብውልቁ ክሰርሕ ክድለ ይኽእል። እዚ ናይ ውልቂ ስራሕ ብናሃቶም ተቆፃፃሪን ተኸታታሊ ናይ ሞያ ሰብን ብመሰረት ኣዋጅ ተልመዴንነት ማኒቶባ ከም ዝውሰን ኣብ ውሽጢ ናይቲ ተልመዴን ዓቕሚ ይኸውን።

ምልላይ ተልመዴንነት

እቲ ኩባንያ ዝወሃቡ ተልመዴንነት ናይ ምልላይ መሰሉ ይዕቅብ። እቶም ቦታታት እቲ ኩባንያ ጠለብ ምስ ኣለለየ ጥራሕ ይወሃቡ።

ገለ እቶም ዘድልዩ መደባት ሞያ፣ እቶም ሰልጠንቲ ብሜፕል ሊፍ ዝድለዩ ፍሉያት ዕዮታት ከም ዝመሃሩ ንምርግጋፅ ምምሕያሽ ክደልዩ ይኽእሉ።

ስልጠና ተልመዴንነት

ተፈፃምነት ኣብ ዘለዎ፣ ሰልጠንቲ ኣብ ሓደ እቶም ናይ ማሕበረሰብ ኮሌጃት ኣብ ናይ ትምህርቲ ቤት ስልጠና ክፍለ ግዘ ክሳተፉ ክድለ ይኽእል። ዋላ ሓደ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን፣ በቲ ኩባንያ ኣብ ዝቕረብ መኣዲ ትምህርቲ ክሳተፉ ወይ ከዓ ዝተመረፀ ብመልእኽቲ ወይ ከዓ ብመፅናዕቲ ኣብ ገዛ መኣድታት ትምህርቲ ክወስዱ ይእዘዙ።

ኣብ ትካል ነቲ ሰልጣኒ ምስ ናቶም ሞያ ናብ ዝተሓሓዝ ስራሕ ብምቅላዕ ተግባራዊ ስልጠና ይወሃብ። ምምሕዳር ምስቲ ማሕበር ብምዝርራብ ሰደቓ ግዘ ናይ ውሽጢ ትካል ስልጠና የዘጋጁ።

ሓፈሻዊ መምርሒ ነቲ መደብ ተልመዴ ንነት

ኣብ ኣመክሮ እንከሎ፣ እቲ ተሸያሚ ናብቲ መደብ ካብ ዝኣቱ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልትታት መሰረታዊ እኩብ ምስ ሞያ ዝተሓሓዙ ናውቲ ከጥርይ ኣለዎ። እቲ ኩባንያ ዝርዝር ዘድልዩ መሰረታዊ ናውቲ ከቕርብ ኣለዎ።ሓንሻዕ ኣብ ውዕል ምስ ኣተወ፣ እቲ ተልመዴን ስርሑ ብኣድማዒነት ንምፍፃም ተወሰኽቲ ናውቲ ከጥርይ ትፅቢት ይግበረሉ።

ስጉምቲ ሕድሕድ ሰልጣኒ ብተቐፃፃሪ ፅገና፣ ሓፈሻዊ ተቐፃፃሪ ፅገና ከምኡ እውን/ ወይከዓ ኣካያዲ ስራሕ ፅገና ክምዝገብን ኣብ ሰነድ ክቕመጥን እዩ።

እቲ ተልመዴን ምቕናስ ካልእ ፍቓድ ወረቀት ዘለዎ ናይ ሞያ ሰብ ኣየስዕብን።

ቅድሚ ምዝዛም መደብ ተልመዴንነት፣ እቲ ኩባንያ እቲ ግለሰብ ብሓላፍነት ሞያተኛ ኣብቲ ኩባንያ ክፀንሕ ከም ዘለዎ ወይ ከዓ ከምዘይብሉ ይውስን። ተልመዴናት ብቀዋሚ ናይ ምቑፃር ወይ ከዓ ናይ ምብራር ምልክታ 2 ኣዋርሕ ካብ ምዝዛም ተልመዴንነቶም ኣቐዲሙ ክወሃቦም ኣለዎ። ተተግባሪ ዕለት ምብራር 4 ኣዋርሕ ድሕሪ ኣብቲ ምልክታ ዘሎ ዝተወሃበሉ ዕለት ይኸውን።

2. ኣኽብሮት ዘለዎ ናይ ስራሕ ቦታ ዓንቀፅ 31

ኣብ ግዘ እዚ ናይ ሕዚ እዋን ዘተ ውዕል፣ እቲ ማሕበር ስግኣታት ብዛዕባ ክብረት ኣብ ስራሕ ቦታ ኣብ ውሽጢ ትካል ኣልዒሉ። እቲ ኩባንያ፣ እቲ ማሕበርን እቶም ሰራሕተኛታት ኣገዳስነት ሓበራዊ ሓልዮትን ክብረትን ኣብ ስራሕ ቦታ ምህላው ብሓባር ኣፍልጦ ይህቡ።

ነዞም ዝተለዓሉ ስግኣታት ኣትኩሮት ንምሃብ፣ እቲ ኩባንያን እቲ ማሕበርን፡

- **ንጉዳያት ሓልዮትን ክብረትን ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ንምምይያጥን ኣትኩሮት ንምሃብን ሓበራዊ ኮሚቴ ይምስርቱ ብተስፋ ምርካብ ነቶም ወገናት ብሓባር ኣዕጋቢ ዝኾነ መፍትሒ፤**
- **ሕድሕድ ወገን ዝበዝሐ ሓሙሽተ (5) ኣባላት ኮሚቴ ይህልዉዎም፤**
- **ኣብ ምፅዳቕ እቲ ውዕል እቲ ኮሚቴ ብቕንዕና ብኽንዲ ዝከኣል ቀልጢፉ ወይ ከዓ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ (3) ኣዋርሕ ይራኸቡ፤**
- **እቲ ኮሚቴ ኣብ ረርብዒ ዓመት ይእከብ።**

3. RE: ከይዲ ኣብ መስመር ምልጣፍ

እቲ ኩባንያ ከይዲ ኣብ መስመር ምልጣፍ ናይ ምትግባር ተኽእሎ ኣብ ዕድመ እዚ ውዕል ክድህስስ እዩ ከምኡ እውን በቢ ዓመቱ ኣብ ኣኼባታት JLM ምስቲ ማሕበር ክዛተ እዩ።

4. RE: ሓበራዊ ናይ ስራሕ ፕሮጀክት

እቲ ኩባንያ ኣብ ስራሕ ቦታ ንምቁፃርን ምድጋፍን ኣካለ ጉድለት ዘለዎም ሰባት ሓበራዊ ናይ ስራሕ ፕሮጀክት ናይ ምምስራት ተኽእሎ ክመያየጥ ይስማዕማዕ። እቲ ዕላማ ኣካለ ጉድለት ከም ዘለዎም ዝልለዩ ሰራሕተኛታት ምቁፃር እዩ ከምኡ እውን ኣብዚ ሕዚ እዋን ምስዚ ህዝቢ ምስ ዝሰርሑ ትካላት ማሕበራዊ ግልጋሎት ምስራሕ ከማልእ ይኽእል። ምስ ኩሎም ሰራሕተኛታት ከምኡ ከም ዝኾነ፣ እቶም ወገናት ንናይ ጥዕናን ውሕስነትን ከምኡ እውን ናይ ምግቢ ውሕስነት ጠለባት ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ኣፍልጦ ይህቡ።

5. RE: ጣብያ ቀዳማይ ደረጃ ረዲኤት

እቲ ኩባንያ ንሰራሕተኛታት ኣብቲ ትካል እንከለዉ በቲ ጣብያ ቀዳማይ ደረጃ ረዲኤት ኣቢሉ ሕክምናዊ ግልጋሎትን ደገፍን ክህብ ይስማዕማዕ።

- **በቲ ጣብያ ቀዳማይ ደረጃ ረዲኤት ዝቕርቡ ግልጋሎታትን ደገፋትን ንሕክምናዊ ጉዳያት ኣብ ስራሕ ቦታ እንከለዉ ኣትኩሮት ንምሃብ ናይ መጀመርያ ነጥቢ ርክብ ክኾኑ ዝተሓሰቡ እዮም፤**

- **ብምኽንያት ናይ ሕክምና ክንክን ዘየድልዮ ምስ ስራሕ ዘይተትሓሓዘ ሕማም ካብ ስራሕ ክኸዱ ዝሓትቱ ሰራሕተኛታት ንተቆፃፃሪኦም የፍልጡ ከምኡ እውን ናብቲ ጣብያ ቀዳማይ ደረጃ ረዲኤት ምኻድ ኣየድልዮምን። እዚ ሕቶ ብቕንዕና ብኽንዲ ዝከኣል ቀልጢፉ ፍታሕ ክወሃቦ እዩ፤**

- **ምስ ስራሕ ዝተትሓሓዘ ጉድኣት ወይ ከዓ ሕማም ዘለዎም ሰራሕተኛታት ኣብቲ ጣብያ ቀዳማይ ደረጃ ረዲኤት ምርመራ ክገብሩ ኣለዎም ነገር ግን ሰራሕተኛታት ብድሕሪኡ ናይ ዓርሶም ብዓል ሞያ ሕክምና ክርእዩ ክውስኑ ይኽእሉ። ናይ ዓርሶም በዓል ሞያ ሕክምና ክርእዩ ኣብ ዝመረፁሉ ኣጋጣሚ ብዛዕባ እቲ ምርጫ ነቲ ጣብያ ቀዳማይ ደርጃ ረዲኤት ከፍልጡ ይድለ፣**

- **ሰራሕተኛታት ናብ ጣብያ ቀዳማይ ደረጃ ረዲኤት ክኸዱ ከለዉ፣ ዝኾነ ሰነድ ቅድሚ ምፍራሞም ትሕዝቶታት እቲ ዝፍርምዎ ዘለዉ ክሕበሩ እዮም። ብዝተፀሓፈ ሕቶ፣ ሰራሕተኛታት ንክፍርሙሉ ዝተጠየቁ ዝኾነ ሰነድ ይወሃቦም፤**

- **ቀዳምነት ምሃብ ክህሉ ከም ዝኽእ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ግልጋሎትን ደገፍን ብግዝያዊ መንገዲ ክቕርብ ኩሉ ፃዕሪ ክግበር እዩ፤**

- ብፅሑፍ ኣብ ዝተገለፀ ሕቶ ካብቲ ሰራሕተኛ ወይ ከዓ እቲ ሰራሕተኛ ኣብ ዘይምልሰሉ ኩነታት እንተዘይኮይኑ ሰራሕተኛታት ጣብያ ቀዳማይ ደረጃ ረዲኤት ንቆፀሮታት ምስ ናይ ሰራሕተኛ ብዓል ሞያ ሕክምና ንሰራሕተኛታት ክዕጅቡ የብሉምን፤

- እንድሕር ሓደ ሰራሕተኛ ንዝተናውሐ ግዘ ካብ ስራሕ ወፃኢ ክኾን ከም ዘለዎ ዘመልክት ናይ ሕክምና ሰነድ ኣቕሪቡ፣ እቲ ሰራሕተኛ ብዛዕባ ለውጢ ኩነታቱ ነቲ ኩባንያ ሓዱሽ ሓበሬታ እናሃበ ክፀንሕ ይድለ። ድግግም እቲ ሓዱሽ ሓበሬታ ምሃብ ብመሰረት ባህሪ በቲ በዓል ሞያ ሕክምና ዝተወሃበ ትልሚ ሕክምና ብባህሪኡ ካብ ሰሰሙኑ ክሳብ ኣብ ወርሒ ክልተ ግዝ ክዝርጋሕ ይኽእል፤

- ናይ ሕክምና መረዳእታ ብጥብቂ ሚስጥራዊ ተገይሩ ክቕመጥ ኣለዎ ከምኡ እውን ብኣድላዪነት መሰረት ጥራሕ ይካፈል። ነቲ ናይ ሰራሕተኛ ናይ ስራሕ ተልእኾ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ ከም ኣድላይነቱ ይካፈል።

6. Re: መተባብዒ መደብ ብራንደን

እቲ ኩባንያ ኣብ ወቕቲ እዚ ሓበራዊ መደራደሪ ውዕል መደብ ኣፍረያይነትን መደብ ተሳትፎን ኣብ ቦታ ከም ዝፀንሑ ይስማዕማዕ። ናይቶም መደባት ናይ ክፍሊት ተኽእሎ ካብ ናቶም ከከም ታሪኻዊ መጠኖም ዝነኣሰ ኣይኸውንን።

እቲ ኩባንያ ነዞም መደባት ዝኾነ ለውጢ ክገብር እንተደኣ ተሊሙ ኣቐዲሙ እቲ ዝርዝር ናብቲ ማሕበር የቕርብ።

7. Re: ናይ ምድሪ ቤት ቅትላ ናይ ምግብን ዕረፍትን እዋን

እቲ ኩባንያ ናይ ምድሪ ቤት ቅትላ ናይ ዕረፍቲ ግዘ ጉዳይ ዝምልከት ዝተለዓለ ስግኣታት ንምምይያጥ፣ እዞም ናይ ምግብን ናይ ዕረፍትን እዋናት ምስቲ ሓበራዊ ውዕል ከም ዝስማዕምዑ ምርግጋፅ ብዝብል ራእይ ጥሪ 31/2020 ምስቲ ማሕበር ክእከቡ እዮም።

እዚ ዕለት _____ ወርሒ _____፣2020 ዝተፈረመ።

ኣብ ክንዲ እቲ ኩባንያ:

_____
ጄይ ባሹኪ
ኣካያዲ ስራሕ ትካል

ኣብ ክንዲ እቲ ማሕበር:

_____
ጀፍ ትሬገር
UFCW ፕረዚደንት